# ምዕራፍ ሓደ
# ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት

## ነዚ ሓፈሻዊ ምዕራፍ ዝተውሃበ ክፍለ ግዘ፡- 41

## መእተዊ፡-

ኣብ ዝሓለፉ ደረጃ ክፍልታት ብዛዕባ ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ነገራት ምፍላጥ፣ ምርዳእ፣ ምግንዛብን ንዝተፈላለየ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ምፍላጦምን ብተግባር እውን እናተገልገልሎም ምንባሮም ይእመን፡ ፡ ብምኳኑ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ ብዛዕባ ከባብያዊ ነገራት ዝበለፀ ፍልጠትን ግንዛበን ካብ ምርካብም ንላዕሊ ፅባቐ ተፈጥሮ ዘድንቑ፣ ዝሕብሕቡ፣ ረብሓ ባህሎምን ሓድግታቶምን ዝርድኡን ዝሕልዉን ንክኾኑ ምግባር ትኹረት ነጥቢ እዚ ምዕራፍ እዩ፡፡

ብመሰረት እዙይ ተምሃሮ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ መሰረታዊ ነገራት ብንድፊ፣ መዝሙር፣ ስእሊ፣ ተዋስኦ፣ ኣምሲልካ ብምስራሕ ብምኽንያት ተሳትፎ ውልቀ ምንቅስቓስ ብሜላ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃራይ ተኮር ብምሕጋዝ እቲ ትምህርቲ ክመሃሩ ትፅቢት ይግበር፡፡

## ትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታት፡-

### ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ፅባቐ ተፈጥሮ ብምድናቕ ከባቢኦም ይግንዘቡ፤
- ረብሓ ባህሎምን ሓድግታቶምን ይግንዘቡ፤
- ባህሎምን ሓድግታቶምን ይሕልዉ፤
- ገፀ-መሬት ከባቢኦም እናድነቑ ብንድፍን መዝሙርን ምግላፅ ይኽእሉ፤
- ኣድላይነት ምሕላው ባህልን ሓድግን ይርድኡ፤

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ትምህርታዊ ዑደት
- ገለፃ ውሽጢ ክፍሊ
- ስራሕቲ ፕሮጀክት ውልቀን ጉጅለን
- ምይይጥ
- ተግባር ሜዳ
- ሰሪሕኻ ምርኣይ

## እታወታት ምምሃር ምስትምሃር፡-

- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ጠቐምቲ ናውቲ መሳርሒ ንድፊ፣ እርሳስ፣ ፈሓም፣
- ማይ ሕብሪ፣ ሕብራዊ እርሳስ፣
- ንስራሕቲ ስነ-ጥበብ ዘገልግሉ ናውቲ ዕንፀይቲ፣ ሸንበቆ፣
- መሳርሕታት ሙዚቃ ከበሮ፣ ክራር፣ ዕንዱር ፋፃ፣ በትሪ ረምታ ፣
- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ናውቲ ቁርፅራፅ ዕንፀይቲ፣ መቕደዲ ቆርበት፣ ክሪ፣ ሸንበቆ፣ መርፍእ፣ ሽቦ፣ ጫማ መስፈዪ ጅማትን መስፈን፣ ወዘተ፡፡

# 1.1 ገፀ-መሬት ከባቢና

ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 14

## 1.1.1 ቅርፅን ሕብርን ገፀ-መሬት ከባቢና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ቅርፂ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ይገልፁ፤
- ብዛዕባ መልክዕ ቅርፂ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ብመራሕቲ ጉጅለኦም ኣቢሎም፤ ንደቂ ክፍሎም ፀብፃብ የቕርቡ፤
- ሕብሪ ፅባቐ ወሓዝቲ ሩባታትን ኣግራባትን የድንቑ፤
- ሕብሪ ኣግራባትን ኣእዋፋትን ይገልፁ፤
- ሕብሪ ፅባቐ ኣግራባትን ቃላያትን ይዝርዝሩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጠቐምቲ ናውቲ፣
- መሳርሒታት ንድፊ /እርሳስ፣ መደምሰሲ፣ መፅረቢ/፣
- መሳርሒታት ልኽያ ሕብሪ /ማይ ሕብሪ፣ ብሩሽ፣ ከለርን ክራዮንን/፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ሙዚቃ፤፣
- ገፀ-መሬት ዘርእዩ ፎቶግራፋት፣ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ቅድሚትን ድሕሪትን ኮይኖም ሽምጢ ንሽምጢ ብምትሕሓዝ (ሰለሜ ሰለሜ) ከም ሩባ እናወሓዙ እናተጠዋወዩ ብመስርዕ ምንቅስቓስ፤

- ጠጠው ኣብ ዝበልሉ ቦታ ኮይኖም ከም ኦምን ኣግራባትን ጉንብሕ ጥልዕ እናበሉ ክንቀሳቀሱ ምግባር፤
- ብኣፎም ድምፂ ሩባን ንፋስን ከውፅኡ ምግባር፤

### ሓበሬታ ንመምህር፦


ተምሃሮ ኣብ ልዕሊ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ብዝርዝር ክፈልዩ፣ ከድንቑን ክሕብሕቡን ኢሎም'ውን ፅባቐ ገፀ-መሬት ብንድፊ፣ ሕብሪ፣ ቅርፃ ቕርፅን መዝሙርን ኣቢሎም ክገልፁ ፃዕሪ ምግባር እዩ። ገፀ-መሬት ማለት ኣቀማመጣ መሬት እንትኸውን ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ ስራሕ ሰብ ነገራት ዝርከብሉ እዩ። ተፈጥሯዊ ገፅታታት ገፀ-መሬት ከከም ኩነታት እቲ ከባቢ ዝተፈላለየ እዩ፡ ፡ ብምኽኑ'ውን ተምሃሮ ብዝረኽብዎ ፍልጠትን ግንዛበን እንታይነትን ረብሓን ገፀ-መሬት ኣቢሎም ከባቢኦም ምሕላውን ምሕብሓብን ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ተግባራት ክመሃሩ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ገፀ-መሬት ተፈጥሯዊ መልክዕን ኣቀማምጣን ሓደ ከባቢ እዩ።

ኣብ እንነብረላ መሬት ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገፀ-መሬት ማለት'ውን ብበረድን ሓሸዋን ዝተሸፈነ በረኻ፣ ኣግራብ ዝተሸፈነ፣ ከም ኣየር ፀባያትን ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዝርከቡ ተፈጥሯዊ ሃፍትታትን ዝተፈላለየ መልክዕ ኣለዎም። ሰባት ብዛዕባ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ምፍላጥን ምርዳእ ንምንባር ምቹውን ዝሰማማዕን ንምግባር ስለዝሕግዞም ተምሃሮ ኣብዚ ርእሲ ብዛዕባ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ተገንዚቦም ኣብ ረብሓ ህይወቶም ከውዕልዎ ይግባእ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

### ቅርፂ፡-

- ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ገፀ-መሬት ዝፈልጥዎ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- ካብ ፈተነ ተምሃሮ ብምብጋስ እንታይነት ምድርን ኣብ ልዕሊኡ ዘለዉ ተፈጥሯዊን ስራሕ ሰብን ነገራት ኣጣሚሩ ዝሓዘ ምስልታት ምኚኑ ብፎቶን ቅፅሪ ቤት ትምህርትን ብምርኣይ ምግንዛብ፣
- ተምሃሮ ኣቀማመጣ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ክገልፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ በብጉጅለ መዲብካ ቅርፂ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ብዝተፈላለዩ ቀለልቲ ከባቢያዊ ናውቲ ተጠቂሞም ንክሰርሑ ምንጋር። ፈለማ ግና ንስራሕ ዘድልዩ ናውቲ ከም ባኮ፣ ሽቦ፣ ወዘተ ክእክቡ ከምዘለዎም ግንዛበ ምፍጣር።



ስእሊ 1፦ ምስሊ ገፀ-መሬት ከባቢ

- ብጉጅለ ዝሰርሑዎ ስራሕ ኮለይ ኣሰራርሐኡ ምስ ኣርኣዩ ርኢቶ ክወሃቦም ብምግባር ፅቡቕ ንዝሰርሑ ምትብባዕ። ነቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ቀፃሊ ዝሓሸ ነገራት ሰሪሖም ንክመፁ ምንጋር፤

### ሕብሪ፡-

- ተምሃሮ ምስሊ ከባቢኦም ብኣንፃር ቅርፂ ካብ ዝሓለፉ ትምህርቶም ምግንዛቦምን ክእለት ቅርፂ ምቕራፅ ምዕባዮምን ብመልክዕ እያሞ ብምዝኽኻር ኣብዚ ትምህርቲ ድማ ከባቢኦም ብኣንፃር ሕብሪ ዝግንዘብሉን ክእለት ልኽያ ሕብሪ ዘዕብዩሉን ምኚኑ ምግንዛብ፤
- ገፀ-መሬት ከባቢኦም ብኣንፃር ሕብሪ ንክገልፁ ዕድል ምሃብ፤
- ተምሃሮ ፈተነ ድሕሪ ምግባሮም ብኣንፃር ሕብሪ ኣብ ገፀ-መሬት ከባቢ ዝተፈላለዩ ተፈጥሯዊን ስራሕ ሰብ ሕብርታት ምህላዎምን ብፍላይ ድማ ተፈጥሯዊ ዝኾኑ ብጣዕሚ ሰሓብቲ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ብንድፌ ንክስእሉ ምግባር፤



ስእሊ 2፦ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝተሰርሐ ምስሊ ገፀ-መሬት ከባቢ

- ብንድፌ ዝተሰርሐ ምስሊ ገፀ-መሬት ዝምልከት ኣብ ልኽያ ሕብሪ ዝተምሃርዎ ዘኪሮም ለኽዮም ንክርእዩ ምግባር፤
- ካብቶም ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝሓሹ ብምምራፅ ምትብባዕን ካልኦት'ዉን ኣብ ቀፃሊ ብዝበለፀ

ንክሰርሑ ድጋፍ ምግባርን፤

ኣገባብ ገምጋም፦

- ተፈጥሯዊ ዕባቐ ገፀ-መሬት ከባቢኦም ብቅርፅን ሕብርን ፈልዮም ምፍላጦም ብሕቶን መልስን ምርግጋፅ፣
- ኣብ እዋን ዑደት ሓምለዋይ ቦታ፣ ጥውይዋይ መንገድን ሰጣሕ ጎልጎልን ወዘተ ምርኣዮም ብጉጅለኦም ኣቢሎም ፀብፃብ ከቕርቡ ምኽኣሎም ብምድማፅ ምርግጋፅ፤
- ዝረኣዩዎ ገፀ-መሬት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ኣምሲሎም ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ፤

## 1.1.2 መዝሙር ብዛዕባ ተፈጥሯዊ ከባቢና

### ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 7

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ዝረኣይዎ ዕባቐ ተፈጥሮ ከባቢኦም ብመዝሙርን ምንቅስቓስን ይገልፁ፤
- ብዛዕባ ዕባቐ ገፀ-መሬት የድንቑ፤
- እቲ መዝሙር ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ብካሴት ዝተቐረፀ ዜማ መዝሙር፣
- ሲዲ፣ ፍሌሽ፣ ቴፕ ሪከርደር፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ ንኣብነት ከበሮ፣ ሪትም ስቲክ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦፡-

- ተምሃሮ ብዛዕባ ዕባቐ ተፈጥሮ ዝገልፁ መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር፤
- ምስሊ ምንቅስቓስ ተኽልታት ብኣካል ብምንቅስቓስ ከርእዩ ምግባር፤

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

ወድ ሰብ ብተፈጥሮ ስምዒቱ ካብ ዝገልፀሎም ሓደ መዝሙር እዩ፡፡ መዝሙር ብሙዚቃ ካብ ዝግለፁ ሓደ እንትኽውን ግጥምን ዜማን ብምውሃድን ብዝግባእ መንገዲ ብምጥዕዓምን ይዳሎ፡፡ መዝሙር ንምምሃር ምስትምሃር፣ ንእምነት፣ ንምድናቕ፣ ንምምስጋን፣ ንመነቓቕሕን መግለፅን ዝተፈላለዩ ድልየታት ከገልግል ይኽእል እዩ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዘስተውዕልዎም ተፈጥሯዊ ነገራት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ብዛዕባ ሓምለዋይ ተፈጥሮ ዕባቐ ከባቢኦም ዝገልፁ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝፈልጡ እንተኮይኖም ንክገልፁ ዕድል ምሃብ፣
- ብዛዕባ ዕባቐ ተፈጥሮ መዝሙራትን ዜማታትን ዝኽእልዎ ከቕርቡ ምግባር፣
- ብምኽፃል ብዛዕባ ዕባቐ ገፀ-መሬት፣ ሓምለዋይነት፣ ተፈጥሮ፣ ዝገልፁ መዝሙራት ከዳልዉ በብጉጅለ ምሃብ፣
- በብጉጅለ ኣዳልዮም ዘምፅእዎም መዝሙራት ብሓባር ክዝምሩ ምግባርን ዝበለፀ ስራሕ ሓርዮም ክለማመዱ ምግባርን፣
- ዝተለማመድዎ መዝሙር በብተራ እናወፁ ከቕርቡ ብምግባር ምትብባዕ፡፡
- ኣብ ዝቐረቡ ስራሕቲ ጉጅለ ተምሃሮ ሓሳቦም ክህቡ ምግባር፣

- ዝበለፀ ስራሕ ዝሰርሐ ጉጅለ ብምምስጋን ነቲ ቀፂሉ ቀሪቡ ዘሎ ግጥሚ መዝሙር ብምሃብ ብናይ ባዕሎም ዜማ ተዳልዮም ንከቕርቡ ምትብባዕ፡፡

## መዝሙር፡- ከባቢና

ንላለ ምስ ከባቢና ንላለ ምስ ከባቢና
ንመሃር ንረዳእ ንርኣይ ኣፀቢቕና
 ብተፈጥሮ ጉዳይ ዝፀንሑ ካብ ቀደም
 ንክንጥቀመሎም ሰብ ብኢዱ ዝሰርሖም
ዘለዉ ነገራት ኣብዚ ከባቢና
ክንሪኦም ይግባእ ኣብ ክልተ ኸፊልና
 ሂወት ዘለዎም ምስ ሂወት ዘይብሎም
 ኣብ ቀንዲ ክፍልታት ብኽልተ ንመቕሎም፡፡
ሂወት ካብ ዘለዎም ዝኾኑ ኣብነት
እንስሳት ዘገዳም ወይ እንስሳት ዘቤት
 ኣብነት ዝኾኑ ካብ ሂወት ዘይብሎም
 ብርሃን፣ ድምፂ፣ እምኒ፣ ፈሳሲ፣ ጋዝ ንብሎም፡፡
ክዓብዩ ዝኽእሉ ወይ ዝንቀሳቐሱ
ዝሓሙ ዝሞቱ እቶም ዘተንፍሱ
 ፀባያት ባህሪኦም ብንፁር ሪኢና
 ሂወት ከምዘለዎም ክንርዳእ ኣለና
ክዓብዩ ዘይኽእሉ ዘይንቀሳቐሱ
ዘይሓሙ ዘይሞቱ እቶም ዘይትንፍሱ
 ፀባያት ባህሪኦም ብንፁር ሪኢና
 ሂወት ከምዘይብሎም ክንርዳእ ኣሎና፡፡

**መዝሙር ክልተ፡-** መምህር ብናይ ባዕልኹም ምህዞ "ተፈጥሮ ከባቢ" ዝምልከት ኣቐዲምኩም ግጥምን ዜማን ኣዳልዉ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ሰሌዳ ክፀሓፍ ምግባር፣
- ብምቕፃል ተምሃሮ ግጥሚ እቲ መዝሙር ሓደ ብሓደ ከንብቡ ምግባር፣
- ዝተዳለወ ዜማ እቲ መዝሙር ክሰምዑ ምግባር፣
- ዝተዳለወ መዝሙር ብምስማዕ ንክዝምሩ ምግባ፣
- ተምሃሮ ዜማ እቲ መዝሙር ምስተለማመዱ ባዕልቶም ንክለማመዱ ምግባር፣
- ነቲ መዝሙር ብግቡእ ምስ ተለማመዱ ብምንቅስቓስ ተሰንዮም ክዝምሩ ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብዛዕባ ኣቀማምጣ ምድርን ፅባቐ ተፈጥሮን ዝገልፁ መዝሙራት ምዝማሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ተምሃሮ ብምንቅስቓሶም ሕጉሳት ምኳኖም ምርግጋፅ፡፡
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ምርድኦም ብቃል ሕቶ ምርግጋፅ፡፡

# 1.2. ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኣዕዋፍ

ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 12

## 1.2.1. ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ድምፂ፣ ምንቅስቓሳትን ምስልን ኣዕዋፍ ኣምሲልካ ምስራሕ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 6

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ተፈጥሯዊ ፅባቐን ሕብርን ኣዕዋፍ ብስእሊ ይገልፁ፤
- ካብ ሓመድን ቆፅላመፅልን ሕብሪ ብምድላው ንድፊ ኣዕዋፍ ብምስኣል ሕብሪ ይለኽዩ፤
- ድምፅን ምንቅስቓስን ኣዕዋፍ ኣምሲሎም ይሰርሑ፤
- ብዛዕባ ኣዕዋፍ ዝገልፅ መዝሙር ይዝምሩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- እርሳስ፣
- ፈሓም ስእሊ (ቻርኮል)፣
- ማይ ሕብሪ፣
- ከለር፣
- ከበሮ፣
- ውቅዒት በትሪ /ሪትምስቲክ/፣
- መዝሙር፣ ደርፍን ድምፅን ዝተቐረፀሉ ካሴት፣ ሲዲ፣ ፍላሽ፣
- ቴፕ ሪከርደር፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

- ቅድሚ ሕዚ ብዛዕባ ኣዕዋፍ ዝፈልጥዎም ፀዋታታት፣ መዝሙራት፣ ወይ ደርፍታት ክስምዑ ዕድል ምሃብ፤

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለየ ዓሌት ዘለዎም ኣዕዋፍ ኣብ ከባቢና ኣለዉ። ከም በዝሑም ዓይነቶምን ሕብሮምን ድማ ይፈላለዩ እዮም። ፀሊም፣ ፃዕዳ፣ ሰማያዊ፣ ብጫ፣ ቆፃል ወዘተ ሕብሪ ኣለዎም። ኣብዝሓ ብቅርፆም ተመሳሰልቲ እዮም። ኣዕዋፍ ኣዝርእትን ፍረምረን ይምገቡ። ሰፈሮም ሳዕሪ ብምእካብ ይሰርሑ። ኣብዝሓ ግዜ ሰፈሮም ኣብ ኦም ጎጆ ይሰርሑ። ኣዕዋፍ እንቁላሊሕ ብምውዳቕ ይራብሑ። ኣዕዋፍ ብመንፈሮም ኣቢሎም ኣብ ኣየር ይበሩ። ኣዕዋፍ ስም ኣለዎም። ንኣብነት ለኚኹቶ (መንካዕ)፣ ዒፍ መስቀል፣ ርግቢትን ደርሆ ማይን ወዘተ ተባሂሎም ይፅውዑ። ብፍላይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ካብ ዝፍለጡ ኣዕዋፍ ውሽጢ ብዛዕባ ርግቢት ምምሃር ጠቓሚ እዩ። ርግቢት ብሰኣላይ ፓብሎ ፒካሶ ምልክት ሰላም ዝተሰየመት ምኟና ይፍለጥ። ስለዚ ንመድመቒ ዓበይቲ በዓላትን ሰላምን ርግቢት ናብ ሰማይ ይስደዳ፡ ፡ ስነ-ስርዓት መርዓ ኣብ ምድማቕ እውን ዓብዪ ግደ ኣለወን።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዓይነታት ኣዕዋፍ ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ። ነየናት ከምዝፈትዉ ሕቶታት ምሕታትን ምኽንያቶም ምድማፅን፣
- ብዛዕባ ሕብሪ፣ ቅርፂ፣ ኣመጋግባ፣ ድምፅን ምንቅስቓስን ዝዘርዘርዎም ኣዕዋፍ ብጉጅለ ምስ

ተመያየጡ ዝበፅሕዎ ምርድዳእ ብመራሕቲ ጉጅለኦም ኣቢሎም ንደቂ ክፍሎም ፀብፃብ ከቕርቡ ምግባር፣

- ተምሃሮ ኣብ ዝቐረበ ፀብፃብ ርኢቶ ክህቡ ምግባር፣
- ተምሃሮ ብዝበለፀ ግንዛበኦም ንምስፋሕ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኣዕዋፍ ዝርከብሉ ቦታ ወይ ፓርክ ዑደት ንክገብሩ ትምህርታዊ ጉዕዞ ብምድላውን ንምርኣይ ምችው ዝኾነ ቦታ ብምምራፅን ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብተግባር ከረጋግፁ ምግባር፣



ስእሊ.5፦ ንድፊ ምስሊ ዒፍ

- ዓይነት፣ ሕብርን መጠንን ኣብ እዋን ዑደት ዝረኣይዎም ኣዕዋፍ ብምዝካር ኣብ ምይይጥ ምስ ዘልዓልዎም ነገራት ንክነፃፅሩ ምግባር፣
- ዑደት ካብ ዝገበርሉ ከባቢ ሕብሪ ንምድላው ዝሕግዙ ቆፅላ መፅልን ሓመድን ወዘተ ብምእካብ ክሕዙ ምግባር፣
- ብምቕፃል ኣብ እዋን ዑደት ዝረኣይዎምን ዘስተውዐልዎምን ዓይነታት ኣዕዋፍ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ንክሰርሑ ምግባር፣
- ንድፊ ክፍሊ ኣካላት ኣዕዋፍ ዝኾኑ ርእሲ፣ ክሳድ፣ እግሪ፣ ጭራ፣ ኣፍን ዓይንን ምድላዉ፣
- ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ዝደልይዎ ዓይነት ንድፊ ዒፍ ሕብሪ ብምልኻይ ምዝዛም ከምዝኾነ ተምሃሮ ክግንዘቡ ምግባር፣



ስእሊ 6፦ ብልኸያ ሕብሪ ዝተሰርሐ ምስሊ ዒፍ

- ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጠ መግለፂ ኣሰራርሓ ስእሊ ክሰርሑ ብምግባር እናተኸታተልካ ምትብባዕን ሓገዝ ምግባርን፣
- ብፅቡቕ ኩነታት ዝተሰርሑ ምስ ተምሃሮ ብሓባር ኮይንኻ ብምምራፅ ተምሃሮ ክርእዩዎ ብምግባር ኣብ ቀፃሊ ንዝበለፀ ስራሕ ክለዓዐሉ ምግባርን ምስሊ ኣዕዋፍ ሰሪሖም ክመፅኡ ዕዮ ገዛ ምሃብን፣
- ሰሪሖም ዘምፅእዎ ምስሊ ብኸመይ ከም ዝሰርሕዎ፣ ዝተጠቐምዎም ቀለልቲ ኣቓሑትን ኣሰራርሕኦምን ንደቂ ክፍሎም ሓደ ብሓደ ከረድኡ ዕድል ብምሃብ ንተምሃሮ ምትብባዕ፣
- ንኣብነት ርግቢት መሲሎም ክፃወቱ ምግባር፣
- ርግቢታት ድምፆም ንከስምዑ ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ብምስትውዓል ብምንቅስቓስ ሰሪሖም ክርእዩ ምግባር፣



ስእሊ 7፦ ምንቅስቓስ ኣዕዋፍ

- ምስ ኣዕዋፍ ዝተሓሓዙ ግጥምታትን ዜማታትን ብጉጅለ ብምኳን ኣዳልዮም ክቐርቡ ምግባር፣
- ብዛዕባ ኣዕዋፍ ዝተዳለዉ መዝሙራት ኣዕኒዖም ክዝምሩን ምስ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ክፃወቱን ኩነታት ምምችቻው፡፡

## 1.2.2 መዝሙር ኣዕዋፍ፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 6

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ሰሌዳ ብምፅሓፍ ክፅሕፉ ምግባር፣
- ግጥሚ እቲ መዝሙር  እንትንበብ ክዳምፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ ግጥሚ እቲ መዝሙር ሓደ ብሓደ ክንብቡ ምግባር፣
- መልእኽቲ እቲ መዝሙር ክገልፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምምዳብ ዜማ እቲ መዝሙር ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ፣
- ብጉጅለ ዝሰርሕዎ ዜማ እቲ መዝሙር ኣብ ክፍሊ ሓደ ብሓደ ክቐርቡ ምምችቻው፣
- ነቲ ብጉጅለ ዝቐረበ መዝሙር ተምሃሮ ሓሳብ ክህብሉ ዕድል ምሃብ፣
- ብምቕፃል ብመምህር ዝተዳለወ ዜማ ክሰምዑ ምግባር፣
- ተምሃሮ ካብ መምህሮም ዝሰምዕዎ ዜማ መሊሶም ክሰምዑ ምግባር፣
- ነቲ መዝሙር ተለላ ብተለላ ተጠቒሞም ክለማመዱ ምግባር፣
- ነቲ መዝሙር ምስተለማመዱ ዓርሶም ክኢሎም ምስ ውቅዒት መሳርሒ ሙዚቃን ጣቕዒትን ብምውህሃድ ምልምማድ፡፡



ምስሊ 8፦ ምስሊ ዝተፈላለዩ ኣዕዋፍ

### መዝሙር፡- ኣዕዋፍ ሰማይ

ኣዕዋፍ ሰማይ ፅቡቓት
መን ይህበክን ምግብኽን
ንገራና በጃኽን
ክንፈልጦ እቲ ናብራኽን

ኣምላኽና እዩ ዝህበና
ዕለታዊ ምግብና፡፡ /2 ግዘ/

ሓረስታይ ናብ ማሕረሱ
ክኸይድ ተበጊሱ

ህፃናት ንዑ ንዑ
መዝሙር ኣዕዋፍ ክትሰምዑ፡፡ /2 ግዘ/

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዓይነታት ኣዕዋፍ ምዝርዛሮም ብሕቶ ምርግጋፅ፡፡
- ብዛዕባ ኣዕዋፍ ዝገልፅ መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ምዝማሮም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ኣቑፅልትን ሓመድን ተፈጥሯዊ ሕብርታት ምድላዎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ኣዕዋፍ ዝምልከት ግጥሚ፣ ዜማን መዝሙርን ምድላዎም ምርግጋፅ፡፡
- ዝተወሰነ ድምፅን ምንቅስቓስን ኣዕዋፍ ኣምሲሎም ምስርሖም ምርግጋፅ፡፡
- ብዛዕባ ኣዕዋፍ ዝተዳለወ መዝሙር ምዝማሮም ምርግጋፅ፡፡

## 1.3. ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ነገራት ተጠቂምካ መሳርሕታት ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ምድላው

### ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፡- 14

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ናውቲ ንዝተፈላለየ ተግባራት ምውዓል ከምዝከኣል ይገልፁ፤
- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ይሰርሑ፤
- ከባቢኦም ዝተፈላለየ ፈጠራዊ ስራሕቲ  ንምስራሕ ዘኽእል ምኽኑ ተገንዚቦም የድንቑ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦**

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ጠቓምቲ ናውቲ፣
- ሞዴል፣ ስእልታት፣ ፎቶ ግራፋት፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ፣ወዘተ፡፡

**መነቓቕሒ፦ ፡-**

ቅድሚ ሕዚ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ናውቲ ብተምሃሮ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ምርኣይ

**ሓበሬታ ንመምህር፡-**

ኣብ ፋብሪካ ዝተሰርሑ ንስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን መምሃሪ ሓገዛት ዘገልግሉ ናውቲ ብቐሊሉ ክርከቡ ዘይኽእሉን ዋግኦም'ውን ኣዝዩ ክባር ዝኾኑ ንምጥቃም መፀገሚ እናኾነ ይርከብ፡፡ ስለዚ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ተፈጥሯውን ስራሕ ሰብን ናውቲ ተጠቂሞም ዝተፈላለዩ መምሃሪ ሓገዛት ምድላው ይኽእሉ እዮም፡፡ መምህራን እውን  ዕድመን ደረጃ ክፍልን ተምሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ብጉጅለ ብምምዳብ ኣደላልዋ መምሃሪ ሓገዛት ኣመልኪቱ ኩነታት ከመቻቸዉ ኣለዎም፡፡ ብተወሳኺ መምሃሪ ሓገዛት ንምድላው ፈለማ ክእለት ፈጠራ ተምሃሮ ንክዓቢ በቲ መሳርሒ ኣቢልካ ጭቡጥ ዝኾነ ትምህርቲ ንምምሕላፍ ከባቢያዊን ተፈጥሯዊን ናውቲ ብኣግባቡ ንምጥቃም ከምዘኽእል ክፍለጥ ኣለዎ፡፡

**ኣገባብ ኣመሃህራ፦**

ካብ ከባቢ ናውቲ ዝዳለዉ ንስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን መምሃሪ ሓገዝ ንምድላው ዘድልዩ ናውቲ ፈሊጥካ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ከመይን ካብ ምንታይን ከም ዝስርሑ ብዝርዝር ክንርኢ ይግባእ፡፡

- ውቅዒት በትሪ (ሪትም ስቲክ)
- ኣሰራርሓ  ዕንዱር ፋፃ /ሸንበቆ/
- ኣሰራርሓ ከበሮ

- ኣሰራርሓ ክራር
- ኣሰራርሓ ዝተፈላለዩ ሞዴል ንድፊ ገዛ፣ መኪናን ብስክሌትን

## ኣሰራርሓ ውቅዒት በትሪ /ሪትም ስቲክ/፡-

- ውቅዒት በትሪ /ሪትም ስቲክ/ እንታይ ዓይነት መሳርሒ ሙዚቃ ምዃኑ ምሕታት፣
- ውቅዒት በትሪ ካብ ምንታይ ከምዝስራሕ ካብ ተሞክሮኦም ዘድልዩ ናውቲ ክዝርዝሩ ምግባር፣

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ብዓል ክልተ ሳንቲ ሜትር ርጉድን ካብ 20-30 ሳ.ሜ ንውሓትን ዘለዎ ክቢ ዕንፀይቲ መቑረፂ፣
- ብርጭቆ ወረቀት፤ወዘተ፡፡

## ኣሰራርሓ፡-

ውቅዒት በትሪ ንምስራሕ በዓል ክልተ ሳንቲ ሜትር ርጉዲ ዘለዎ ዕንፀይቲ ብ30 ሳንቲ ሜትር ንውሓት ብምቑራፅን ብብርጭቆ ወረቐት ብምፍሕፋሕን ፅምዲ ውቅዒት በትሪ ብፅምዲ ኮይኖም ክሰርሑ ይግባእ፡፡

## ኣጠቓቕማ፡-

- ውቅዒት በትሪ ፅምዲ በትሪ ኮይኖም ብምግጫው ዝደለኻዮ ድምፂ ምርካብ ይከኣል፡፡
- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ብምጥቃም መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ብውልቀን ብጉጅለን ሰሪሖም ክመፁ ምግባር፡፡
- ቅድሚ ሕዚ ዝተሰርሐ ውቅዒት በትሪ ኣመሓይሾምን ብሕብሪ ለኺዮምን ክሰርሑ ምግባር፡፡
- ኣብ ክፍሊ ግዘ መዝሙር መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ምስ ቅልጣፈ እቲ መዝሙር ኣጠዓዒሞም ምስ ጣቕዒት ብምውህሃድ ክሰርሑ ምሕጋዝ፡፡



ምስሊ 9፦ ውቅዒት በትሪ /ሪትምስቲክ/

## ኣሰራርሓ ዕንዱር ፋፃ፡-

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝፈልጥዎም መሳርሕታት ንፋስ ሙዚቃ ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፤
- ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ ዕንዱር ፋፃ ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ እንታይ እንታይ ምዃኖም ብጉጅለ ክመያየጡ ምግባር፤
- ኣብቲ ምይይጥ ዝተረኸበ ሓሳብ ብመራሕቲ ጉጅለ ከቕርቡ ምግባር፤
- ሞዴል መሳርሒት ንፋስ ሙዚቃ ዕንዱር ፋፃ ምርኣይ፤
- ዕንዱር ፋፃ ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ናውቲ ዝስራሕ ምዃኑ፣ ብዛዕባ ኣሰራርሕኡን ኣፀዋውትኡን ብቅደም ሰዓብ ምግላፅ፡፡

## ዕንዱር ፋፃ ንምስራሕ ዘድልዩ ነገራት፡-

- ሸንበቆ ወይ ኣርቃይ፣
- ቱቦ ማይ ቡንባ፣
- ውሽጡ ነዃል ዝኾነ ፕላስቲክ ቱቦ፣ ወዘተ፡፡

## ኣሰራርሓ፡-

- ማእኸላይ ንውሓት ዘለዎ ሸንበቆ ቆሪፅካ ውሽጡ ምስተኀርኀሐ ኣርባዕተ ነኳላት ይስርሐሉ፤
- ኣፀዋውትኡ ብኣፍና ኣየር ብምንፋሕን ነቶም ኣርባዕተ ነኳላት ብኣፃብዕትና ክፍት ዕፅው ብምባልን ድምፂ ክወፅእ ምግባር እዩ፡
- ቀደም ሸንበቆ ብጓሶት እንትፃወትሉ ጥራሕ ዝፍለጥ ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ እንትኸውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ምርኢት ዝተፈላለዩ ባህላዊ ጉጅለታት ምስ ዝተፈላለዩ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ተወሃሂዱ ኣብ ረብሓ እናወዓለ ይርከብ፤
- ዕንዱር ፋፃ በይንኻ ንምፅዋት፣ ስምዒት ህዝቢ ንምልዕዓል፣ ፈኸራ፣ ደርፍታት ፍቕርን ወዘተ ምቹው ዝኾነን ብቐሊሉ ቀልቢ ሰማዒ ዝስሕብን እዩ፡፡ ስለዚ ተምሃሮ ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ሰሪሖም ዘምፅእዎ ዕንዱር ፋፃ ክፃወቱ ምግባር፡፡



ምስሊ 10፦ ዕንዱር ፋፃ

## ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሰራርሓ ክበሮ፡-

- ፈለማ ተምሃሮ ካብ ዘለዎም ልምዲ ተበጊሶም ባህላዊ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ዝበሃሉ ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ካብ ልምድን ተሞክሮን ተምሃሮ ብምብጋስ ዓይነታትን ኣፀዋውታን ባህላዊ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ምብርህራህ፣
- ክበሮ ኣብዝሓ ማሕበረሰብና ካብ ዝጥቀመሎም ባህላዊ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ሓደ ምኳኑ ክፈልጡ ምግባር፣
- ሞዴል ወይ ምስሊ መሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ክበሮ ክሪኡ ምግባር፤
- ሜላ ኣሰራርሓ እዚ መሳርሒ ሙዚቃ ከከም ከባቢኡ ዝፈላለ ዋላኳ እንተኾነ ኣፀዋውትኡ ግና ሓደ ምኳኑ ምግላፅ፣
- ተምሃሮ ብዛዕባ ክበሮ ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ በብጉጅለኦም ኮይኖም ክመያየጡ ምግባር፣
- ካብቲ ምይይጥ ዝረኸብዎ ሓሳብ ሓደ ብሓደ ክገልፁ ምግባር፣
- ክበሮ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ናውቲ ከመይ ከም ዝስራሕ ብቅደም ሰዓብ ምግላፅ፡፡

## ክበሮ ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ፡-


- በዓል ሓደ ጋሎን ቆርቆሮ ሕብሪ ወይ ቀለም /ሕብሪ/፣
- ቆርበት ብዕራይ፣
- ንቆርበት መፍሓቕ ዘገልግል ካራ፣ወዘተ፡፡

## ኣሰራርሓ፡-


- እቲ ቆርበት ንክልተ መዓልቲ ኣብ ማይ ብምእላኽ ክርሕስ ምግባርን ምፍሓቕን፤
- ቆርበት ምስ ረሓሰ ወሰን ወሰኑ ምስቲ ገረወይናይ ክእሰር ምግባር፤
- ኣብቲ ወሰን ወሰን እቲ ቆርበት ነኳላት ምስራሕ፤
- በቶም ነኳላት ኣማሓላሊፍካ ምእሳር፤

## ኣፀዋውትኡ፡-

- ከበሮ ብኢድ ወይ ብበትሪ ምውቃዕ ይከኣል፤
- ተምሃሮ በብጉጅለ መዲብካ ዝተዳለወ ከበሮ ኣብ መዝሙራትን ደርፍታትን ንክጥቀሙ ምትብባዕ፡፡



*ምስሊ 11፦ ከበሮ /ዓብዩ/*



*ንኡሽተይ ከበሮ /ኣታሞ/*

## ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሰራርሓ ክራር ፡-

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝፈልጥዎም ባህላዊ ናይ ክሪ መሳርሕታት ሙዚቃ ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ባህላዊ መሳርሒ ሙዚቃ ክራር ንምስራሕ ዘድልዩ ነገራትን ኣሰራርሕኡን ብጉጅለ ብምምዳብ ክመያየጡ ምግባር፤
- ተምሃሮ ካብቲ ምይይጥ ዝረኸብዎ ሓሳብ ብወከልቶም ኣቢሎም ኣብ ክፍሊ ከቕርቡ ምግባር፤
- መርኣያ /ሞዴል/ መሳርሒ ሙዚቃ ክራር ክሪኡ ምግባር፡፡

## ክራር ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ፡-

- ዝተፈላለየ ቅርፂ ዘለዎም ዕንፀይቲ፤
- ዓሚዩቕ ሽሓነ 'ኮምፔርሳቶ'፣
- ኣንጋረ በጊዕ፣ ሰስሕ ወይ ጤል፣
- ጅማት፣ ፕላስቲክ፣ ክርታት ጎማ፣ወዘተ፡፡

## ኣሰራርሓ ክፍልታት ክራር፡-

- ፈለማ ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሑ ክልተ ዓንድታት ምድላው፣
- ብምቕፃል ንመቓነዪ መቕመጢ ዝኸውን ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሐ ባላ ዝመስል ምድላው፡፡ መቓነዪ ነቶም ክርታት ገቲሩ ብምሓዝ ብምጥባቕን ምልሕላሕን ዝተደለየ ድምፂ ንምርካብ ይጠቅም፣
- ብርኩማ ካብ ፀፊሕ ዕንፀይቲ ዝዳለው ነቶም ክርታት ገቲሩ ንምሓዝ ዝሕግዝ እዩ፣
- ሳንዱቕ ድምፂ ካብ ዓሚዩቕ ሽሓነ፣ ኮምፔርሳቶ ወዘተ ዝስራሕ ኮይኑ ብኣንጋረ ጤል ወይ በጊዕ ዝሸፈን እዩ፡፡

ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኣሰራርሓ ክፍልታት ክራር መሰረት ብምግባር ክራር ንምስራሕ ዘድልዩ ነገራት ብምድላውን ብምግጣምን ኣብ ታሕቲ ዘሎ ምስሊ ክራር በብጉጅለኦም ክሰርሑ ምትብባዕ፡፡



*ምስሊ 12፦ ክራር*

## ኣወቓቕዓ /ኣፀዋውታ/ ክራር፡-

ክራር ኣፃብዕቲ ብምድርዳር ወይ ብምትንካፍ ዝፅወት መሳርሒ ሙዚቃ እንትኸውን ተምሃሮ ብተግባር ንክፍትኑ ምትብባዕ፡፡

## ዝተፈላለዩ ሞዴላትን ንድፍታትን ገዛ፣ መኪናን ብስክሌትን

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ንድፍታት ምስራሕ ከምዝኽእሉ ብምግላፅ ንድፍን ሞዴልን ገዛ፣ መኪናን ብስክሌትን ከመይን ካብ ምንታይን ከምዝስራሕን ክገልፁ ዕድል ምሃብ፡፡
- ተምሃሮ ካብ ተሞክሮኦም ብምልዓል ንኽገልፁ ምግባር፡፡
- ካብ መልሲ ተምሃሮ ብምብጋስ ካብ ሽቦ፣ ዕንፀይቲ፣ ጎማ፣ ቱቦ ማይ፣ ባኮ ረጕድ ወረቐት፣ መጣበቕን ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ናውቲ ተጠቒሞም ሞዴላትን ንድፍታትን ምስራሕ ከምዝከኣል ምግላፅ፡፡

## ኣሰራርሓ፡-

ዝተፈላለዩ ነገራት ብሓደ ንድፊ ብምጥቃም ወይ ብሓደ ዓይነት ኣቕሓ ጥራሕ ሓደ ስራሕ ምስራሕ ከምዝከኣል ምግንዛብ፡፡



*ምስሊ 13፡- ብሓደ ዓይነት ኣቕሓ ዝተሰርሐ ሞዴል ንድፊ*

- ተምሃሮ ንመስርሒ ዝተፈላለዩ ንድፍታት ዘገልግሉ ናውቲ ክእክቡ ምግባር፡፡
- ዝኣከብዎም ናውቲ ብጉጅለ ብምምዳብ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ግዘ ንድፍን ሞዴልን ገዛ፣ መኪናን ብስክሌትን ክሰርሑ ዕዮ ክፍልን ገዛን ምሃብ፡፡
- ኣብ ሕድ ሕድ ስራሕ ዝበለፀ ንድፍን ሞዴልን ብምሕራይ ምትብባዕ፡፡
- ንስራሕቲ ተምሃሮ ርኢቶ ክወሃቦ ብምግባር ክእለቶምን ሓሳቦምን ብነፃ ናይ ምግላፅ ልምዲ ከዕብዩ ምግባር፡፡









*ምስሊ 14፡- ካብ ሓደ ዓይነት ናውቲ ንላዕሊ ዝተሰርሑ ሞዴላትን ንድፍታትን*

ኣገባብ ገምጋም፦

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ንስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ንምስራሕ ዘገልግሉ ነገራት ክዝርዝሩን ምግባር፣
- ክንደይ ዓይነት መሳርሕታት ሙዚቃ ከም ዝሰርሑን ግልጋሎቶም እንታይ ከምዝኾነ ብምሕታትን ዝሰርሕዎ ብምርኣይን ምርግጋፅ፣
- ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝውዕሉ ብሕቶን መልስን ምርግጋፅ፣
- ኣብ ከባቢኦም ብዝርከቡ ነገራት ዝተፈላለየ ንድፊ ምስራሕ ምኽኣሎም ዝሰርሕዎ ብምርኣይ ምርግጋፅ፣

## መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

ኣብዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ብዛዕባ ቅርፅን ሕብርን ገፀ-መሬት ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣዕዋፍን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ንስእሊ፣ ንድፍን ምንቅስቓስን ምስ መዝሙር እናወሃሀዱ ኣብ እዋን ትምህርቲ ኤስቴቲክስ ኣእምሮኦም ክህደስሉን ከማዕብሉን ከምኡ እውን ግንዛበ ክህልዎምን ተገይሩ ዝተሰርሐን ዝተዳለወን ስለዝኾነ ቀንዲ ቀንዲ ሓሳባት እቲ ትምህርቲ ብምድጋም ምጥቓላል ኣድላዪ እዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ሓደ

I. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክለኛ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ኣኽብቡ፡፡

1. ካብዞም ዝስዕቡ ዓሌት ኣዕዋፍ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ደርሆ ለ. በጊዕ ሐ. ኣሞራ መ. ርግቢት ረ. መልሲ የለን

2. ኣካል ከባቢ ገፀ-መሬት ዝኾነ ፍለይ፡፡

   ሀ. ኣንበሳ ለ. ማንቲለ ሐ. ጎቦ መ. ሩባ ሰ.ሐ ን መን

3. ኣዕዋፍ ካብ ካልኦት እንስሳት ዝፍለያ ብምንታይ እዩ?

   ሀ.ስጋ ስለዘይበልዓ ለ. ብሰማይ ስለዝበራ ሐ. ጥረ ጥራሕ ስለዝምገባ

II. ሓቂ ወይም ጌጋ ብምባል መልስ (ሲ)፡፡

1. ገፀ-መሬት ማለት ጎቦታትን ሓምለዋይ ምድርን ጥራሕ ከምዝኾነ ይፍለጥ፡፡
2. ካብ ኩለን ኣዕዋፍ እታ ዝዓበየት ርግቢት እያ፡፡
3. ንገፀ-መሬት ብንድፊ፣ ልኽያ ሕብርን መዝሙርን ምግላፅ ይከኣል እዩ፡፡

III. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡

1. ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት ተጠቒምና ክንሰርሖም እንኽእል ኣርባዕተ መሳርሕታት ሙዚቃ ፀሓፉ፡፡
2. ንድፊ ክልተ መሳርሕታት ሙዚቃ ብምስራሕ ሕብሪ ለኺኹም ኣርእዩ፡፡

## መልሲ፡-

ምረፅ፡፡

1- ለ 2. ሐ 3. ለ

ሓቂ ወይ ጌጋ፡፡

1.ጌጋ 2. ጌጋ 3. ሓቂ

ሓጺር መልሲ፡፡

1. ከበሮ፣ ዕንዱር ሩፃ፣ ውቅዒት በትርን ክራርን፡፡
2. ከከም ክእለቶም ዝሰርሕዎ መልሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ
# ባህልን ሓድግን

## ነዚ ሓፈሻዊ ርእሲ ዝተውሃበ ክፍለ ግዜ፦ 27

## መእተዊ፡-

ባህልን ሓድግን መግለፅታት መነባብሮ፣ ደረጃ ዕብየትን ስልጣነን ሕብረተሰብ ሓንቲ ሃገር እዮም፡፡ እዚ ኣብቲ ብሄር ብሄረሰብ ካብ ዝግለፁ መርዓ፣ ሓዘን፣ ኣከዳድናን ኣመጋግባን ወዘተ ባህላዊ ተግባራት ውሽጢ ገሊኦም እዮም፡፡ ሓድጊ ሓደ ሕብረተሰብ ዝበፅሖ ስልጣነን ዝነበሮ ደረጃ ዕብየትን ዘንፀባርቐሉን ታሪኹ ንወለዶ ዘመሓላልፈሉን እዩ፡፡ ስለዝኾነ ባህልን ሓድግን ሕብረተሰብ ሓለዋን ክንክንን ብምግባር ንወለዶ ክመሓላለፍ ምሕብሓብ የድሊ፡፡ ስለዚ ተምሃሮ ብዛዕባ መንነት ባህልን ሓድግን ብዝግባእ ፈሊጦምን ተገንዚቦምን ሓለዋን ክንክንን ምግባር ምእንታ ክኽእሉ ባህልን ሓድግን ዕባቸን ክብርን ሕብረተሰብ ምዃኖም ክግንዘቡን ክፈልጡን ምግባር ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎ መምህር እዩ፡፡

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ይዝርዝሩ፤
- ረብሓ ባህልን ባህላዊ ሓድግታትን ብምግንዛብ ይሕብሕቡ፤
- ዝተፈላለዩ ባህላዊ ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ብምፅዋት የርእዩ፤
- ንከባብያዊ ባህሊ ዘንፀባርቑ ሓሳባት ብስነ-ጥበብ ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ምስቲ ርእሲ ምትእስሳር ዘለዎም ስእልታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶ ግራፋት፣
- ባህላዊ ደርፍታት፣ ቪሲዲታት፣ ሲዲታት፣
- መረዳእታታት ባህልን ባህላዊ ሓድግታትን፣ወዘተ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ትምህርታዊ ጉዕዞ
- ገለፃ
- ጉጅለ ስራሕ
- ምይይጥ
- ዕዮ ገዛ
- ስራሕቲ ፕሮጀክት

## 2.1. ባህላዊ ፀወታታትን ሓድግን

ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 21

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ባህላዊ ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ቆልዑት ብምፅዋት የርእዩ፤
- ባህላዊ ፀወታታት ይዝርዝሩ/ይገልፁ፤

- ባህላዊ ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ምስ መሳርሒ ሙዚቃን ምንቅስቓስን ብምውህሃድ ይሰርሑ፤
- ንድፍን ልኽያን ባህልን ባህላዊ ሓድግታትን ተገንዚቦም ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ከበሮ፣ ዕንዱር ፋፃን /ሸንበቆ/ ገበጣን፣
- ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦፡-

ተምሃሮ ብዛዕባ ዝተዓዘብዎም ባህላዊ ፀወታታትን ሓድግታትን ዝምልከቱ መዝሙራት ክዝምሩ ምግባር፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

ኣብዚ ትሕዝቶ ቅድም ክብል ካብ ዝሓዝዎም ግንዛበታት ብምብጋስ ባህላዊ ፀወታታት ብምዝርዛር ክፈልዩ፣ ሓድግታት ብልኽያ ሕብሪን ንድፊን ክገልፁ፣ ኣብ መዝሙርን ምንቅስቓስን ዘድሃበ ይኸውን፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ባህላዊ ፀወታታት ቀልዑት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- እንታይነት ባህላዊ ፀወታታት ቀልዑትን ኣፀዋውትኦምን ምርዳእ፣
- ባህላዊ ፀወታታት ቀልዑትን ሓድግታትን ንክዝርዝሩ ምሕታት፣
- ብዛዕባ ፀወታታት ቀልዑት ባዕልቶም ብመዝሙርን ምንቅስቓስን፣ ብንድፍን ልኽያን ክሰርሑ ምግባር፣
- ተምሃሮ ብጉጅለ ብምምዳብ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ተለማሚዶም ንተምሃሮ ከቕርቡ ምግባር፡፡ (ቀዳምነት ብድልየቶም ንዘቕርቡ ተምሃሮ ዕድል ምሃብ)፣
- ኣብ ከባቢኦም ዝተለመዱ ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ካብዚኦም ዝተወሰኑ ብምሕራይ ብጉጅለ ክፃወቱ ምግባር፣
- ብጉጅለ ዝተለማመድዎም ኣብ ክፍሊ ከርእዩን ርኢቶ ንክወሃቦምን ምግባር፣
- ብዛዕባ ባህላዊ ፀወታታት እኹል ግንዛበ ንክረኽቡ ምግባር፣
- ውዕኢት ባህላዊ ሓድጊ ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ውዕኢት ባህላዊ ሓድጊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፣
- ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ንደቂ ክፍሎም ብምርኣይ ርኢቶ ክወሃቦም ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ባህላዊ ፀወታታትን ደርፍታትን ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ባህላዊ ሙዚቃን ስፖርትን ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስረሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

# 2.1.1 ባህላዊ ፀወታታት ቀልዑት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 6

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ባህላዊ ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ቀልዑት ብምፅዋት የርእዩ፤
- ባህላዊ ፀወታታት ቀልዑት ይዝርዝሩ፤

- ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ዝፈልጥዎም ዓይነታት ፀወታ ይገልፁ፤
- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ብዜማን ምንቅስቓስን ይሰርሑ፤፡

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ስእልታትን ፖስተራትን፣
- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ (ከበሮ፣ ዕንዱር ፋፃ፣ ጭራዋጣ፣ ክራር)፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

ኣብ ከባቢኦም ዝተለማመድዎም ክፃወቱ ብምግባር ተምሃሮ ምልዕዓል፡፡

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ብምዝርዛር ክፈልዩን ብመዝሙር፣ ብምንቅስቓስ፣ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሓሳባቶም ክገልፁን ኣብ ምግባር ዝጥምት ይኸውን፡፡
- እንታይነት ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑትን ዝሓዞ ቅዉም ነገርን ምትንታን፡፡
  ንኣብነት፡-
  - ✓ ማይ ዶ ፀባ
  - ✓ ጭር ዶ ገና
  - ✓ ዲሞይ ዳዲሞይ
  - ✓ ብሪም
  - ✓ ኳሊንኳል፣ ወዘተ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ዕዱም ጋሻ ናብ መምህሪ ክፍሊ ብምዕዳም ተምሃሮ እኹል ሓበሬታ ክረኽቡ ምግባር፣
- እንታይነትን ዓይነታትን ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑትን መዓዝ ከምዝፃወቱ ክዝርዝሩ ምሕታት፣
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ባህላዊ ፀወታታት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ዝዘርዘርዎም ብመዝሙርን ሳዕስዒትን ክገልፁ ምግባር፣
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡

## ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት

### ፀወታ ሓደ፡-ሆያ ሆየ ሆየ

ሆያ ሆየ ሆየ
እነይ ዓባየ ሆየ!
ክሳደን ጥዋየ ሆየ!
እነየ ንእስቲ ሆየ!
ክሳደን ክስክስቲ ሆየ!
ሆየ ዝበልና ሆየ!
ዓመት ይዑቖረና ሆየ!
ሆየ ዘይበሉ ሆየ!
ዓመት ይማህለሉ ሆየ!

### ፀወታ ክልተ፡- እሕምብዛ እስቲና ላሎ

እስቲሂና ላሎይ ላሎየ /2 ግዜ/
እስቲና ጓል ኣቦይ ቀሺ ኣባዲ

እስቲሂና መጎነ ኣንዲድኪ ዕበዲ
እስቲሂና ላሎይ….. ላሎየ
እስቲሂና ጓል ኣቦይ ቀሺ ግርማየ
ዝስቲሂና መጎነ ኣንዲዳ ንማየ
እስቲሂና ላሎይ…ላሎየ
እስቲሂና ኳሓላና…. እስቲሂና ጣስማና
እስቲሂና እንተበልናየን….እስቲሂና ኣብየናና
እስቲሂና በዓል ብዕራይ እስቲሂና ከይወስደና፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ምስ መዝሙርን ምንቅስቓስን ኣወሃሂዶም ምፅዋት ምኽኣሎም ብምርኣይን ምድማፅን ምርግጋፅ፡፡
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

## 2.1.2 ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 5

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ካብ 3-4 ዝኾኑ ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ይፃወቱ፤
- ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ብሂር ብሂረሰባት ብምንቅስቓስ ምፅዋት ይኽእሉ፤
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም የርእዩ፤
- ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ብሂር ብሂረሰባት የድንቑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ፖስተራት፣
- ፎቶግራፋት፣
- ሲዲ፣ ፍሊሽ፣ ሜሞሪ፣
- ዝተፈላለዩ ኣልባሳትን መሳርሒታት ሙዚቃን፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ዝፈልጥዎም ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ብሂር ብሂረሰባት ከርእዩ ምልዕዓል፤

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

እዚ ትሕዝቶ ተምሃሮ ሓድነትን ኣፈላላይን ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ክፈልጡን ክሕብሕቡን፣ ከምኡ'ውን ብመዝሙርን ምንቅስቓስን ብንድፍን፣ ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ኣብ ምግባር ዘድሃበ እዩ፡፡

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ካብ ከባቢኦም ልሙዳት ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ካብ ከባቢኦም ልሙዳት ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ክፃወቱ ምግባር፣
- ተምሃሮ ዝፈልጥዎም ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ክዝርዝሩን ምስ ምንቅስቓስ ብምውሃድ ክሰርሑን ምግባር፣
- እዚ እውን ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ከቕርቡ ምግባር፣

- ዝተወሰኑ ፀወታታት ብምሕራይ ክፃወቱ ምግባር፡፡ ብጉጅለ ዝተለማመድዎም ኣብ ክፍሊ ክርእዩን ርኢቶ ክህቡን ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኣብ ከባቢኦም ልሙዳት ዝኾኑ ፀወታታት ብሄር ብሄረሰባት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብን ምዕዋት ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅን፡፡
- ፀወታታት ብሄር ብሄረሰባት ብምንቅስቓስ፣ ዜማን ደርፍን ምዕዋት ምኽኣሎም ብምርኣይን ምድማፅን ምርግጋፅ፡፡
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስራሕ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ፤

# 2.1.3 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ካብ 2-3 ዝበፅሑ ውፅኢታት ባህላዊ ሓድጊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ብዛዕባ ንድፊ ብመዝሙርን ምንቅስቓሳትን ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- መሳርሕታት ንድፍን ልኽያ ሕብርን፣
- እርሳስ፣
- መደምሰስ፣
- መቑረፂ /ካተር/፣
- ብሩሻት፣ ከለር፣ ክራዮን፣
- ሲዲ፣ ፍሌሽ፣ .መቕረፀ ድምፂ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ቅድም ኢሉ ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝተረድእዎ ክገልፁ ምግባር። ንኣብነት፡-

- ✓ እንታይነት ንድፍን ኣብ ውሽጡ እንታይ ከምዝሓዘን ምትንታን፣
- ✓ ትኹል ሕንፃፅ፣
- ✓ ሰያፍ ሕንፃፅ፣
- ✓ ጋድም ሕንፃፅ፣
- ✓ ልዋይ ሕንፃፅ፣
- ✓ ሽንቲ ብዕራይ ሕንፃፅ፣
- ✓ ክቢ ሕንፃፅ፣
- ✓ ብርሃንን ፅላሎትን ሕንፃፅ፣

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ንድፊ ሓደ ነገር ብሕንፃፃት ኣቢልና እንገልፀሉ እዩ። ንድፊ ንዝተፈላለዩ ተግባራት ንግልገለሉ። ንኣብነት ንድፊ ንገዛ፣ መኪና፣ ናውቲ ገዛ፣ ውፅኢታት ፋብሪካ፣ ክዳውንትትን ውፅኢታት ስእልን ኩሎም መበገሲ ኮይኖም ንረኽቦም። ንንድፊ ቀንዲ መግለፂ ሕንፃፃት እዮም። ሕንፃፃት ብባዕሎም ዝተፈላለየ ቅርፂ፣ ትሕዝቶን ባህርን ኣለዎም፡፡ መሰረታዊ ቋንቋታት ስነ-ጥበብ ካብ እንብሎም ድማ እዮም።

### ዓይነታት ሕንፃፃት፦

ጋድም፣ ትኹል፣ ሰያፍ፣ ክቢ፣ ልዋይ፣ ሽንቲ ብዕራይ ወዘተ ሕንፃፃት ብምድርራብ ዝተደለየ ውፅኢት ስእሊ ብንድፊ ምግላፅን ምንፅብራቕን ይከኣል። ልኽያ ሕብርን ንድፍን ብመጀመሪያ ብእርሳስ ኮነ ብፈሓም ስእሊ /ቻርኮል/ ምስ ሰኣልና ዝተፈላለዩ ሕብርታት ብምልካይ ዕሙቀት፣ ፅባቐን ባህርን ብሕብሪ ኣቢልና እንገልፀሉ ልኽያ ሕብሪ ይበሃል፡፡ ስለዚ ተምሃሮ ልዕል ክብል ብዝተሓበረ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ኣቢሎም ስምዒቶም ክገልፁ ምግባር የድሊ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- እንታይነት ንድፍን ዓይነታት ሕንፃፃትን ተግባራቶምን ምሕታት፣
- ብዛዕባ ንድፊ ብመዝሙር ክዝምሩ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ንሕንፃፃት ዝጥምት መዝሙር ብምንቅስቓስ ተሰንዮም ክዝምሩ ምሕታት፣
- ከባቢኦም ብንድፊ ክሰርሑ ምግባር፡፡

### ኣገባብ ገምጋም፦

- ብንድፊ ዝሰርሕዎም ፈተነታት ብምልከታ ምርግጋፅ፡፡
- ምንቅስቓሳትን መሳርሕታትን ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብምልከታ ምርግጋፅ፡፡

## 2.1.4 ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 6

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦-

### ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦-

- ዓይነታት ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ይዝርዝሩ፤
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ይፃወቱን የድንቑን፤
- ፀወታታት ባህላዊ ስፖርት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት (ንኣብነት ገበጣ)፡፡

### መነቓቕሒ፦፡-

- ኣብ ከባቢኦም ዝለመድዎም ባህላዊ ፀወታታት ስፖርት ክፃወቱ ምግባር፤
- ዓይነትን ኣፀዋውታን ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ክዝርዝሩን ክገልፁን ምልዕዓል፤
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ክፃወቱ ኩነታት ምምችቻው፤

### ሓበሬታ ንመምህር፦-

እዚ ትሕዝቶ እንታይነት ፀወታን ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርትን ክፈልጡን እንታይ እንታይ ከምዝሓዘን ተረዲኦም ብመዝሙር፣ ምንቅስቓስ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ኣቢሎም ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ኣብ ምድናቕ፣ ምሕብሓብን ምግላፅን ጠመተ ዝገብር ይኸውን፡፡

ንኣብነት፦-

- ✓ ጭርዶ ገና /ሕብሕብኢተይ/
- ✓ ምግላብ ፈረስ
- ✓ ምግላብ ፈረስ /ጉግስ/

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ብዛዕባ ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ዝፈልጥዎ ክገልፁ ዕድል ምሃብ፣
- ዝዘርዘርዎም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ምዝርዛሮም ብምድማፅ ምርግጋፅ፡፡
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ብምንቅስቓስን መዝሙርን ምግላፆም ብምርኣይን ምድማፅን ምርግጋፅ፡፡
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

## 2.1.4.1 ፀወታታት ባህላዊ ስፖርት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡--

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ይዝርዝሩ፤
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ይፃወቱ፤
- ፀወታታት ባህላዊ ስፖርት ብምፅዋት የርእዩ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ከም ከበሮ፣ ክራር፣
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ከም ገበጣ፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ባዕሎም ዝፈልጥዎም ፀወታታት ባህላዊ ስፖርት እናተፃወቱ ክርእዩ ምትብባዕ፡፡

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦምን ሰፈሮምን እንታይ ዓይነት ፀወታታት ከም ዝመስሉ ብዝርዝር ክፈልዩን ክገልፁን ብምግባር ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘለዉ ጠመተ ዝገብር ክኾኑ ምግባር፡፡

- ጭርዶ ገና /ሕብሕብኢተይ/
- ምግላብ ፈረስ
- ምግላብ ፈረስ /ጉግስ/

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፀወታታት ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ፀወታታት ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ፣
- ዝዘርዘርዎም ፀወታታት ብምንቅስቓስን መዝሙርን ክገልፁን ክርእዩ ምግባር፣
- ዓይነትን ኣፀዋውታን ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ፀወታታት ብባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ምፅዋቶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ምፅዋቶም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

- ባህላዊ መሳርሕታት ስፖርት ተጠቒሞም ብምንቅስቓስ ምፅዋቶም ምርግጋፅ፡፡
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

## 2.1.4.2 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ፀወታታት ባህላዊ ስፖርት ብምንቅስቓስን መዝሙርን ይሰርሑ።
- መሳርሕታት ባህላዊ ስፖርት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ።

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ስእሊ ንምስኣል ዝጠቕሙ መሳርሕታት፣
- ፖስተራት፣
- ፎቶ ግራፋት፣
- ስእልታት፣

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ብዛዕባ ንድፊ ዝፈልጥዎ ብባዕሎም ክገልፁ ምልዕዓል።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

እዚ ትሕዝቶ ተምሃሮ ከባቢኦም ብመንፅር ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብዝርዝር ክፈልዩ፣ ክፈልጡ፣ ክሕብሕቡን ፅባቐ ብመዝሙር፣ ምንቅስቓስ፣ ንድፊ፣ ልኽያ ሕብሪን ብቅርፃ ቕርፅን ኣቢሎም ክገልፁ ኣብ ምግባር ዝጥምት ይኸውን።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ፈለማ ብዛዕባ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክዝርዝሩ ምሕታት፣
- ብምቕፃል ተምሃሮ ብዛዕባ እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝፈልጥዎ ክገልፁ ዕድል ምሃብ፣
- ንድፊ ከባቢኦም ሰሪሖም ክመፁ ምግባር፣
- ብዛዕባ ንድፊ ዝፈልጥዎ መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ክዝምሩ ምግባር፣
- ተምሃሮ ዝገብርዎም ምንቅስቓሳት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፣
- ዝተፈላለየ ባህላዊ ስፖርትን መሳርሕታት ሙዚቃን ኣብ ላዕሊ ብዝተገለፀ ምንቅስቓስ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር።

### ኣገባብ ገምጋም፦

- ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝጥምት መዝሙር ምስ ምንቅስቓሳት ኣወሃሂዶም ምዝማር ምኽኣሎም ብምድማፅን ብምልከታን ምርግጋፅ።
- ንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 2.1.5. ኣተሓሳልዋ ባህላዊ ሓድጊ ዝገልፅ መዝሙር

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ- 6

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ምስ ኣተሓሳልዋ ባህላዊ ሓድግታት ዝተተሓሓዙ መዝሙራት ይዝምሩ፡፡

### መዝሙር፡- ሓድግታትና ይተሓለዉ!

ሓድጊ ናይ ወለዲ መኹርዒ ባህልና
ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ፀዔና
ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኩላትና፡፡ /2/
ያታዊ ዝፀንሐ ድልዱል እዩ ሓድነት
መፍለይና እዮም ባህላዊ ኣልባሳት
ክንክን ሓድግታት ከፅንዖ ወለዶ
ይግባእ ባህልና ነልምዖ ነዕብዮ፡፡
ሓድጊ ናይ ወለዲ መኹርዒ ባህልና
ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ፀዔና
ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኩላትና፡፡ /2/
ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ሃገራዊ ልምዓት
እጃም ልዑል እዩ ከም ባህላዊ ስርዓት
ብሓድነት ስራሕ ማሕበራዊ ናብራ
ኣጋይሻ ጋሻ መኹርዒ ባህልና፡፡
ሓድጊ ናይ ወለዲ መኹርዒ ባህልና
ኣዝያ ትፍቶ ከም መዓር ፀዔና
ሕዚ ንሓብሕባ ህያብ ናይ ኩላትና፡፡ /2 ግዜ/
ፅላል ኩላትና እያ ዓምቢባ ክትፈሪ
ባህልና ክትሕብሒብ ናይ ኩላትና ኽብሪ
ኣለና ምሳኺ ንቕድሚት ገስግሲ
ኣለና ምሳኺ ንቕድሚት ሰጉሚ፡፡

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ስእልታት፣
- ፖስተራት፣
- ብሲዲ፣ ፍሌሽን ሜሞሪን ዝተቐድሓ መዝሙራት፣
- ፎቶግራፋት፣
- ምስ ባህልን ሓድግን ዝተተሓሓዙ መዝሙራት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦፡-

ኣብ ከባቢኦም ዝፈልጥዎ ንኣተሓሳልዋ ባህላዊ ሓድግታት ዝገልፁ መዝሙራት ክዝምሩ ምልዕዓል፡፡

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

እዚ ትሕዝቶ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣተሓሳልዋ ባህላዊ ሓድጊ ክፈልዩ፣ ክፈልጡን ክሕብሕቡን፣ ብምንቅስቓስ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ኣብ ምግባር ዝጥምት ይኸውን።

## ኣገባብ ኣመሃህራ :-

- ብዛዕባ እንታይነትን ዓይነትን ሓለዋ ባህላዊ ሓድጊ ምግላፅ፣
- ብዛዕባ ሓለዋ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ባህላዊ ሓድግታት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ዝዘርዘርዎም ብመዝሙርን ምንቅስቓስን ክገልፁን ከርእዩን ምግባር፣
- ብመዝሙርን ምንቅስቓስን ዝገለፅዎም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ባህላዊ ሓድግታት ክዝርዝሩ ምግባር፡፡
- ዝዘርዘርዎም ባህላዊ ሓድግታት ብመዝሙር ኣቢሎም ክገልፁ/ክዝምሩ ምግባር፡፡
- ብዛዕባ ባህላዊ ሓድጊ ዝገልፁ መዝሙራት ምስ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ክዝምሩ ምግባር፡፡
- ዝዘርዘርዎም ባህላዊ ሓድግታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምግባር፡፡
- ብዛዕባ ባህላዊ ሓድጊ መዝሙር ምዝማሮም ብምድማፅ ምርግጋፅ፡፡
- መዝሙርን ምንቅስቓስን ኣወሃሂዶም ብተግባር ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡
- ምንቅስቓሶም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምግላፆም ብምርኣይ ምርግጋፅ፡፡

# መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

ቀንዲ ጠመተ እዚ ምዕራፍ ኣብ ባህላዊ ፀወታታትን ሓድግታትን እዩ፡፡ ንቀልዑት ባህላዊ ፀወታታት እንትነምህር ዓይነታት ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ዘገናዝበ ክኸውን ይግባእ፡፡ ረብሓ ባህልን ባህላዊ ሓድግታትን ተረዲእኻ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ፀወታታትን ሳዕስዒታትን ብምርዳእን ንከባብያዊ ባህሊ ዘንፀባርቑ ሓሳባት ብስነ-ጥበብ ንምግላፅ ብዘኽእልን ክኸውን ድማ ትፅቢት ይግበር፡፡ ኣብ እዋን ትምህርቲ ባህሊ ሓሊኻን ርእሲ ኣፍሊጥካን ምጅማር፤ እቲ ትምህርቲ ብቅደም ሰዓብ እንትቐርብ ንባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት፤ ብሂር ብሂረሰባት፤ ባህልን ሓለዋ ሓድግን ዘገናዝበ ክኸውን ኣለዎ፡፡

ካልኣይ ጠመተ እዚ ምዕራፍ ንባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ብመዝሙር፣ ምንቅስቓስ፣ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብቅደም ሰዓብ ክቕርቡን ክገልፁን ተገይሩ እዩ፡፡

እዚ ምዕራፍ እንትጠቓለል ምስ ባህልን ሓለዋ ሓድግታትን ዝተተሓሐዙ መዝሙራት ብምዝማር እዩ፡፡ ስለዚ ቀንዲ ቀንዲ ፍረ ሓሳባት እቲ ትምህርቲ ክጭብጡ ብምግባር ክጠቓለል ይግባእ፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት እዚ ምዕራፍ፡-

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓቂ ወይ ጌጋ ብምባል መልሱ፡፡

1. ባህሊ መሰረት ዕብየትን ስልጣነን እዩ፡፡
2. ባህላዊ ፀወታታት ቆልዑት ብመዝሙር ክግለፁ ኣይኽእሉን፡፡
3. ባህላዊ ፀወታታት ከከም ከባቢኡ ይፈላለዩ እዮም፡፡

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብፅሑፍ መልስ፡፡

1. ንሓዱሽ ዓመት ዝገልፅ ግጥሚ ፀሓፉ፡፡
2. ባህላዊ ሓድጊ ማለት እንታይ ማለት እዩ፡፡

መልሲ፡-

ሀ. 1. ሓቂ
 2. ጌጋ
 3. ሓቂ

ለ. 1. ክፅሕፉ ምግባር፡፡
 2. ባህሊ ሓደ ሕብረተሰብ ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ሓድግታት እዮም፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ
# ጥንቃቐን ድሕንነትን

## ነዚ ሓፈሻዊ ርእሲ ዝተውሃበ ክፍለ ግዘ፡- 14

## መእተዊ፦

ቀንዲ ዕላማ እዚ ምዕራፍ ጥንቃቐን ድሕንነትን እዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዝርከቡ ተምሃሮ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ከምኡ'ዉን ገዝኦምን ከባቢ ገዝኦምን ብፅሬት ብምሓዝ ዓርሶምን ከባቢ ሕብረተሰብን ካብ ዝተፈላለዩ ተላገብቲ (ተመሓላለፍቲ) ሕማማት ክከላኸሉ፣ ቀንዲ መበገሲ ሓደጋ ትራፊክ ተገንዚቦም ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ፣ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታትን ሜላታት መከላኸልን ፈሊጦም ዓርሶም ካብ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክከላኸሉን ንሕሙማት ግቡእ ክንክንን ሓገዝን ክገብሩ እዩ።

እዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ ርእስታት /ትሕዝቶታት/ ዝሓዘ እዩ።

- ድሕንነት ቤት ትምህርቲ
- ፅሬት ከባቢ
- ሳዕቤን ሓደጋ
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ
- ምስ ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝተተሓሐዙ ተግባራት ብስእሊ፣ ብመዝሙር ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግላፅ

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- እንታይነትን ሳዕቤንን ሓደጋታት ተገንዚቦም ዓርሶም ካብ ሓደጋ ይከላኸሉ፤
- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ተገንዚቦም ግቡእ ጥንቃቐ ይገብ፤
- ምስ ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝተተሓሐዙ ተግባራት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን፣ መዝሙርን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ይገልፁ፤

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ግደኻ ምፅዋት
- ነበረያ ነበረ (ዛንታ)
- ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ወዘተ፡፡

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- እርሳስ፣ ሕብሪ ወይ ቀለም /ሕብሪ/፣ ብሩሽ፣ ወረቐት፣ መደምሰስ፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ (ከበሮ፣ ጭራዋጣ፣ ዕንዱር ፋፃ /ሸንበቆ/፣ በትሪ ረምታ / ሪትምስቲክ/ ማራካሽ፣ ፀናፅል፣)
- ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልም፣
- ነዚ ትሕዝቶ ዝጥምቱ ዝተፈላለዩ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝተቐረፆ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ፡፡

# 3.1. ምሕላው ድሕንነት ቤት ትምህርትን ብዝተፈላለዩ ተኽልታት ምምልኻዕን

## ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፡-4

### ትዕቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ረብሓ ዕሬት ተረዲኦም ቤት ትምህርቶም የዕርዩን የመላኽዑ፣
- ንተኽልታት ዝምልከት መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ይዝም፣
- ዕባቐ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፣
- ስምዒት ምፅራይን ምምልኻዕን ቤት ትምህርቶም የሕድ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ንስራሕቲ ዕሬት ዘድልዩ ነገራት (ከም ባዴላ፣ መኹዓቲ፣ ኣፍኩቱ፣ ጎዞሞ፣ መስተዪ ማይ)፣
- እርሳስ፣ ወረቐት፣ ሕብሪ ወይ ቀለም /ሕብሪ/፣
- ሲዲን ፍሊሽን፣ ካሴትን ቴፕን፣
- ዝተፈላለዩ ፖስተራት፣ ፎቶ ግራፋት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

ቅድሚ ሕዚ ዝፈልጥዎ ንተኽልታት ዝምልከት መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

ተኽሊ ብተፈጥሮ ዝበቖሉ ይኹን ወዲሰብ ዝተኸሎም ኩሎም ዓይነታት እፅዋት የጠቓልል። ረብሓ ተኽልታት ብጣዕሚ ብዙሕ እዩ። ንኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል ንመግቢ፣ መድሓኒት፣ መስርሒ ገዛ፣ ናውቲ ገዛ፣ ናውቲ ሕርሻ ወዘተ ግልጋሎት ይውዕሉ፡፡ ወድሰብ ብዘይ ኦክስጅን ክነብር ከምዘይኽእል ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ኦክስጅን ድማ ዝርከብ ካብ ተኽልታት እዩ። ተኽልታት ሰባት ይኹኑ እንስሳት ንደገ ዝትንፍስዎ ዝተቓፀለ ኣየር /ካርቦንዳይ ኦክሳይድ/ ወሲዶም ኦክስጅን ንደገ ይትንፍሱ። ስለዚ ተኽልታት ነባሪ ኣየር ከባቢ ብምምጥጣን ንወድሰብ፣ ንእንስሳት ከምኡ'ዉን ንባዕልቶም ዝስማማዕ ኣብ ምግባር ልዑል ግደ ኣለዎም። ስለዚ ተምሃሮ ዕሬት ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም፣ ገዝኦምን ከባቢኦምን ብምሕላው፣ ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕምበባታትን ብምምልኻዕ ጥዕነኦምን ጥዕና ከባቢ ሕብረተሰብን ሕሉው ክኾውን እጃሞም ከወፍዩ ይግባእ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ምሕላው ድሕንነት ቤት ትምህርቲ እንታይ ማለት እዩ? ቤት ትምህርቲ ብተኽልታትን ዕምበባታትን ምምልኻዕ እንታይ ማለት እዩ? ረብሕኡ ኸ እንታይ እዩ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ዝመስሎም ክምልሱ ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ መምህር ግቡእ መብርሂ ይሃብዎ፣
- ዕሬት ቤት ትምህርቲ ንምሕላው ከምኡ'ዉን ብተኽልታትን ዕምበባታትን ንምምልኻዕ ዘድልዩ ናውትን ካልኦትን ክዝርዝሩ ምትብባዕ፣
- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቶም እንታይ ዓይነት ተኽልታትን ዕምበባታትን ከምዘለዉ፣ ንምንታይ ተግባራት ከምዝውዕሉን ክዛረቡ ሓበርቲ ሕቶታት ምሕታት።

ንኣብነት፡- ኣብ ቤት ትምህርትና እንታይ ዓይነት ተኽልታትን ዕምበባታትን ኣለዉ? ረብሓኦም እንታይ እዩ? ኣብ ከባቢ ገዛውትኹም ምስ ዘለዉ ይመሳሰሉ ዶ ወይስ ኣፈላላይ ኣለዎም? ወዘተ ተምሃሮ ዝኸኣልዎ ምስ መለሱ መምህር ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ዓይነት ተኽልታትን ዕምበባታትን

ከምዘለዉ፣ ጥቕሞም እንታይ ከምዝኾነን የብርህሎም።

- ፍልፍል እቶት ዝኾኑ ወይ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዘለዎም ተኽልታትን ዕምበባታትን ክዝርዝሩ ምሕታት፣
- ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ካብ ዘለዉ ተኽልታትን ዕምበባታትን ብዝበለፀ ንትምህርቲ ሳይንስ ዝጠቕሙ ክዝርዝሩ ምሕታት፣
- ተኽልታትን ዕምበባታትንን ዝጥምት መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቃስ ብምውህሃድ ክዝምሩ ምትብባዕ፣
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስሊ ዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕምበባታትንን ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ዝሰርሕዎ ምስሊ እናሓዙ በብተራ ብምውፃእ ንደቂ ክፍሎም ክርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ ርኢቶ ክህቡን ዝሓሹ ዝብልዎም ምስልታት ክመርፁን ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ዝሓሹ /ዕቡቓት/ ዝብልዎም ምስልታት ይምረፁ። ብምንታይ ምኽንያት ከምዝመረፅዎም ድማ መብርሂ ይሃቡዎም። ነቶም ዕቡቕ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብጣቕዒት ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ'ውን ከምኣቶም ኣፀቢቖም ክስእሉ ምትብባዕ።

## 3.1.1 መዝሙር "ቤት ትምህርትና"

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 2

**መዝሙር፡- ቤት ትምህርትና**

ቤት ትምህርትና
ኣዶ ፍልጠት ኩላትና
ነዕርያ ነፀብቃ ብሓባር ኮይና
ኩላትና ሓደራ ኣለና፡፡ /2 ግዘ/
ተኽልታት ዕምበባታት ተኺልና
ማይ እናስተና እናኾስኮስና
ክንከናኽኖም ኣለና
ምእንታን ክዓብዩልና
ፅላል ክኾኑና፡፡ /2 ግዘ/

**ኣገባብ ኣመሃህራ፡-**

- ፈለማ ቅድሚ ሕዚ ዝፈልጥዎን ደስ ዝብሎምን መዝሙር ክዝምሩ ምትብባዕ፣
- ብምቕፃል ዕለታዊ መዝሙር ቤት ትምህርትና ዝብል ምኺኑ ምንጋር። ብድሕሪኡ ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ምንጋር። ደጋጊሞም ብምንባብ ከፅንዕዎ ዕድል ምሃብ። ብምቕፃል ዜማ ብምውፃእ ሜላ ተለላ ብተለላ ምንባብ ተጠቒሞም ብምስትምሃር እቲ ዜማ ከፅንዕዎ ምግባር፣
- ብድሕሪኡ ካብ ሞንጎ ተምሃሮ ዕቡቕ ዝዘመሩ ናብ ቅድሚት እናወፁ ክዝምሩ ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ ተምሃሮ እውን ሓቢሮም ክዝምሩ ምግባር። መምህር'ውን ሓቢሮም/ረን ይዘምሩ/ራ። ኣብ ቐፃላይ ክፍለ ግዘ ብግቡእ ኣፅኒዖም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ እቶም ተምሃሮ በብተራ እናወፁ ክዝምሩ ዕድል ምሃብ። ብግቡእ ኣፅኒዖም መፂኦም ብዕቡቕን ዝዘመሩ ቆልዑት ንፉዓት ኢልካ ብጣቕዒት ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ ነቲ መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ክዝምርዎ ምትብባዕ።

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ግጥምን ዜማን እቲ መዝሙር ብዝግባእ ምምላኾም ንምርግጋፅ በብተራ እናወፁ ክዝምሩ ምግባር።
- ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ምዝማር ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ረብሓ ተኽልታት ክዝርዝሩ ምሕታት፡፡
- ምሕላው ድሕንነት ቤት ትምህርቲ እንታይ ረብሓ ከምዘለዎ ክገልፁ ምሕታት።

## 3.1.2 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፡- 2

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

**ነዚ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-**

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ይዝርዝሩ፤
- ምስሊ ብተኽልታትን ዕምበባታትንን ዝተመላኸዐት ቤት ትምህርቲ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ብዝሰርሕዎም ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሕጎሱ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-**

- እርሳስ፣ መደምሰስ፣ ሕብሪ ወይ ቀለም /ሕብሪ/ ብሩሽ፣
- ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘርእዩ ፖስተራት ወይ ፎቶግራፋት፣ ወዘተ፡፡

**መነቓቕሒ፡-**

ሕብሪ /ሕብሪ ወይ ቀለም/ ዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕምበባታትን ክዝርዝሩ ዕድል ምሃብ።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፡-**

- ፈለማ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮኦም ተበጊሶም /ተላዒሎም/ እንታይነት ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክገልፁ ምሕታት፣
- ብምቕፃል ኣብ ምሕላው ድሕንነትን ፅሬትን ቤት ትምህርቶም ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ምትካልን ምሕብሓብን፣ ተኽልታትን ዕምበባታትን ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስመፁ ዝሰርሕዎ ምስሊ በብተራ እናወፁ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር። ተምሃሮ ድማ ርኢቶ ክህቡን ፅቡቓት ዝብልዎም ስራሕቲ ክመርፁን ክመያየጡን ዕድል ምሃብ፣
- ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ዝሓሹ ዝበልዎም ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ኩሎም ተምሃሮ ክሪኡዎም ምግባር። ዝሓሹ ኢሎም ዝመረፅሉ ምኽንያት ንተምሃሮ ምርዳእ። ብምቕፃል ብመልክዕ ውድድር ኣቢሎም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ዕድል ምሃብን ምትብባዕን። ፅቡቕ ስራሕቲ ንዝሰርሑ ተምሃሮ ንፉዓት ኢልካ ብጣቕዒት ምትብባዕ።



ስእሊ 15፡- ሀ- ንድፊ ዕምበባ



ስእሊ 15፡- ለ- ሕብሪ ዝተለኽየ ዕምበባ

**ኣገባብ ገምጋም፦**

- ምስሊ ቤት ትምህርቶም ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።
- ኣሰራርሓ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ብቅደም ሰዓብ ምግላፆም ብሕቶ ቃል ምርግጋፅ።
- ብዝሰርሕዎም ስራሕቲ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ሕጉሳት ምኧኖም ብትፅዝብቲ ምርግጋፅ።

## 3.2 ድሕንነት መንገዲ /ትራፊክ/

### ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 5

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦**

ነዚ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ኣብ መንገዲ ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራት ይዝርዝሩ፤
- ኣብ መንገዲ ግቡእ ጥንቃቐ ይገብሩ፤
- መሰረታዊ ሕግታት ትራፊክ ይፈልጡ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦**

- ኣብ መንገዲ ሓደጋ ዘኸትሉ ተግባራት ዘርእዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ፊልምታት፣
- ኣብ መንገዲ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ዘርእዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣
- ብዛዕባ ሓደጋታትን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታትን ዝገልፁ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝተቐድሐ ሲዲ፣ ፍለሽ፣ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ።

**መነቓቕሒ፦**

ቅድሚ ሕዚ ዝሰምዑዎምን ዝፈልጡዎምን ብዛዕባ ኣብ መንገዲ ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታትን ዝገልፁ መዝሙራት ክዝምሩ ወይ ደርፍታት ክደርፉ ምትብባዕ።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፦**

- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምምቃል ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ብዛዕባ ሓደጋ ትራፊክ ዝተምሃርዎም ቅዉም ነገራት እናዘከሩ በብጉጅለኦም ክመያየጡ ዕድል ምሃብ፣
- ጉጅለታት እንትመያየጡ መምህር እናተዘዋወሩ/ራ ኩነታት ምይይጥ ብምፅዛብ ምድጋፍ። ጉጅለታት ምይይጠን ምስ ወዳኣ ኣብቲ ምይይጥ ዝተሰማምዕሎም ነጥብታት ብመራሕቲ ጉጅለ በብተራ እናተልዓሉ ከቕርቡ ምግባር። ሓንቲ ጉጅለ ምስ ኣቕረበት እተን ዝተረፋ ጉጅለታት ኣብቶም ዝቐረቡ ሓሳባት ሓሳብን ርኢቶን ክህባ ምትብባዕ፣
- ኩለን ጉጅለታት ምስ ኣቕረባ መምህር መጠቓለሊ ሓሳባት ይሃቡዎም። ተምሃሮ ካብ ገዝኦም ናብ ቤት ትምህርቶም እንትመፁ፣ ካብ ቤት ትምህርቶም ናብ ገዝኦም እንትምለሱ፣ ኣብ ሜዳ እንትፃወቱ፣ ናብ ክፍሊ እንትኣትዉ ይኹን ካብ ክፍሊ እንትወፁ ብሓፈሻ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ግቡእ ጥንቃቐ እንተዘይገይሮም ሓደጋ ከጋጥሞም ከምዝኽእል ክርድኡ ምግባር። ዝስዕብ ሰደቓ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎን ከፅንዕዎን ምንጋር።

| ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራት | ሓደጋ ዘየስዕቡ ተግባራት |
|---|---|
| • ፀጋማይ ኣንፈት ሒዝካ ንመኸዲ ሰብ ተባሂሉ ብዝተሰርሐ መንገዲ እግረኛ ዘይምኻድ፤ | ኣብ ዕርጊያ ፀጋማይ ኣንፈትካ ሒዝካ መኸየዲ ሰብ ተባሂሉ ዝተሰርሐ መንገዲ እግረኛ ምጉዓዝ፤ |
| • ንመሳገሪ ተባሂሉ ብዝተሰርሐ ዜብራ ዘይምስጋር፤ | ዕርጊያ ክተቋርፅ እንተትደሊ የማነ-ፀጋም ርኢኻ ንመሳገሪ ተባሂሉ ብዝተሰርሐ መንገዲ ዜብራ ቀልጢፍካ ምስጋር፤ |
| • ቆፃል መብራህቲ ትራፊክ በሪሁ እናሃለወ ዕርጊያ ምቁራፅ፤ | ቆፃል መብራህቲ ትራፊክ እንትበርህ ዕርጊያ ንምቁራፅ ዘይምፍታን፤ |
| • ኣብ ማእኸል ዕርጊያ ኩዕሶ ምፅዋትን ብማእኸል ኣቋሪፅካ ምሕላፍን፤ | ኣብ ዕርጊያ ኩዕሶ ዘይምፅዋት ከምኡ'ዉን ብማእኸል ዕርጊያ ኣቋሪፅካ ዘይምሕላፍ፤ |
| • ናብ ዓምዲ ኤሌክትሪክ /ፖሎ/ ምድያብ ወይ ኣብ ዓምዲ ኤሌክትሪክ ኩዕሶ ኣንጠልጢልካ ፋዉል ምፅዋት፤ | ናብ ዓምዲ ኤሌክትሪክ ዘይምድያብ ኣብቲ ዓምዲ ኤሌክትሪክ /ፖሎ/ ኩዕሶ ኣንጠልጢልካ ፀወታ ፋዉል ዘይምፅዋት፤ |
| • ሓመሳ ክላመድ ኢልካ ናብ ቃላይ ወይ ድማ ዝዓቖረ ማይ (ሆረየ) ምእታው፤ | ሓመሳ ክለማመድ ኢልካ ናብ ቃላይ ወይ ድማ ዝዓቖረ ማይ ዘይምእታው |
| • ኣብ መንገዲ እምኒ እናተደባረኻን እናተዓለቕካን ምኻድ፤ | ኣብ መንገዲ እምኒ እናተደበረኻን እናተዓለቕካን ዘይምኻድ፤ |
| • ቀሊል እዩ ኢልካ ውሑጅ ንምስጋር ምፍታን፤ | ዉሑጅ እንተጋጥመካ እቲ ዉሑጅ ክሳብ ዝጎድል ብትዕግስቲ ተፀቢኻ ምስ ጎደለ ምስጋር፤ |
| • ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ሶኬታት፣ መብርሀን መጥፍእን፣ ገመድ ኤሌክትሪክ ምንኸኻእ፤ | ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ሶኬታት ኤሌክትሪክ፣ መብርሀን መጥፍእን፣ ገመድ ኤሌክትሪክ፣ ቡታ ጋዝ፣ ስሊንደር ወዘተ ዘይምትንካፍ፤ |
| • ኣብ መንገዲ ንዝረኸብካዮም ኣኸልብቲ እምኒ ምድርባይ፤ | ኣብ መንገዲ ንዝረኸብካዮም ኣክልብቲ እምኒ ዘይምድርባይ፤ |
| • ናብ ክፍሊ ክትኣቱ ይኹን ክትወፅእ ምድፋእ፣ ወዘተ። | ናብ ክፍሊ ክትኣቱ ይኹን ካብ ክፍሊ ክትወፅእ ዘይምድፋእ፣ ወዘተ። |

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራት ክዝርዝሩ ምሕታት፡፡
- ካብ ሓደጋ ንምድሓን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ክዛረቡ ምሕታት።
- ዓርሶም ካብ ሓደጋ ንምድሓን ዝገብርዎም ምንቅስቓሳት ብተኸታታሊ ምልከታን ትዕዝብትን ምርግጋፅ።

## 3.2.1 ረብሓ መብራህቲ ትራፊክ መንገዲ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡-1

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ዓይነትን ረብሓን መብራህቲ ትራፊክ ይገልፁ፤
- ሕጊ መብራህቲ ትራፊክ ዕርጊያ ኣኽቢሮም የቋርፁ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦**

- ሕብሪ መብራህቲ ትራፊክን ረብሕኦምን ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣ ፎቶግራፍን ፊልምን፣
- እርሳስ፣ ሕብሪ፣ መደምሰስ፣ ወረቐት፣ ወዘተ፡፡

**መነቓቕሒ፦**


መብራህቲ ትራፊክ ሪኢኹም ዶ ትፈልጡ? ሕብሮም እንታይ ይመስል? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ዝመሰሎም ክምልሱን ዕድል ምሃብ።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ተምሃሮ ዓይነትን ረብሓን መብራህቲ ትራፊክ ኣቐዲሞም ምፍላጦም ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ግቡእ ጥንቃቐ ክገብሩ ይሕግዞም።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ መብራህቲ ትራፊክ እንታይ ማለት እዩ? ኣብ ከባቢ'ኹም መብራህቲ ትራፊክ ኣሎ ዶ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ዝተምሃርዎ እናዘከሩ ክምልሱ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ክንዲ ዝኸኣልዎ ምስመለሱ ከም ዝስዕብ የረድእዎም። መብራህቲ ትራፊክ መካይን ብሓፈሻ ተሽከርከርትን ሰባትን ስርዓት ኣኽቢሮም ክጓዓዙ ዝገብር ኣብ መስቀለኛ /ቀራን/ መንገዲ ዝትከል ምልክት እዩ። መብራህቲ ትራፊክ ሰለስተ ዓይነት ሕብርታት ማለት ቀፃል፣ ብጫን ቀይሕን ኣለውዎ፣
- ቀፃል መብራህቲ ተሽከርከርቲ ንቅድሚት ክጓዓዛ ንየማን ወይ ንፀጋም ክጥወያ ዝፈቅድ፤ ሰባት ኣብ ዘለውዎ ጠጠው ክብሉ ዝእዝዝ እንትኾን ቀይሕ መብራህቲ ድማ ብኣንፃሩ ተሽከርከርቲ ደው ክብላ ሰባት ድማ በቲ ንሰባት መሳገሪ ተባሂሉ ዝተሓንፀፀ መንገዲ ዜብራ ካብ ሓደ ኣንፈት ናብቲ ካልእ ኣንፈት ክሳገሩ መካይን ዝፈቅድ ምልክት እዩ፣
- ብጫ መብራህቲ ትራፊክ ድማ መጠንቀ'ቕታ እዩ። ንኣብነት ቀፃል መብራህቲ እናበርሀ ፀኒሑ ብጫ እንተበሪሁ ተሽከርከርቲ ከይንቀሳቐሳ መጠንቀ'ቕታ ዝህብ እዩ። ቀይሕ እናበርሀ ፀኒሑ ብጫ እንተበሪሁ ድማ ሰባት ከይንቀሳቐሱ ኣብ ዘለውዎ ጠጠው ኢሎም ክፀንሑ መጠንቀ'ቕታ ዝሕብር ምልክት እዩ፣
- እንተ'ኺኢሎም ፖሊስ ትራፊክ ብምዕዳም ብዝበለፀ ከረድኦም ይግበሩ።
- ከምኡ እውን መብራህቲ ትራፊክ ናብ ዘለዎ ቦታ ወሲዶም ብኣካል ንክሪኡ ይግበሩ።



ስእሊ 16፦ መብራህቲ ትራፊክ

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ዓይነትን ረብሓን መብራህቲ ትራፊክ ክገልፁ ሕቶ ቃል ምሕታት፡፡
- መብራህቲ ትራፊክ ብዘይምኽባር ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ክዝርዝሩ ምሕታት።

## 3.2.2 መዝሙር ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 1

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ዝገልፅ መዝሙር ይዝምሩ፤
- ሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ዝገልፅ መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውህሃድ ይዝምሩ፤
- ሓደጋ ካብ ዘስዕቡ ነገራት ዓርሶም ይሕልዉ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-**

- ንሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ዝገልፅ መዝሙር ዝተቐረፆ ሲዲ፣ ፍሌሽ፣ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ፡፡

**መነቓቕሒ፡-**

ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ዝተምሃርዎ ሓደጋ ዘስዕቡ ነገራት ዝገልፅ መዝሙር ክዝምሩ ዕድል ምሃብ።

**ሓበሬታ ንመምህር፡-**

ሓፈሻዊ ሜላ ኣመሃህራ መዝሙር ተለላ ብተለላ ተጠቒምካ ምስትምሃር ይግባእ።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፡-**

- ፈለማ ቅድም ክብሉ ዝፈልጡዎምን ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራት ዝጥምት መዝሙር ክዝምሩ ዕድል ምሃብ፣
- ብምኽኣል ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራት ዝገልፅ መዝሙር ዝተቐድሐ ካሴት ወይ ፍላሽ ሜሞሪ ናብ ቴፕ ኣእቲኻ ብምኽፋት ግጥምን ዜማን እቲ መዝሙር ፅን ኢሎም ክዳምፁ ምንጋር፣
- ብድሕሪኡ ምስቲ ቴፕ ሓቢሮም ክዝምሩ ምግባር። ብምኽኣል በብተራ እናተልዓሉ ክዝምሩ ምትብባዕ። መሊሶም ብሓባር ክዝምሩ ምትብባዕ። መምህር'ዉን ምስ ተምሃሮኦም ሓቢሮም እንተዘመሩ ፅቡቕ እዩ፣
- ነቶም ብፅቡቕ ዝዘመሩ ቆልዑት እናወፁ ክዝምሩ ምትብባዕ፣
- ግጥሚ እቲ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ምንጋር። ደጋጊሞም ብምንባብ ንክፅንዕዎ ዕዮ ገዛ ምሃብ።

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- ሓደጋ ዘስዕቡ ተግባራትን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታትን ዝገልፅ መዝሙር ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ምዝማሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 3.2.3 ፀወታ ጥንቃቐን ድሕንነትን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡-2

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ንድሕንነት ዝጥምቱ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ይፃወቱ፤

- እቲ ፀወታ ዘሕልፎ መልእኽቲ ይገልፁ፤
- ብንቕሓትን ንጥፈትን ኣብቲ ፀወታ ብምስታፍ ሕጉሳት ይኾኑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ፊሽካ፣ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ፍላሽ ካርድታት፣ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ቅድም ኢሎም ዝፈልጥዎን ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምት ፀወታ ክፃወቱ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ኣብዚ ዕድመ እዚ ይ ንዝርከቡ ቆልዑት ፀወታ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ካብ ምምሃር ንላዕሊ ብፀወታ ዝመሃሩዎ ብቐሊሉ ይርደኦም። ንኡሳን ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኣቢልካ ጥራሕ ካብ ምስትምሃር ናብ ደገ ኣውፂእኻ ብፀወታ መልክዕ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ንጥፈታት ክሰርሑ ምግባር ነቲ ዝተደለየ ቅዉም ነገር ብቐሊሉ ንክጭብጥዎ የኽእሎም። ስለዚ ብፀወታ ምስትምሃር ካብቶም ዕቡቓት ሜላታት ኣመሃህራ ሓደ ምዃኑ ምግንዛብ ይግባእ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ብቐዳምነት መምህር ረብሓ ፀወታ ዝጥምቱ ፅሑፋት ከም መፅሓፍ፣ መፅሄት፣ ጋዜጣን ካልኦት በረርቲ ፅሑፋትን ኣንቢብካ ተዳሊኻ ምምፃእ ኣገዳሲ እዩ፣
- ብድሕሪኡ ተምሃሮ ናብ ደገ ክወፁ ብምግባር ኣብ መንገዲ ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ተግባራትን ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታትን ዝጥምቱ ፀወታታት በብጉጅለ ክፃወቱ ምግባር። ፀወታ ቅድሚ ምጅማሩ ሕግን ደንብን እቲ ፀወታ ክግንዘቡ ምግባር። ተምሃሮ በብጉጅለኦም እንትፃወቱ መምህር እናተዘዋወሩ ብምትብባዕ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ፣
- እቲ ፀወታ ብመዝሙር እናተሰነዩ ክፃወትዎ ምግባር፣
- ንጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምቱ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ተምሃሮ ባዕሎም እናመሃዙ ክፃወቱ ምትብባዕ።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ተምሃሮ ሕግን ደንብን እቲ ፀወታ ኣኽቢሮም ምዕዋቶም ምዕዛብ።
- ናይ መንገዲ መብራህቲ ትራፊክ ዓይነታትን ረብሓኦምን ክገልፁ ምሕታት።
- ንጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምቱ ፀወታታት ብዓርሰ ተበግሶ ምዕዋቶም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 3.2.4 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፡-1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስትምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ንጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምቱ ምስልታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ተመሳሳልነትን ኣፈላላይን ንድፍን ልኽያ ሕብርን ይግንዘቡ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- እርሳስ፣ መደምሰስ፣ ሕብሪ፣ ብሩሽ፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

ብዛዕባ ንድፍን ልኽያ ሕብርን ዝፈልጥዎ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ።

ሓበሬታ ንመምህር፦
ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት /1ይ-3ይ ክፍሊ/ ብዛዕባ ንድፍን ልኺያ ሕብርን እናተምሃሩ መጺኦም እዮም ሕዚ ተደልዩ ዘሎ ብዛዕባ ንድፍን ልኺያ ሕብርን ዝሓሸ ክእለትን ግንዛበን ክህልዎም ከምኡ'ዉን ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝጥምቱ ምስልታት ብንድፍን ልኺያ ሕብርን ክሰርሑ እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ምስ ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝተተሓሓዙ ምስልታት ንኣብነት መብራህቲ ትራፊክ፣ መሳገሪ ኣጋር /ዜብራ/ ወዘተ ብንድፍን ልኺያ ሕብርን ክሰርሑ ዕድል ምሃብ። ተምሃሮ እንትሰርሑ እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ፣
- ምስወድኡ ዝሰርሕዎ ንድፍን ልኺያ ሕብርን እናሓዙ ናብ ቅድሚት ብምውፃእ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር። እቶም ዝተረፉ ናይ ክፍሊ ተምሃሮ ድማ ሓሳብን ርኢቶን ክህቡ ዝሓሹ ዝበልዎም ክመርፁ ዕድል ምሃብ፣
- ኩሎም ተምሃሮ ምስ ኣቕረቡ መምህር ባዕሎም ዝሓሹ ዝበልዎም መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ኩሎም ተምሃሮ ብውን ክስተውዕልዎም ድሕሪ ምግባር ዝሓሹ ኢሎም ዝመረፅሉ ምኽንያት ንተምሃሮ የረድእዎም።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ተግባራት ብንድፍን ልኺያ ሕብርን ምስርሖም ብትዕዝብቲ ምርግጋፅ።
- ምልክታት ትራፊክ ብንድፍን ልኺያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ተመሳሳልነትን ኣፈላላይን ንድፍን ልኺያ ሕብርን ክገልፁ ምሕታት።

# 3.3. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ

ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 5

## 3.3.1 እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡-1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ይገልፁ፤
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታትን መከላኸሊ ሜላታትን ይዝርዝሩ፤
- ብመዝሙርን ብኣካላዊ ምንቅስቓስን እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ይገልፁ፤
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታትን መከላኸሊ ሜላታትን ብንድፍን ልኺያ ሕብርን ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታትን መከላኸሊ ሜላታትን ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ፊልም፣
- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ፣ ዝመሓላለፈሉም መንገድታትን መኸላኸሊ ሜላታትን ዝገልፅ መዝሙር ወይ ደርፊ ዝተቐረፆ ካሴትን ቴፕን (ፍላሽ ሜሞሪ)፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝተምሃርዎ መዝሙር ወይ ደርፊ ክደርፉ ወይ ክዝምሩ ዕድል ምሃብ።

ሓበሬታ ንመምህር፦

ተምሃሮ ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት /ካብ 1ይ-3ይ/ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እናዘመሩ መፂኦም እዮም። ኮይኑ ግና ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ኣዝዩ ሓደገኛ ሕማም ስለዝኾነ ብመንፅር ዕድመኦምን ደረጃ ክፍሎምን በብደረጅኡ ክመሃርዎ ግድን እዩ። ስለዚ ንደረጃ ክፍሎምን ዕድመኦምን ዝምጥን ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክመሃሩን እኹል ግንዛበ ክጭብጡን ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ብካሴት ዝተዳለወ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምት መዝሙር ከዳምፁ ምግባር።
- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምምቃል ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ዝተምሃርዎ ብምዝካር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክመያየጡሎም ይግበሩ።
  - ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እንታይ እዩ?
  - ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብኸመይ ይመሓላለፍ?
  - ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘይመሓላለፈሎም መንገድታት እንታይ እንታይ እዮም?
  - ብኸመይ ኸ ክንከላኸሎ ንኽእል?
- ተምሃሮ በብጉጅለኦም እንትመያየጡ መምህር እናተዘዋወሩ የተባብዕዎም። ተመያይጦም ምስወድኡ ኣብቲ ምይይጥ ዝተስማምዑሎም ፍረ ሓሳባት መራሕቲ ጉጅለ በብተራ ከቕርቡ ብምግባር ኣብቶም ዝቐረቡ ፍረ ሓሳባት ሓበራዊ ምይይጥ ምክያድ። መምህር ኣብ መወዳእታ ከምቲ ዝስዕብ የጠቓልልዎ።

ሀ. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክሳብ ሕዚ መድሓኒት ወይ ድማ ክታበት ዘይተረኸበሉ ንኹሉ ሕብረተሰብ ዘጥቅዕ ሓደገኛ ሕማም እዩ።

ለ. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ይመሓላለፉ።

- ብፆታዊ ርክብ፣
- ብምንኽኻእ ደም ማለት ሓደ ሰብ ዝተወግአሉ መርፍእ ካሊእ ሰብ እንትተወጊእሉ፣
- ሓደ ሰብ ዝተጠቐመሉ ቡሩሽ ስኒ ወይ መወፅ ካሊእ ሰብ እንትተጠቒምሉ፣
- ሓደ ቆልዓ ዓንቀር ዝተኸልአሉ ወይ ዝተገረዘሉ መሳርሒ ካሊእ ቆልዓ እንትተጠቒምሉ፣ ወዘተ።

ሐ. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ክመሓላለፍ ኣይኽእልን።

- ሓቢርካ ብምብላዕን ብምስታይን፣
- ሓቢርካ ብምፅዋት፣
- ሓቢርካ ብምህራስ /ብምድቃስ/፣
- ሓቢርካ ብምስራሕ፣
- ሰላምታ ብምልውዋጥ፣
- ገፅ ንገፅ ብምስዕዓም፣ ወዘተ፡፡

መ. ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብዝስዕብ ኣገባብ ምክልኻል ይከኣል እዩ።

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ከይነኻእኻዮ ዘይነክእ ሕማም ስለዝኾነ ስዲ ፆታዊ ርክብ ዘይምፍፃም ማለት ሓደ ምስ ሓንቲ፤ ሓንቲ ምስ ሓደ ብምፅናዕ፣ ኮንዶም ብምጥቃም፣
- ካሊእ ሰብ ዝተጠቐመሎም በላሕቲ ነገራት ከም መርፍእ፣ ቡሩሽ ስኒ ወይ መወፅ፣ መስደዲ ዕፍሪ /መኸልኢ ዕፍሪ/ ወዘተ ዘይምጥቃም።

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- እንታይነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክገልፁ ምሕታት፣
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘይመሓለለፈሉም መንገድታት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- መከላኸሊ ሜላታት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክዝርዝሩ ምሕታት።

## 3.3.2 ምሕብሓብ ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ

### ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፡-1

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ግቡእ ሓገዝን ክንክንን ይገብሩ፤
- ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምቱ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ይዝምሩ፤
- በቲ መዝሙር ኣቢሎም ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እኹል ግንዛበ ይጭብጡ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-**

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምቱ ዝተፈላለዩ መዝሙራትን ደርፍታትን ዝተቐረፆ /ዝተቐድሐ/ ካሴትን ቴፕን፣ ሲዲን ፍሌሽን፣
- ምሕጋዝን ምሕብሓብን ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ፊልም፣ ወዘተ።

**መነቓቐሒ፡-**

ብካሴት ዝተቐድሐ ምሕብሓብን ምሕጋዝን ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምት መዝሙር ንክዝምሩን ደርፊ ንክደርፉን ዕድል ምሃብ።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፡-**

- ብቐዳምነት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምት ብካሴት ዝተቐድሐ መዝሙር ከምኡ'ውን ደርፊ ምድላው፣
- ብምቕፃል እቲ ካሴት ወይ ሲዲ ናብ ቴፕ ኣእቲኻ ብምኽፋት ተምሃሮ ፅን ኢሎም ክዳምፁ ምንጋር። እቲ መዝሙር ወይ ደርፊ ምስተወድአ ተምሃሮ ካብቲ መዝሙር ወይ ደርፊ እንታይ ከምዝተገንዘቡ ክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- ብድሕሪኡ ኣብ ከባቢኦም ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝሓዞም ሰባት ኣለዉ ዶ? ብኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ወለዶም ዝስኣኑ ቆልዑት ትፈልጡ ዶ? ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ሓሳቦም ክገልፁ ምትብባዕ፣
- ተምሃሮ ዝመሰሎም ምስ ገለፁ መምህር ከም ዝስዕብ የረድእዎም። ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ሓቢርካ ብምብላዕን ምስታይን፣ ሓቢርካ ብምህራስ /ምድቃስ/፣ ብሓባር ብምፅዋትን ብምስራሕን፣ ብኢድ ሰላምታ ብምልዉዋጥ ገፅ ንገፅ ብምስዕዓም ወዘተ ኣይመሓላለፍን። ስለዝኾነ ኣብ ከባቢኻ ከምኡ'ዉን ኣብ መምሃሪ ክፍሎም ምስ ዝርከቡ ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ሓቢርካ ምብላዕን ምስታይን፣ ሓቢርካ ምህራስ፣ ሓቢርካ ምፅዋት ፀገም /ክፋእ/ ከምዘይብሉ ክርድኡ ምግባር። እዙይ ፈሊጦም ድማ ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ግቡእ ሓገዝን ክንክንን ንኽገብሩ ምርዳእ። ምግላልን ምብዳልን ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ከም

ዘይግባእ ጠመተ ገይሮም የረድእዎም።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝመሓላለፈሉምን ዘይመሓላለፈሉምን መንገድታት ክዝርዝሩ ምሕታት።
- ምግላልን ምብዳልን ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ክገልፁ ምግባር።
- ምግላልን ምብዳልን ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዘኸትሎ ሳዕቤን ክዛረቡ ምግባር።

### 3.3.3 መዝሙር "ከየጥቀዐና ኤድስ"

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡- 2

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምት መዝሙር ይዝምሩ፤
- ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣወሃሂዶም ብምዝማር መልእኽቲ እቲ መዝሙር የሕልፉ፤
- በቲ መዝሙር ይሕደሱን ይሕጎሱን፡፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ፣
- ብዛዕባ ኤድስ ዝጥምት መዝሙር ዝተቐድሐ ሲዲን ፍሌሽን፣ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፡-

- ረብሓ መዝሙር ክገልፁ ዕድል ምሃብ።
- ተምሃሮ ሓሳቦም ምስ ገለፁ ረብሓ መዝሙር ምግላፅ።

## ሓበሬታ ንመምህር፡-

መዝሙር ኣብ መንፈሳዊ ኾነ ዓለማዊ ህይወት ልዑል ረብሓ ከም ዘለዎን ዝደለኻዮ መልእኽቲ ብቐሊሉ ንምምሕልላፍ ዝጠቅምን እዩ። ብፍላይ ካብ 1ይ-4ይ ኣብ ዘለዉ ክፍልታት ብመዝሙር ምስትምሃር ቆልዑት ከይተሰላቸዉ ማለት እናተዘናግዑ ዝድለ ቅዉም ነገር ክጭብጡ ይገብር።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝጥምት መዝሙር ኣቐዲምካ ብካሴት ቀዲሕካ ምድላው። እቲ ዝተቐድሐ መዝሙር ኣብ ቴፕ ኣእቲኻ ብምኸፋት ተምሃሮ ፅን ኢሎም ከዳምፁ ምንጋር። ብድሕሪኡ እቲ ቴፕ ብምዕፃው ዘዳመፅዎ መዝሙር ደጋጊሞም ክዝምሩ ምትብባዕ። መምህር'ዉን ሓቢሮም ምስ ተምሃሮኦም ይዘምሩ/ራ/። ደጋጊሞም ክዝምሩ ብምግባር ብግቡእ ክመልክዎ ምግባር። ብድሕሪኡ ቀፂሉ ዘሎ ከየጥቀዐና ኤድስ ዝብል ግጥሚ መዝሙር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብምፅሓፍ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ምንጋር። ደጋጊሞም ብምንባብ ብዝግባእን ከፅንዕዎ ድማ ምዝኽኻር።

መዝሙር፡- ከየጥቀዐና ኤድስ

ስምዑ ደቂ ክፍለይ
ኩሉኹም መሓዙተይ
ሓደገኛ ኤድስ ኣሎ ኣብ ቅድሜና
ንጠንቀቕ ኩላትና፡፡

(2 ግዘ)

ህፃን፣ መንእሰይ ሽማግለ ከይበለ
ሰብኣይ ሰበይቲ ከይፈለየ
ቀይሕ ፀሊም ከይበለ
ቋንቋ ሃይማኖት ከይፈለየ
ምሉእ ዓለም ዘካለለ፡፡

ስምዑ ደቂ ክፍለይ
ኩሉኹም መሓዙተይ
ሓደገኛ ኤድስ ኣሎ ኣብ ቅድሜና
ንጠንቀቕ ኩላትና
ሊቃውንቲ ዓለም ዘጨነቐ ዝፈተነ
ቀታሊ ሰብ እናመንመነ (2 ግዘ)
ምጥንቃቕ ምክልኻል'ዩ ፍቱን መድሓኒቱ
ሓደ ምስ ሓንቲ፣ ሓንቲ ምስ ሓደ ምፅናዕ'ዩ መድሓኒቱ፡፡

ስምዑ ደቂ ክፍለይ
ኩሉኹም መሓዙተይ
ሓደገኛ ኤድስ ኣሎ ኣብ ቅድሜና
ንጠንቀቕ ኩላትና፡፡ (2 ግዘ)

ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምጉጃል እዚ መዝሙር ብደንቢ ኣፅኒዖም ዜማ ኣውፂኦም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ጉጅለታት በብተራ እናወፁ ክዝምሩ ምትብባዕ። ኣብ መወዳእታ ኩሎም ብሓባር ክዝምሩ ምግባር።

### ኣገባብ ገምጋም፡-

- ዜማ ኣውፂኦም ነቲ መዝሙር ብዝግባእ ምዝማሮም ብምድማፅ ምርግጋፅ።

## 3.3.4 ንድፍን ልኽያ ሕብርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፡-1

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክንክንን ሓገዝን እንትግበር ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ።

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- እርሳስ፣ መደምሰስ፣ ሕብሪ፣ ቡሩሽ፣
- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክንክን ሓገዝን እንትግበር ዘርኢ ፖስተር፣ ፎቶግራፍ፣ ፊልም፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

ኣብ ዝሓለፉ ክፍለ ግዘታት ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝተምሃርዎ መዝሙር ክዝምሩ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

ኣብ ሓድነትን ኣፈላላይን ንድፍን ልኽያ ሕብርን ጠመተ ብምግባር ተምሃሮ ንደረጀኦም ዝምጥን እኹል ግንዛበ ክጭብጡ ምግባር።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ፈለማ ምስሊ ደስ ዘበሎም ነገር ተኸሊ፣ እንስሳ፣ ገዛ ወዘተ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ክሰርሑ ዕድል ምሃብ፣
- ብምቕፃል ተምሃሮ ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክንክንን ሓገዝን እንትገብሩ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ክሰርሑ ምትብባዕ። ዝሰርሕዎ ምስሊ በብተራ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር። ኩሎም ምስ ኣቕረቡ ኣብቶም ዝቐረቡ ስራሕቲ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ተምሃሮ ባዕልቶም ርኢቶ ከዕርፉን ዝሓሸ ዝበልዎም ክመርፁን ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ዝሓሸ እዮም ዝበልዎም ምስልታት መሪፆም ኣብ ሰሌዳ ብምጥቃዕ ተምሃሮ ብውነ ክስተውዕሎም ምንጋር። ዝሓሸ እዮም ኢሎም ዝመረፅሉ ምኽንያት ንተምሃሮ ይግለፁሎም ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ክሰርሑ መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ የተባብዕዎም።



ስእሊ 16፦ ሀ- ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብንድፊ ዘርኢ ምስሊ



ስእሊ 16፦ ለ- ሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ብልኸያ ሕብሪ ምስሊ

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ሓገዝን ክንክንን እንትግበር ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ክሰርሑ ምኽኣሎም ምርግጋፅ።

# መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፦

ምዕራፍ ሰለስተ ጥንቃቐን ድሕንነትን ዝብል እንትኾን ኣብ ትሕቲኡ፦

- ፅሬት ቅፅሪ ቤት ትምህርቲ ምሕላውን ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕምበባታትንን ምምልኻዕ፡፡
- ድሕንነት መንገዲ ትራፊክ፡፡
- ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ዝብሉ ዓበይቲ ርእስታት ይርከቡ። ኣብ ትሕቲ እዞም ዓበይቲ ርእስታት'ውን ዝተፈላለዩ ንኡስ ርእስታት ተኻቲቶም ይርከቡ። ንኣብነት ንድፍን ልኸያ ሕብርን፣ ረብሓ መብራህቲ ትራፊክ ንሕሙማት ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምሕጋዝን ምሕብሓብን ወዘተ።
- ብመሰረት እዞም ዝተሓበሩ ርእስታትን ትሕዝቶታትን ንምስትምሃር ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣመሃህራ ንምጥቃም ተፈቲኑ እዩ። ንኣብነት ብመዝሙር፣ ብፀወታ፣ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን፣ ብምይይጥ፣ ብዕዮ ገዛን ዕዮ ክፍልን፣ ብፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣ ብሲዲ፣ ፍሌሽ፣ ካሴትን ቴፕን ወዘተ። ስለ ዝኾነ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዝርከቡ ተምሃሮ ብመንፅር ዕድሚኦምን ደረጃ ክፍሎምን ብዛዕባ ጥንቃቐን ድሕንነትን ማለት ብዛዕባ ፅሬት ቤት ትምህርቲ ምሕላውን ብዝተፈላለዩ ተኽልታትን ዕምበባታትንን ምምልኻዕ፣ ብዛዕባ ድሕንነት መንገድን መብራህቲ ትራፊክን፣ ብዛዕባ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ክጭብጥዎም ዝግብኡ ቀዉም ነገራት ከም ዝጨበጡ ይእመን።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ተግባር ክፍሊ ኣካላት

## ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ሓፈሻዊ ክፍለግዘ፦ 54

## መእተዊ፦

ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዘለዉ ተምሃሮ ብዛዕባ ተግባር ክፍሊ ኣካላት ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት /1ይ-3ይ/ ተማሂሮም እዮም። ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ እቶም ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት ዝተምሃሩዎም ብኢድ ዝስርሑ ተግባራት፣ ብእግሪ ዝስርሑ ተግባራት፣ ኢድን ዓይንን ብምውዳድ ዝስርሑ፣ እግርን ዓይንን ብምውዳድ ዝስርሑ፣ ኢድን እግርን ብምውዳድ ዝስርሑ ወዘተ ብመልክዕ ክለሳ /እያሞ/ ደጊሞም ብምስራሕ ካብ ዝሓለፉ ክፍልታት ብዝበለፀ ተግባር ክፍሊ ኣካላቶም ክግንዘቡ፣ መሰረታዊ ክእለታት ከምኡ'ዉን ብቕዓት ክፍሊ ኣካላቶም ከማዕብሉ እዩ።

- ተምሃሮ ብዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላቶም ዝሰርሕዎም ተግባራዊ ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ብጥንቃቐን ስርዓት ብዝተኸተለ ቅደም ሰዓብን እንተዘይተሰሪሖም ጉድኣት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብዙይ ሓገዝን ክትትልን መምህራን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ካብ ምዕራፍ ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦-

### ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦-

- ተግባራት ኢድን እግርን ይፈልጡ። ክእለት ምስ ኢድን እግርን ዝተተሓሓዙ መሰረታዊ ምንቅስቓሳት የማዕብ፤
- ኢድን ዓይንን፣ እግርን ዓይንን፣ ኢድ፣ እግርን ዓይንን ብምውዳድ ዝስርሑ ንጥፈታት በቲ ዝድለ ኣገባብ ይሰርሑ፤
- ረብሓ ክፍሊ ኣካላቶም ተገንዚቦም ንክፍለ ኣካላቶም ግቡእ ጥንቃቐ ይገብሩ፤

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

ባህሪ እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ብንቕሓትን ንጥፈትን ክሳተፉን ክሰርሑን ዝገብር እዩ። ስለዝኾነ መምህራን ዝስዕቡ ሜላታት ኣመሃህራ ክጥቀሙ ይግባእ።

- ሕቶን መልስን፣
- ጉጅላዊን ሓበራውን ምይይጥ፣
- ብስራሕቲ ውልቀን ጉጅለን ብምሃብ፣
- ብዕዮ ገዛን ክፍልን ብምሃብ፣
- ብመዝሙር፣
- ብኣካላዊ ምንቅስቓስ፣
- ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ወዘተ ዝብሉ ዋላኳ እንትኾኑ መምህር ህልው ኩነታት ቤት ትምህርቶም ኣብ ግምት ብምእታው ካልኦት ዝሐሹ ዝብልዎም ሜላታት ኣመሃህራ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ድንሽ፣ መቐስ /ካተር/፣ ሕብሪ፣ ፀፀራት፣ ጥረምረ፣ ሑፃ፣ ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣

መዝለሊ ገመድ፣ ዝተፈላለየ መጠን ዘለወን ጨርቂ ኩዕሶታት፣ ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥና ዝነጥራ ኩዕሶታት ላስቲክ፣ ወዘተ።

# 4.1 ብኢድ ዝፍፀሙ ተግባራት

**ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 14**

## 4.1.1 ተግባራት ኢድ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ተግባራት ኢድ ይዝርዝሩ፣
- ተግባራት ኢድ ዝገልፁ መዝሙራት ምስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ይዝምሩ፣
- ተግባራት ኢድ ዝገልፁ ምስልታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፣
- ተግባራት ኢድ የድንቑ፣
- ንኣእዳዎም ግቡእ ጥንቃቐ ይገብሩ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥና ዝነጥራ ኩዕሶታት፣
- ንንድፍን ልኽያ ሕብርን ዘድልዩ ናውቲ፣

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ሓደ ኣካል ካብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ዝተሃነፀ እዩ፡፡ ሕድ ሕድ ኣካል እውን ነናይ ባዕሉ ተግባር ኣለዎ። ይኹን ደኣምበር ከም ሓደ ሙሉእ ኣካል ኮይኑ ብህይወት ንክነብር ጥሙር ስራሕ ኩሎም ክፍሊ ኣካላት ወሳናይ እዩ። ኣካል ውሽጣዊ ኣካልን ደጋዊ ኣካልን ኢልካ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ርእሲ ጠመተ ዝግበረሉ ንደጋዊ ክፍሊ ኣካል እዩ። ስለዝኾነ ተምሃሮ ረብሓን ተግባርን ኢድ፣ እግርን ልዕሊ ክሳድ ዘሎ ኣካልን ክርድኡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ንኣብነት፦ ኢድ ንምብላዕ፣ ንምስታይ፣ ንምፅሓፍ፣ ንምስኣል፣ ንምድርባይ፣ ንምቕላብ፣ ንምሕራስ፣ ንምኹዓት፣ ንምፅሃይ፣ ንምንዳቕ፣ ንምቑራፅ ወዘተ። እግሪ ድማ ደው ንምባል፣ ንምስጓም፣ ንምጉያይ፣ ንምዝላል፣ ኩዕሶ ንምውቃዕን ንምፅዋትን ወዘተ። ኣፍንጫ ንምጭናው፣ ኣየር ካብ ሳንባ ንምውፃእን ንምእታውን ማለት ንምትንፋስ፣ ኣፍ ንምልሓስ፣ ንምብላዕን ንምዝራብን፣ ዓይኒ ንምርኣይ፣ እዝኒ ንምድማፅ የገልግሉ።

ብሓፈሻ ብዛዕባ ክፍሊ ኣካላት ኣብ ትምህርቲ ከባቢያዊ ሳይንስ ብዝበለፀ ከምዝመሃርዎ ይሓብሩሎም።

## 4.1.2 ሕትመት ድንሽ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 7

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- እንታይነት ሕትመት ድንሽ ይገልፁ፣
- ኣሰራርሓ ሕትመት ድንሽ ይዝርዝሩ፣

- ብድንሽን ካልኦት ነገራትን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሕትመት ይሰርሑ፤
- ኣሰራርሓን ስራሕትን ሕትመት የድንቑ፤

## ዝድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ድንሽ፣ ወረቐት፣ ሕብሪ/ሕብሪ ወይ ቀለም፣ ቅርጺ መውፅኢ ላማ፣ ሰንጢ ወይ ካሊእ በሊሕ ነገር፣
- ስራሕቲ ሕትመት ዝርእዩ ፖስተራትን ፎቶ ግራፋትን፣
- ካልኦት ንስራሕቲ ሕትመት ዝድልዩ ናውቲ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ኣብ ዝሓለፉ  ክፍልታት  ብዛዕባ ሕትመት ዝተምሃርዎ ንምዝኽኻር ሕትመት እንታይ ማለት እዩ? ካብ 1ይ-3ይ ክፍልታት ብዛዕባ ሕትመት እንታይ ተማሂርኩም? ዝብሉ ሕቶታት ምሕታት።
ብምቕፃል ኣፃብዕቲ ኣእዳዎም ከምኡ'ውን ሳንቲም፣ ባሊቃ /መኽደን ቢራ ወይ ለስላሳ/፣ መደምሰስ ወዘተ ሕብሪ ወይ ሕብሪ ወይ ቀለም እናለኸዩ ኣብ ፃዕዳ ወረቐት ብዝተፈላለየ ቅርፂ ክሕትሙ ምግባር።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ሕትመት ሓደ ነገር ኣብኡ እንከሎ ብቀጥታ ሕብሪ ወይ ቀለም ብምልካይ ወይ ድማ ቆሪፅካ ብምምፃእ ሕብሪ ብምልካይን ብምጥማዕን ኣብ ወረቀት ወይ ተመሳሳሊ ነገር ብምዕራፍ ምስሊ እቲ ነገር ክረአ ወይ ክወፅእ ምግባር እዩ።

መጠንን በዝሕን ሕትመት ብዝደለኻዮ ደረጃ ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ምድላው ይከኣል እዩ። ንኣብነት ኣብ ድንሽ፣ ጎማ፣ ጣውላ፣ ወረቀት /ባኮ/፣ ጨርቂ ወዘተ ቅርፂ /ንድፊ/ ብምንዳፍ ወይ ድማ ፅሑፍ ብምፅሓፍ ሕብሪ ወይ ቀለም እናጠማዕኻን እናለኸኻን ምሕታም ይከኣል እዩ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦


- ንስራሕቲ ሕትመት ዝድልዩ ናውቲ ንኣብነት ድንሽ፣ ባሊቃ፣ ንእሽተይ ክቢ ጣውላ፣ ቁራፅ ክቢ ጎማ፣ ሕብሪ ወዘተ ሒዞም ንክመፁ ኣቐዲምካ ምዝራብ፣
- ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ሕትመት እንታይ ማለት እዩ? ሕትመት ከመይ ይስራሕ? ንሕትመት ዝድልዩ ነገራት ዘርዝሩ። ኣሰራርሓ ሕትመት ብቕደም ሰዓብ ግለፁ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ንክመያየጡ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ክንዲ ዝኽኣልዎ ሓሳቦም ምስገለፁ ኣብ ላዕሊ ሓበሬታ ኣብ ዝብል ዝተቐመጠ ሓሳብ ማለት እንታይነት ሕትመት መምህር የረድእዎም። ንቀጥታ ሕትመት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበረ ዝተፈላለዩ ተፈጥሯውን ስራሕ ሰብን ነገራት ምጥቃም ይከኣል እዩ። ንኣብነት፣ ባሊቃ፣ ቆፅሊ፣ መደምሰስ፣ ገመድ፣ ልሕጺ ወዘተ። ቅርጺ ብምውፃእ ንዝስራሕ ሕትመት ድማ ድንሽ፣ ረጕድ ወረቐት /ባኮ/፣ ንእሽተይ ክቢ ጣውላ፣ ክቢ ጎማ ወዘተ ምጥቃም ከም ዝከኣል ምግላፅ፣
- ኣፃብዕቲ፣ ባሊቃ፣ ቆፅሊ፣ መደምሰስ፣ ሳንቲም ወዘተ ሕብሪ እናለኸና ኣብ ወረቐት ብምዕራፍ ብምጥቃዕ እንሰርሖ ሕትመት ቀጥታ ሕትመት ከም ዝበሃል፤ ድንሽ፣ ጣውላ፣ ጎማ ወዘተ እናቐረፅና ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለየ ንድፊ ብምውፃእ ወይ ፅሑፍ ብምፅሓፍ እንሰርሖ ዓይነት ሕትመት ድማ ዘይቀጥታዊ ሕትመት /ቀረፃ ሕትመት/ ከም ዝበሃል ክግንዘቡ ምግባር፣
- ብዛዕባ ሕትመት ግንዛበ ምስረኸቡ ንቀፃላይ ክፍለ ግዘ ዓብዪ ድንሽ፣ ንድፊ መውፅኢ በሊሕ ነገር /ላማ፣ ሰንጢ/ ወዘተ ሒዞም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣዳልዮም ሒዞም ምስ መፁ ኣብ

ዝሓለፉ ክፍልታት ሕትመት ድንሽ ሰሪሕኹም ዶ ትፈልጡ? ብኸመይ ዓይነት ኣገባብ ሰሪሕኹም? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጡን ክመያየጡን ዕድል ምሃብ፣

- ብድሕሪኡ ኣሰራርሓ ሕትመት ድንሽ ክርድኡ ምግባር።

## ኣሰራርሓ፦

- ፈለማ ዘምፅእዎ ሕብሪ ማይ ወይ ቀለም ኣብ ዝርግሕ ዝበለ ኣቕሓ ብምብፅባፅ ምድላው። ብምቕፃል ሒዞምዎ ዝመፁ ዓበይቲ ድንሻት ብላማ ወይ ብሰንጢ ኣብ ክልተ ማዕረ ምምቃል። እቲ ላማ ወይ ሰንጢ ከይሓርዶም ግቡእ ጥንቃቐ ንኽገብሩ ኣቓዲምካ ምንጋር፣
- ኣብቲ ሓደ ክፋል እቲ ድንሽ ድማ ደስ ዝበሎም ንድፊ /ምስሊ/ ብእርሳስ ብምንዳፍ ካብቲ ንድፊ ወፃኢ ዘሎ ብጥንቃቀ ብላማ ቀርዲድካ ምውፃእ። ብድሕሪኡ እቲ ንድፊ ዝዓረፎ ወይ ፊደል ዝተፅሓፎ ክፋል ድንሽ ኣብቲ ዝተዳለወ ሕብሪ ማይ ወይ ቀለም እናጠማዕኻ ኣብ ፅሩይ ፃዕዳ ወረቐት ብምዕራፍ ምሕታም እዩ፣
- እዚ ከይዲ እዚይ መምህር ብተግባር የርእይዎም/ኦም/ ብምቕፃል ተምሃሮ በብክልተ፣ በብሰለስተን ካብ 4-6 ብሓደ እናኾኑ ብመሰረት ዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ሕትመት ድንሽ ንክለማመዱ እኹል ግዘ ምሃብ።
- ተምሃሮ እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ/ራ ክትትል ብምግባር እናተባብዑ/ዓ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ/ማ። እቲ ካብ ንድፊ ወፃኢ ዘሎ ክፋል ድንሽ ብላማ ወይ ሰንጢ ከይሓርዶም ግቡእ ጥንቃቐ ንኽገብሩ ኣቓዲምካ ምንጋር ኣገዳሲ እዩ።




ስእሊ 17፦ ምስሊ ንሕትመት ተፈጊኡ ዝተዳለወ ድንሽ

## ሓበርታ፦

እቲ ድንሽ ኣብ ገዝኦም መቑሎምዎን ቆሪፆምዎን እንተመፂኦም ንፋስ ስለዝኣትዎን ፅምሉው ስለዝብልን ንድፊ ንምስራሕ ይኹን ንምቕራፅ ኣይምቹውን። ስለዚ ናብ መምሃሪ ክፍሊ ሒዞም መፂኦም ኣብ ክፍሊ ክመቕልዎ ምግባር ዝሓሸ እዩ።

- ሕብሪ ወይ ቀለም እንትጠምዑ ከየብዝሕዎ ወይ ድማ ከየንእስዎ ምጥንቃቕ ይግባእ። ሕብሪ ወይ ቀለም እንትጠምዑ እንተበዚሑ ፈለማ ኣብ ካሊእ ወረቐት ክፍትንዎ ከም ዘለዎም ምንጋር።

## ኣገባብ ኣመዛህራ፦

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ሕትመት ድንሽ ክገልፁ ምሕታት፣
- ብትኽክል ንድፊ ኣውፂኦም /ስኢሎም/ እቲ ዘይድለ ኣካል ብጥንቃቐ ቀርዲዶም ምውፅኦም ብምልከታ ምርግጋፅ፣
- ብትኽክል ክሕትሙ ምኽኣሎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።

# 4.2 ኢድን እግርን ብምውዳድ ዝስርሑ ተግባራት

**ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 23**

## 4.2.1 ውቅዒት /ህርመት/ ምግላብ

**ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3**

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ምስ ውቅዒት /ህርመት/ ሙዚቃ ብምውዳድ ምንቅስቓስ ምግላብ ይሰርሑ፤
- ምንቅስቓስ ምግላብ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ምግላብ ፈረስ ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣
- ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- ክልተ ሜትር ንውሓት ዘለዎ ዘንጊ (ጢን በትሪ)፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

- ክልተ ሜትር ንውሓት ዘለዎ ዘንጊ /ቀጢን በትሪ/ ኣዳልዮም ሒዞም ክመፁ ኣቐዲምካ ምንጋር።
- ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዝ ኣዳልዮም ዘምፅእዎ ዘንጊ ሒዞም ናብ ሜዳ ክወፁ ምግባር።
- ኣብ ሓደ ጫፍ እቲ ሜዳ ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ ተምሃራይ ካብ 1-2 ሜትር ርሕቐት ኣፈላላይ ብጋድም መስርዕ ደው ክብሉ ምግባር ይግባእ።
- ብምቕፃል ዝሓዝዎ በትሪ /ዘንጊ/ ኣብ ሞንጎ ክልቲኡ እግሮም ብምግባርን ንቕድሚት ዘሎ ጫፍ እቲ በትሪ ብሓዲኡ ኢዶም /ብየማናይ ወይ ብፀጋማይ/ ብምሓዝ ብድሕሪት ዘሎ ጫፍ መሬት ክነክእ ምግባር።
- ብድሕሪኡ መምህር ብጣቕዒት ወይ ብፊሽካ “ጀምሩ” ዝብል ትእዛዝ ምስ ሃቡ ኩሎም ተምሃሮ ብሓደ ግዝ ከም ፈረስ እናጋለቡ /እናጫደሩ/ ካብቲ ሓደ ጫፍ ናብቲ ሓደ ጫፍ እቲ ሜዳ ይንቀሳቐሱ /ይጎዩ/። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ።

### መረዳእታ ንመምህር፦


ሪትም ዝብል ቃል ብቀጥታ ካብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ዝተወሰደ እንትኸውን ብትግርኛ ውቅዒት /ህርመት/ ዝብል ይኸውን። ውቅዒት ኣብ ኪነ ጥበብ ልዑል ተራ /ግደ/ ኣለዎም። ውቅዒት /ህርመት/ ኣብ ማዕረን ድሩትን መጠን ግዝ ዝፍፀም ዝኾነ ይኹን ፍፃመ ዘመልክት እዩ። ብኻሊእ ኣዘራርባ ኣብ ሓፂር ግዝ ዝፍፀም ድግግም ዘመልክት እዩ። ውቅዒት /ህርመት/ ፃኒሒት ግዝ ኮይኑ ምንዋሕን ምሕፃርን ድምፂ ዘነፃፅር እዩ። ንኣብነት ነዊሕ ድምፂ፣ ሓፂር ድምፂ፣ ማእኸላይ ድምፂ፣ ብጣዕሚ ቅልጡፍ፣ ቅልጡፍ፣ ማእኸላይ ቅልጣፈ፤ ውቅዒት ስጉምቲ፣ ውቅዒት ጉያ፣ ውቅዒት ምንጣር፣ ውቅዒት ምግላብ፣ ወዘተ ዘመላኽት እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ፈለማ ብዘለዎም ተሞኩሮ ከም ፈረስ እናጋለቡ ኣብ ሜዳ ንክጎዩ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ በብክልተ ብምዕማድ ሓዲኡ ብውቅዒት ምግላብ እንተጣቕዕ እቲ ሓደ ነቲ ሪትም ውቅዒት ተኸቲሉ ከም ፈረስ ይንቀሳቐስ። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ እናተቐያየሩ ደጋጊሞም ክለማመድዎ ምትብባዕ፣
- ተምሃሮ ንዝተወሰኑ ደቓይቕ /ካብ 3-5 ደቓይቕ/ ምስ ተለማመዱ ብዛዕባ ውቅዒት /ህርመት/

ምግላብ መብርሂ ምሃብ፣

- ውቕዒት /ህርመት/ ምግላብ 2/16 ኖታታት ምስ 1/8 ኖታታት ብምትሕሓዝ ይውከል። ቀፂሉ ዘሎ ምልክት የስተውዕሉ።



## 4.2.2 ኩዕሶ ደርቢ'ኻ ብምጥቃዕ ምቑላብ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 3

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

### ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- መሰረታዊ ደው ኣባህላ ብተግባር የርእዩ፤
- መሰረታዊ ደው /ጠጠው/ ኣባህላ ተጠቒሞም ብውልቀ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቕዑን ይቕልቡ፤
- ብዕምድን ብጉጅለን ኩዕሶ ብትኽክል ይቀባበሉ፤
- ኩዕሶ ብኢድ ምቅብባል ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽዖ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥና ኩዕሶታት፣
- ኩዕሶ ብትኽክል ምቅብባል ዘርኢ ፖስተር ወይ ፎቶግራፍ፣ ወዘተ።

### መነቓቕሒ፦

ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብዘለዎም ሕሉፍ ተሞኩሮ ብውልቀ፣ ብዕምድን ብጉጅለን ኩዕሶ እናደርበዩ ክቕልቡን ክቀባበሉን ነፃ ምስዳድ።

### ሓበሬታ ንመምህር፦

ኩዕሶ እናደርበ'ኻ ምቑላብን ምቅብባልን ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታት እናተምሃሩ መፂኦም እዮም። ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ድማ ተዳልዩ ዘሎ ካብቲ ዝሓለፈ ብዝበለፀ ኢድን ዓይንን፣ እግርን ዓይንን ብሓፈሻ ምሉእ ሰውነት ብምውዳድ ክእለት ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን፣ ምቅብባል፣ ምውቃዕ ወዘተ ከማዕብሉ እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ዓቕሞም ዝምጥን ኩዕሶ ጨርቂ ወይ ኩዕሶ ላስቲክ ሒዞም ክመፁ ኣቐዲምካ ምንጋር። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ዘዳለውዎ ኩዕሶ ሒዞም ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ በብጉጅለኦም ብምኺን ንሰለስተ ደቓይቕ ዝኣክል ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምንጋር፣
- ብድሕሪኡ ኣብ 3ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ኩዕሶ እናደርበ'ኻ ምቑላብ ብምዝካር ኣብ ሜዳ ተበታቲኖም ብውልቀ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩ ክቕልቡ ዕድል ምሃብ፣
- ተምሃሮ ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብን ብምትብባዕን ትኽክለኛ ኣደባርያን ኣቀላልባን ኩዕሶ ክፈልጡ ምሕጋዝ። ብምቕፃል ኣብ ሓደ ጉጅለ ካብ 3-5 ዝኾኑ ተምሃሮ ብምጉጃል ነንባዕሎም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ክለማመዱ ምግባር። ተምሃሮ በብጉጅለኦም እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ

ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት የስተውዕሉ፣

- ን10 ደቓይቕ ዝኣክል ምስ ተለማመዱ ብፊሽካ ብምፅዋዕ ብኸቢ ደው ክብሉ ምግባር። ብምቕፃል እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት ብውልቀን ብፅምድን ናብ ማእኸል ብምእታው መሰረታዊ ደው ኣባህላ ተጠቒምካ ኩዕሶ ንላዕሊ ምድርባይን ምቑላብን ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ፣ ክከታተሉን ከስተውዕሉን ምንጋር፣
- ብድሕሪኡ ድማ መምህር ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን ዝሕግዝ መሰረታዊ ደው /ጠጠው/ ኣባህላ ብዝበለፀ ክግንዘቡ ምግባር፣
  ንኣብነት፦ ኣእጋር ብመጠኑ ብምኽፋት የማናይ ወይ ፀጋማይ እግሪ ብምቕዳም ኣብራኽ ብመጠኑ ዕፅፍ ምባል። ኩዕሶ ዝሓዙ ኣእዳው እዉን ካብ ኩርናዕ ዕፅፍ ብምባል ደው /ጠጠው/ ምባል።

እዚ ደው /ጠጠው/ ኣባህላ ኣብ ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን መሰረታዊ ደው ኣባህላ /ቤዚክስታንስ/ ይበሃል። ብጣቕዒት ወይ ብፊሽካ ደርቢ /ወርውር/ ዝብል ትእዛዝ እንትወሃብ ዕፅፍ ኢሎም ዝነበሩ ኣብራኽን ኣእዳውን ብቕልጣፈ ብሓደ ግዘ ብምዝርጋሕ ኩዕሶ ንቕድሚትን ንላዕልን ምድርባይ /ምውርዋር/።

ንላዕሊ ዝተደርበየት ኩዕሶ ርሕቕታ /ብራኽኣ/ ወዲኣ እንትትምለስ ኣእዳው ልዕሊ ርእሲ ብምዝርጋሕ ኣፃብዕቲ ዝርዝር ብምባልን ምቑላብ። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።




ስእሊ 18፦ ሀ- መሰረታዊ ደው ኣባህላ ምድርባይን ምቑላብን ኩዕሶ

ድሕሪ መምህር ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ተምሃሮ ኣብ ሜዳ ተበታቲኖም ዘምፅእዎ ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበዩ ክቕልቡ እኹል ግዘ ምሃብ፣

ንኣብነት፦

- ኩዕሶ ብክልተ ኢድ ንላዕሊ ብምድርባይ ርሕቕታ ወዲኣ እንትትምለስ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ብምስጓምን ሓደ ግዘ ብምጥቃዕን ኩዕሶ ምቑላብ፣
- ኩዕሶ ንላዕሊ ኣዐሪኻ ብምድርባይ ካብ 2-3 ቅልጡፍ ስጉምቲ ንቕድሚት ብምስጓምን ካብ 2-3 ግዘ ብምጥቃዕን ኩዕሶ ምቑላብ፣
- ኩዕሶ ንላዕሊ ብምድርባይ ካብ 2-3 ግዘ ካብ ፀጋም ናብ የማን ካብ የማን ናብ ፀጋም ብምዛር ኩዕሶ ምቑላብ፣
- ኩዕሶ ንላዕሊ ብምድርባይ ካብ 2-3 ግዘ ሓፍ ኮፍ ብምባል ምቑላብ፣
- ኩዕሶ ንላዕሊ ብምድርባይ ብሑቖኺ ብምህራስን ተመሊስካ ብምትሳእን ምቑላብ ወዘተ። እዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ንክሰርሕዎ ምትብባዕ። ተምሃሮ እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ ብምትብባዕ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ።



ስእሊ 18፦ ለ- ኩዕሶ ንላዕሊ እናደርበኻን እናጣቓዕኻን ምቑላብ

ድሕሪ ልምምድ ውልቀ ካብ 3-5 ቀልዑት ብሓደ ብምጉጃል ነንባዕልቶም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ክለማመዱ እኹል ግዘ ምሃብ። ብተወሳኺ ካልኦት ክእለት ምድርባይን ምቑላብን ዘማዕብሉ ፀወታታት የፃውትዎም።

ንኣብነት፦ ተምሃሮ ብኽቢ ደው ክብሉ ምግባር። ኣብ ማእኸል ድማ ብሓሞኹሽቲ ምልክት ብምሕንፃፅ ዓብዪ ክቢ ብምስራሕ ኣብ ውሽጡ ኩዕሶ ምቕማጥ። ብድሕሪኡ ካብ ሞንጎ ተምሃሮ ሓደ ቆልዓ ናብ ማእኸል ኣትዩ ነታ ኩዕሶ ኣልዒሉ ብኽልቲኡ ኢዱ ንላዕሊ ብምድርባይ ካብ ሞንጎ ደቂ ክፍሉ ስም ሓደ ቆልዓ ይፀርሕ። ስሙ ዝተፀርሐ ቆልዓ ቀልጢፉ ናብ ማእኸል ብምእታው ንላዕሊ ዝተደርበየት ኩዕሶ ቅድሚ መሬት ምንክኣ ንምቑላብ ይፍትን። እንተቐሊብዋ ንሱ'ዉን ብተርኡ ኩዕሶ ንላዕሊ ብምድርባይ ስም ሓደ ቆልዓ ይፀርሕ። ዝተደርበየት ኩዕሶ ክቀልባ እንተዘይክኢሉ ግና ካብ ፀወታ ወፃኢ ተባሂሉ ናብ ቦትኡ ይምለስ። ክክንድኡ ካሊእ ቆልዓ ይትካእ። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ተምሃሮ ብንቕሓት ንክሳተፉ ምትብባዕ። ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ክፃወቱ ምግባር፡፡

- ተምሃሮ ካልኦት ተመሳሰልቲ ፀወታታት ባዕሎም እናመሃዙ ክፃወቱ ብምትብባዕ ክእለት ምድርባይን ምቑላብን ኩዕሶ ከማዕብሉ ይግበሩ/ራ/።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ኩዕሶ ብትኽክል ንምድርባይን ምቑላብን ዘኽእል መሰረታዊ ደው /ጠጠው/ ኣባህላ ክገልፁን ብተግባር ክርእዩን ምሕታት።
- ኩዕሶ ብክልተ ኢዶም ንላዕሊ እናደርበዩን እናጣቕዑን ምቑላብ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ምስታፎም ብትዕዝብቲ ምርግጋፅ።
- ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ምሕታት።

## 4.2.3 ዝላ ገመድ /ብውልቀ፣ ብፅምዲ፣ ብጉጅለ/

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ብውልቀ፣ ፅምድን ጉጅለን ብምኳን ዝላ ገመድ ብትኽክል ይዘሉ፤
- ብመልክዕ ውድድር ገመድ ይዘሉ፤
- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፡-

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥን መዝለሊ ገመድ፣
- ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣዛልላ ገመድ ዘርእዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፋት፣
- ዝተፈላለዩ ባህላዊ መሳርሕታት ውቅዒት /ከበሮ፣ ታምቡር፣ በትሪ ረምታ/፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፡-

- ተምሃሮ ኣዳልዮም ዘምፅእዎ መዝለሊ ገመድ ሒዞም ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብዘለዎም ሕሉፍ ተሞኩሮ ብውልቀ፣ ዕምድን ጉጅለን ዝላ ገመድ ክዘሉ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፡-

- ዝላ ገመድ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ ንዘለዉ ተምሃሮ ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ዝሓለፉ ክፍልታትን ኣብ ከባቢኦምን ብውልቀ፣ ብዕምዲን ብጉጅለን ምስ መሓዙቶም ኩልግዘ ዝፃወትዎን ዝፈትውዎን ፀወታ እዩ።
- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ምሉእ ሰብነት /ኣካል/ ማለት ውሽጣውን ደጋውን ክፍሊ ኣካላት ስለዘንቀሳቕስ ብርተዐን ጥንካረን ልብን ሳምባን ብምምዕባል ዑደት ደምን ኦክስጅንን ብዝድለ መጠንን ቅልጣፈን ናብ መላእ ሰውነት ክባፃሕ፣ ብሓፈሻ ልብን ሳምባን ዕለታዊ ተግባሮም ብዝድለ ኣገባብ ብትኽክል ክፍፅሙ ዝሕግዝ ኣየር ብምስራብ /Aerobic/ ምንቅስቓስ እዩ። ስለዝኾነ ተምሃሮ ይኹኑ ካልእ ሰብ ብቐሊሉ ክሰርሖ ዝኽእል ሰፊሕ ቦታ ዘየድልዮ ንጥዕና ጠቓሚ ምንቅስቓስ እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ተምሃሮ ንዓቕሞም ዝምጥን ነናይ ባዕሎም መዝለሊ ገመድ ኣዳልዮም ሒዞም ክመፁ ኣቐዲምካ ምዝራብ። ኣዳልዮም ሒዞም ምስመፁ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ካብ 2-3 ደቓይቕ በብጉጅለ ብምኳን ሰብነቶም ከወዓዕዩን ኣካላቶም ከፍታሕትሑን ምግባር፣
- ብምቕፃል ብዘለዎም ተሞኩሮ ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ብውልቀ ገመድ ክዘሉ ዕድል ምሃብ። ኣብዙይ መምህር እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ /ክእለት/ ዘለዎም ቀልዑት የስተውዕሉ። ን5 ደቓይቕ ዝኣክል ብውልቀ ገመድ ምዝላል ምስ ተለማመዱ ብፈሽካ ፀዊያም ብክቢ ደው ክብሉ ምዝራብ። ብድሕሪኡ እቶም ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቀልዑት በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ትኽክለኛ ኣዛልላ ገመድ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምትብባዕ። ብድሕሪኡ ባዕሎም መምህር ትኽክለኛ ኣዛልላ ገመድ ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ/ራ/። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ፣



ስእሊ 19፡- ዝላ ገመድ ውልቀ


- ድሕሪ ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን መሊሶም ልክዕ ከምቲ ፈላማይ ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ዝላ ገመድ ብውልቀ ንክዘሉ ዕድል ምሃብ። ን5 ደቓይቕ ዝኣክል ምስ ተለማመዱ ብፈሽካ ፀዊያም ብክቢ ደው ክብሉ ብምግባር ገመድ እናዘለሉ ኣብ ዙሪያ ክቢ ክንቀሳቐሱ ምዝራር። ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ ተምሃራይ እኹል ርሕቐት ክህሉ ይግባእ። ኣብዚ እዋን መምህር ኣብ ማእኸል ደው ኢሎም ዝረኣዩ ጉድለታት እናኣረሙ የተባብዕዎም፣

- ብምቕፃል ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ መቒሎም በብጉጅለኦም ብረድፈ ወይ ብጋድም መስርዕ ደው ክብሉ ብምግባር ብመልክዕ ውድድር ዝላ ገመድ ክዘሉ ምግባር። መምህር እናዘሩ ክትትል ብምግባር ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ፣
- ፈለማ ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ሓደ ቀጥ ዝበለ ትኹል ሕንፃፅ ምድላው።
- ብምቕፃል ፆታ ኣመጣጢንካ ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ማዕረ ምምቃል።
- ተምሃሮ በብጉጅለኦም ድሕሪ እቲ ሕንፃፅ /መስመር/ ብቀጥታ መስርዕ ደው ክብሉ ምግባር። ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ መስርዕ እኹል ርሕቐት ማለት ካብ 3-5 ሜ ክህሉ ይግባእ፣
- ጉጅለታት ብመስርዕ ደው ካብ ዝበልሉ ቦታ 30 ሜትር ርሕቀት ኣብ ቅድሚ ሕድ ሕድ ጉጅለ ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክብታት ምድላው፣
- መምህር ኣብ መወዳእታ ከይዲ እቲ ውድድር ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን መምህር የረድእዎም /የረድኣኦም/።

ንኣብነት፡- መምህር ብፊሽካ ወይ ጣቕዒት ጀምሩ ዝብል ትእዛዝ ምስ ሃቡ፣ ኣብ ሕድ ሕድ ጉጅለ ገመድ ሒዞም ኣብ ቅድሚት መስርዕ ዘለዉ ቆልዑት ገመድ ካብ ድሕሪት ንቕድሚት እናዘሩ ብምዝላል ብዘለዎም ቅልጣፈ ንቕድሚት ብምጉያይ ኣብ ቅድሚቶም ዘሎ ክቢ ዘይሮም ናብ ጉጅለኦም ብምምላስ እቲ ገመድ ቀፂሉ ንዘሎ /ዘላ/ ሂቦም ድሕሪት ከይዶም ይስርዑ።


ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ንኹሎም ኣባላት ጉጅለ ይበፅሑም። ቀዲሙ ዝወደአ ጉጅለ 7 ነጥቢ፣ ብኻልኣይ ደረጃ ዝወደአ 5 ነጥቢ፣ ብሳልሳይ ደረጃ ዝወደአ 3 ነጥቢ፣ ብራብዓይ ደረጃ ዝወድኣ ድማ 1 ነጥቢ ይወሃቦም። እዚ ውድድር ሰለስተ ግዘ ደጋጊሞም ክፃወትዎ ዕድል ምሃብ።

- ኣብ መወዳእታ ጉጅለታት ኣብ ሰለስቲኡ ውድድር ዝረኸበኦ ነጥቢ ተደሚሩ ዝለዓለ ነጥቢ ዝረኸበት ጉጅለ ተዓዋቲት /ስዓሪት/ ትኸውን፣



ስእሊ 20፡- ቅድድም ዝላ ገመድ

- ተምሃሮ ብፅምዲ፣ በብሰለስተ፣ በብኣርባዕተ ብምኳን ብጣቕዒት፣ ብፊሽካ፣ ብከበሮ ወዘተ ተሰንዮም ገመድ ክዘሉ ምግባር። ንኣብነት ሓደ ቆልዓ ወይ ሓንቲ ቆልዓ ገመድ እንትዘልል/ እንትትዘልል እቶም ዝተረፉ ብጣቕዒት፣ ብከበሮ፣ ብበትሪ ረምታ ክስንዩዎም ምንጋር። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ እናተቐያየሩ ገመድ ንክዘሉ ምትብባዕ፣
- ካብ 6-8 ተምሃሮ ብሓደ ብምጉጃል ነንባዕሎም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ገመድ ንክዘሉ እኹል ግዘ ምሃብ። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ብምትብባዕ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ፣
- ቀፂሉ ኣብ ዘሎ ስእሊ ይረአ ከም ዘሎ ክልተ ቆልዑት ካብ 3-5 ሜትር ንውሓት ዘለዎ ገመድ ብኽልቲኡ ጫፍ ሒዞም/ ሒዘን እንትዘሩ/ራ ክልተ ወይ ሰለስተ ቆልዑት ብሓደ ግዘ ገመድ ይዘሉ። እዚ ምንቅስቓስ እናተቐያየሩ ክሰርሕዎ ምትብባዕ፣



ስእሊ 21፡- ዝላ ገመድ ጉጅለ

- ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ብጣዕሚ ዓብዪ ክቢ ምድላው። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ገመድ እናዘለሉ ነቲ ክቢ ክዘሩዎ ምግባር። ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ ቆልዓ እኹል ርሕቀት ክህሉ ይግባእ።
- ተምሃሮ ብመንፅር ዕድመን ፆታን በብክልተ ብምፅማድ ቀጊሉ ኣብ ዘሎ ስእሊ ይረአ ከም ዘሎ ሓደ ወይ ሓንቲ ገመድ ካብ ድሕሪት ንቕድሚት ብምዛር ክልቲኦም ብሓባር ክዘሉ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እናተቐያየሩ ደጋጊሞም ንክሰርሕዎ ምትብባዕ።



ስእሊ 22፦ ዝላ ገመድ ፅምዲ

- ኣብ መወዳእታ ቀጊሉ ዘሎ ብእንግሊዝኛ ዝተዳለወ ግጥሚ ምስ ተምሃሮ ብሓባር ብምኳን ዜማ ብምውፃእ እናዘመሩ ገመድ ክዘሉ ምትብባዕ። ፈለማ ግና ነቲ ግጥምን ዜማን ብደንቢ ከፅንዕዎን ክመልክዎን ይግበሩ፣

መዝሙር፡- JUMP፡

Jump the rope

Jump the rope

Jump the rope

Had it tightly

Swing it high

Together you and I

- እቲ ምንቅስቓስ ብጣቕዒት፣ ብፊሽካ፣ ከበሮ፣ ታምቡር ወዘተ ተሰንዮም ቅልጣፈ እናቐያየሩ ንክሰርሕዎ ምትብባዕ። ደጋጊሞም ንክሰርሕዎ ድማ እኹል ግዘ ምሃብ። እምበኣርከስ መምህር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ኣገባባት ብምጥቃም ንባዕሎም ዝሓሸ ዝብልዎ ሜላ ኣገባብ ብምውሳኽን ተምሃሮ ክእለት ዝላ ገመድ ከማዕብሉን ብደረጀኦም ከጥርይዎ ዝግባእ ብርትዐን ጥንካረን ከጥርዩ ይግበሩ/ራ። ኣብ መወዳእታ ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ክሰርሑ ዕዮ ገዛ ምሃብ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብውልቀ፣ ዕምድን ጉጅለን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝላ ገመድ ብትኽክል ምዝላሎም ምርግጋፅ።
- ገመድ ካብ ምንታይ ምስራሕ ከም ዝከኣል ክገልፁ ምሕታት።
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ብንቕሓትን ብንጥፈትን ምስታፎም ብትዕዝብቲ ምርግጋፅ።
- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ምርግጋፅ።

## 4.2.4 ሞዛይክ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 5

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- እንታይነት ሞዛይክ ይገልፁ፤
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ሞዛይክ ይገልፁ፤
- ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ተጠቒሞም ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሞዛይክ ይሰርሑ፤
- ኣብ ስራሕቲ ሞዛይክ ብንጥፈትን ብታሕጓስን ይሳተፉ፤

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ፀፀራት፣
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ /ጥረምረ/፣
- ጥንኩር ወረቐት /ባኮ/ ወይ ተመሳሳሊ ነገር፣
- መቐስ ወይ ካተር፣
- መጣበቒ ኮላ ወይ ኣብ ከባቢ ዝርከብ ነገር ከም ፀባ ቅንጭብ፣ ቁልቋልን እንዳዲዕን፣ ወዘተ፡፡

### መነቓቕሒ፦

- ሞዛይክ እንታይ ማለት እዩ? ስራሕቲ ሞዛይክ ሪኢኹም ዶ ትፈልጡ? ንስኻትኩምከ ቅድሚ ሕዚ ሞዛይክ ሰሪሕኩም ዶ ትፈልጡ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ሓሳቦም ክገልፁን ክመያየጡን ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፦


- ሞዛይክን ኮላዥን፡- ተመሳሳሊ ኣሰራርሓ ዘለዎም መግለፂ ስነ-ጥበብ እዮም። ክልቲኦም ሕብራዊ ነገራት ኣብ ጥንኩር ወረቐት /ባኮ/፣ ኣብ ረቒቕ ጣውላ /ፋይዚት/ ብምጥባቕ ዝስርሑ መግለፂ ስራሕቲ ስነ-ጥበብ እዮም።
- ኮላዥ፡- ሕብራዊ ወረቓቕቲ፣ ኣቑፅልቲ፣ ቁርፅራፅ ጨርቂ ወዘተ ብምጥቃም ዝስራሕ እንትኾን ሞዛይክ ድማ ጥንኩር ኣብ ዝኾነ ሰሌዳ፣ ማለት ባኮ፣ ፋይዚት ወዘተ ሕብራዊ ፀፀራት፣ ዓይነታት ዝራእቲ፣ ዝኣመሰሉ ነገራት ብመጣበቒ ኮላ፣ እንዳዲዕ፣ ፀባ ቅንጭብን ቁልቋልን ብምጥባቕ ዝስራሕ እዩ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ፈለማ ሞዛይክ እንታይ ማለት እዩ? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ተምሃሮ ብዛዕባ ሞዛይክ ዝፈልጥዎ ንክዛረቡ ዕድል ምሃብ፣
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ሞዛይክ ክገልፁ ምግባር፣
- ብመሰረት ኣብ 3ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎ ኣሰራርሓ ኮላዥ ኣፈላላይን ሓድነትን ኮላዥን ሞዛይክን ክገልፁ ምግባር፣
- ተምሃሮ ክንዲ ዝኽኣልዎ ሓሳቦም ምስ ገለፁን ምስ ተመያየጡን መምህር ባዕሎም/ለን ኣፈላላይን ምምስሳልን ሞዛይክን ኮላዥን፣ ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ሞዛይክን ኮላዥን፣ ንኮላዥን ሞዛይክን ንምስራሕ ዘድልዩ ናውቲ ብዝርዝር የረድእዎም/ኦም/። ንኣብነት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተሓበረ ሞዛይክ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ፀፀራት፣ ዝተሰባበሩ መስትያት፣ ጠራሙዝ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ /ዓይነታት እኽሊ/ ኣብ ዝርጉሕ ጥንኩር ወረቐት ባኮ፣ ፋይዚትን መንደቕን ብመጣበቒ ኮላ ብምጥባቕ ዝተፈላለዩ ንድፍታት ምስራሕ እንትኾን፤ ኮላዥ ድማ ቁርፅራፅ ሕብራዊ ወረቐት፣ ቁርፅራፅ ኣጭርቕቲ፣ ቆፅሊ፣ ሕብራዊ ክንቲት ወዘተ ብመጣበቒ ብምጥባቕ

ዝስራሕ ጥበብ ም'ዃኑ ተምሃሮ ክርድኡ ይግበሩ/ራ። ዝበለፀ ግልፂ ንምግባር ተምሃሮ ናብ ማእከል ቤት ትምህርቲ ብምውሳድ ብሞዛይክ ዝተሰርሑ ነገራት ንክዕዘቡ ብምግባር ካብ ምንታይ ከም ዝተሰርሑን ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሐኦምን ክርድኡ ምግባር፣

- ብድሕሪኡ ንቀፃላይ ክፍለ ግዘ ንስራሕቲ ሞዛይክ ዘድልዩ ነገራት ሒዞም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣብቲ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ድማ ተምሃሮ ብጉጅለታት ብምምቃል ምስሊ ዝደለይዎ ነገር /እንስሳ ዘቤት፣ እንስሳ ዘገዳም፣ ገዛ/ ወዘተ ብምንዳፍ ዘምፅእዎም ነገራት ተጠቒሞም ሞዛይክ ንክሰርሑ ምግባር።
- ንኣብነት ምስሊ ድሙ ኣብ ባኮ፣ ፋይዚት፣ ጣውላ ወዘተ ብምንዳፍ እቶም መስርሒ ሞዛይክን ዘምፅእዎም ዝተፈላለየ ሕብሪ ዘለዎም ፀፀራት፣ ባሊቃታት፣ ወይ ድማ ዓይነታት እኽሊ መጣበቒ ኮላ እናለኸዩ ኣብቲ ዘዳለውዎ ንድፊ ብምጥባቕ ምስሊ ድሙ ብሞዛይክ ንክሰርሑ ምዝራር። ተምሃሮ በብጉጅለኦም እንትሰርሑ መምህር እናተዘዋወሩ ብምክትታል የተባብዕዎም። ዝረኣዩ ጉድለታት እውን ይኣርሙ።
- ኣብ ጎኒ እዚ ፅሑፍ ቀሪቡ ዘሎ ብሞዛይክ ዝተሰርሐ ምስሊ ድሙ የስተውዕሉ፣



ስእሊ 23፦ ብሞዛይክ ዝተሰርሐ ምስሊ ድሙ

- ዝሐሸ ዝሰርሑ ቆልዑት ንፉዓት ብምባል ብጣቕዒት ክተባብዑ ምግባር። እቶም ዝተረፉ እዉን ንቀፃላይ ኣመሓይሾም ክሰርሑ ምትብባዕ፣
- ኣብ መወዳእታ ደስ ዝበሎም ማለት ዝፈትውዎ ነገር ብሞዛይክ ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ንዕኡ እናሓዙ ብምውፃእ እንታይ ከም ዝኾነን ብኸመይ ከም ዝሰርሕዎን ንደቂ ክፍሎም ክገልፁ ምግባር። ኣብቶም ዝቐረቡ ስራሕቲ ሞዛይክ ተምሃሮ ባዕልቶም ርኢቶ ክህቡ፣ ዝሐሹ ዝበልዎም ክመርፁ ዕድል ምሃብ። ባዕሎም መምህር ዝሐሹ ዝበልዎም መሪፆም ኣብ ሓደ ኩርናዕ እቲ ክፍሊ ክቕመጡ ይግበሩ/ራ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- እንታይነት ሞዛይክ ክገልፁ ምሕታት፣
- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ሞዛይክ ክገልፁ ምሕታት፣
- ንስራሕቲ ሞዛይክ ዘድልዩ ነገራት ክዝርዝሩ ምግባር፣
- ሞዛይክን ኮላዥን ዝመሳሰልሉን ዝፈላለይሉን ክገልፁ ምሕታት።

## 4.2.5 ምስጓምን ምፍንጣርን

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 3

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ምስጓምን ምፍንጣርን ይገልፁ፤
- ምንቅስቓስ ምፍንጣር ብትኽክል ይሰርሑ፤
- ምስጓምን ምፍንጣርን ብምውዳድ ይሰርሑ፤
- በቲ ምንቅስቓስ ይሕጎሱ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ምንቅስቓስ ምስጓምን ምፍንጣርን ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር ወይ ፎቶግራፍ፣
- ፍርናሽ ወይ ተመሳሳሊ ነገር፣
- እቲ ምንቅስቓስ ንምስራሕ ዘኽእል ምችው ቦታ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

- ምስጓምን ምፍንጣርን እንታይ ማለት እዩ? እስቲ ብተግባር ኣርእዩ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ብዘለዎም ተሞኩሮ ምንቅስቓስ ምስጓምን ምፍንጣርን ክሰርሑ ብተግባር ክርእዩ ዕድል ምሃብ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦


- ፈለማ ተምሃሮ በብጉጅለኦም ብምኳን ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩን ማለት ኣካላቶም ከፍታሕትሑ ምግባር።



ስእሊ 24፦ ፀወታ ኣናኸሳ ደርሁት

- ተምሃሮ ብዕድመ፣ ብፆታን ብብቕዓት ኣካልን ብምምጥጣን በብክልተ ምፅማድ። ብምቕፃል በብፅምዶም ብምኳን ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ ስእሊ ይረአ ከም ዘሎ ብሩኽ ኢሎም ኣእዳዎም ካብ ኩርናዕ ዕፅፍ ኣቢሎም ንቕድሚት ብምዝርጋሕ ኣብ ዘለውዎ ጥርጥር እናበሉ ሚዛኖም ሓሊዮም ብኣእዳዎም ብምድፋእ ይፃወቱ። ነዚ ፀወታ ዕረፍቲ እናወሰዱ ደጋጊሞም ክለማመዱዎ ምትብባዕ።

- ንተምሃሮ ብዕድመን ብፆታን ብምምጥጣን ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ምምቃል። በብጉጅለኦም ብመስርዕ ደው ክብሉ ምግባር። ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ መስርዕ እኹል ርሕቐት /ካብ 2-3ሜ/ ክህሉ ይግባእ። ጉጅለታት ብመስርዕ ደው ካብ ዝበልሉ 4 ሜትር ርሕቐት ኣብ ቅድሚ ሕድ ሕድ ጉጅለ በብ4ሜ ርሕቐት ኣፈላላይ ብተኸታታሊ ሰሰለስተ ክብታት ምድላው። ንሕድ ሕድ ጉጅለ ሰለስተ ክቢ ማለት እዩ።
- ብድሕሪኡ ከይዲ እቲ ምንቅስቓስ /ፀወታ/ ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ክግንዘቡ ምግባር። ንኣብነት ኣብ ሕድ ሕድ ጉጅለ ኣብ ቅድሚት ዘለዉ ቆልዑት ክልተ ወይ ሰለስተ ስጉምቲ ንቕድሚት ብምስጓም ብኽልቲኡ እግሮም ብምፍንጣር /ብምዝላል/ ኣብቲ 1ይ ክቢ ይዓርፉ፣ ቀፂሎም'ዉን ክልተ ወይ ሰለስተ ስጉምቲ ብምስጓም ብኽልቲኡ እግሮም ምፍንጣር ኣብቲ 2ይ ክቢ ይዓርፉ፣ ሕዚ'ዉን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ካብ 2-3 ስጉምቲ ንቕድሚት ብምስጓም ብክልቲኡ እግሮም ተፈናጢሮም /ዘሊሎም/ ኣብቲ 3ይ ክቢ ይዓርፉ። ምስ ወድኡ ብዘለዎም ቅልጣፈ ብምጉያይ ናብ ጉጅለኦም ተመሊሶም ኣብ ድሕሪት ይስርዑ። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ኣባላት ጉጅለ ይሳተፉ። ቀዲሙ ዝወደአ ጉጅለ ድማ ሰዓራይ /ተዓዋታይ/ ይኸውን። ነዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ኣብ ጎኒ እዚ ፅሑፍ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።



ስእሊ 25፦ ክልተ ወይ ሰለስተ ስጉምቲ ድሕሪ ምስጓም ብክልተ እግርኻ ብምፍንጣር ኣብ ውሽጢ ክቢ ምዕራፍ

- ተምሃሮ በብጉጅለኦም ብመስርዕ ደው ክብሉ ምግባር። ኣብ ቅድሚት ሕድ ሕድ ጉጅለ ድማ በብ4ሜ ርሕቐት ክልተ ተመዓዳውቲ መስመራት ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ምድላው። ኣብ ሕድ ሕድ ጉጅለ ኣብ ቅድሚት ዘለዉ ቆልዑት ካብ 2-3 ስጉምቲ ድሕሪ ምስጓም ብኽልቲኡ እግሮም ብምፍንጣር / ብምዝላል/ ነቶም ተመዓዳደውቲ ሕንፃፃት ይሓልፍዎም።
  ብጉያ ድማ ናብ ጉጅለኦም ብምምላስ ድሕሪት ከይዶም ይስርዑ። ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ኣባላት ጉጅለ ንክሳተፉ ምትብባዕ። ቀዲሙ ዝወደአ ጉጅለ ሰዓራይ ይኸውን። ነዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ።



ስእሊ 26፦ ብክልቲኡ እግሪ ብምፍንጣር ተመዓደውቲ መስመራት ምሕላፍ

- ካብ 20-30 ሳንቲ ሜትር ብራኽ ዘለዎም መሐንኮላት ኣብ ቅድሚ ሕድ ሕድ ጉጅለ ብውሱን ርሕቐት ምስራዕ። እግሪ እቶም መሐንኮላት ኣብ መሬት ዝተቐበረ ክኸውን የብሉን ኣብ መሬት ብላዕሊ ዝተቐመጠ ኮይኑ እንትንካአ ብቐሊሉ ዝወድቕ ክኸውን ይግባእ። ብድሕሪኡ ቀፂሉ ኣብ ዘሎ ስእሊ ይረአ ከምዘሎ ተምሃሮ ካብ 2-3 ስጉምቲ ድሕሪ ምስጓም ብክልቲኡ እግሮም ብምፍንጣር / ብምዝላል/ ነቶም መሐንኮላት ይሓልፉ። ኩሎም ኣባላት ጉጅለ ክሳተፉ ምግባር። ነዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ደጋጊሞም ንክሰርሕዎ እውን ምትብባዕ።

## ኣገባብ ገምጋም፦

- ምንቅስቓስ ምፍንጣር ብትኽክል ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ፡፡
- ካብ 2-3 ስጉምቲ ድሕሪ ምስጓም ካብ 20-30 ሳ.ሜ ብራኽ ዘለዎም መሐንኮላት ብክልቲኡ እግሮም ብምዝላል ምሕላፍ ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ፡፡
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ኩሎም ተምሃሮ ብንቕሓትን ብንጥፈትን ምስታፎም ብትዕዝብቲ ምርግጋፅ።

## 4.2.6 ብመቐመጫ ኮፍ ኢልካ እግሪ ሓፍ ብምባል ሚዛን ምሕላው

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 2

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፦

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፦

- ቅደም ሰዓብ ኣሰራርሓ ብመቐመጫ ኮፍ ብምባል እግሪ ሓፍ ምባል ይገልፁ፤
- ኣእዳውን ኣእጋርን ሓፍ ብምባል ሚዛን ሓሊኻ ብመቐመጫ ኮፍ ምባል ብተግባር የርእዩ፤
- ክብደት ሰውነት ኣብ እግርን ኢድን ብምዕራፍ ሚዛኖም ሓሊዮም ይንቀሳቐሱ፤
- ክብደት ሰውነት ኣብ ኢድን እግርን ብምዕራፍ ሚዛን ምሕላው ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ፍርናሽ ወይ ተመሳሳሊ ነገር፣
- እግርን ኢድን ሓፍ ብምባል ሚዛን ሓሊኻ ብመቐመጫ ኮፍ ምባል ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር ወይ ፎቶግራፍ፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ብቑመትን ክብደትን ብምምጥጣን በብክልተ ምዕማድ፡፡
- ብምቕፃል ተቐራሪቦም ሑቐ ንሑቐ ብምውህሃብ ኣእዳዎም ንድሕሪት ብምስዳድ ቀላፅም ኣእዳዎም ኣተሓላሊኾምን ኣእጋሮም ገጢሞምን ደው ክብሉ ምንጋር።
- መምህር ብፊሽካ ወይ ብጣቕዒት ትእዛዝ ምስሃቡ ተምሃሮ ዝተቖላለፈ ቀላፅም ኣእዳዎም ከየላቐቑ ኣብራኾም ቀስ ብቐስ ብምዕፃፍ ሚዛኖም ሓሊዮም ብሩኽ ይብሉ። መሊሶም መምህር ትእዛዝ ምስ ሃቡ ሕዚ'ውን ዝተሓላለኹ ቀላፅሞም ከየላቐቑ ሓፍ ብምባል ከምቲ ናይ ፈለማ ቀጥ ኢሎም ደው ይብሉ። ነዚ ምንቅስቓስ እዙይ ዕረፍቲ እናወሰዱ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ሚዛን ሰውነት ምሕላው ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ንምስራሕ ይኹን ዝተፈላለዩ ፀወታታት ንምፅዋት መሰረታዊ እዩ። ሚዛን ሰብነት ከይሓለኻ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ወይ ምንቅስቓስ ምስራሕ ኣይከኣልን። ስለዝኾነ ህፃናት ተምሃሮ ካብ ሕዚኡ ብመንፅር ዕድመኦም ብቕዓት ኣካሎምን ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ምሕላው ሚዛን ክሰርሑን ክለማመዱን ይግባእ።

ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ጠመተ ክግበረሉ ተዳልዩ ዘሎ ኣእዳውን ኣእጋርን ሰጥ ኣቢልካ ንቕድሚት ብምዝርጋሕን ካብ መሬት ሓፍ ብምባል ሚዛን ሓሊኻ ብመቐመጫ ኮፍ ምባል እዩ። ስለዚ ዓቕሚ ተምሃሮኦም ኣብ ግምት ብምእታው እዚ ምንቅስቓስ ኣብ ሞንጎ ዕረፍቲ እናወሰዱ ንክሰርሕዎ የተባብዕዎም።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ፈለማ ተምሃሮ በብጉጅለኦም ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩን ኣካላቶም ክፍታሕትሑን ምግባር፣
- ብምቕፃል ትምህርቲ እቲ ዕለት ኣእዳውን ኣእጋርን ንቕድሚት ሰጥ ኣቢልካ ብምዝርጋሕን ካብ መሬት ሓፍ ብምባልን ሚዛን ሓሊኻ ብመቐመጫ ኮፍ ምባል ምዃኑ ብምሕባር ብዘለዎም ተሞኩሮ ክሰርሑ /ክለማመዱ/ ዕድል ምሃብ፣
- መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት ይዕዘቡ። ን5 ደቓይቕ ዝኣክል ምስተለማመዱ ብፊሽካ ፀዊዮም ብኽቢ ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት በብተራ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር፣
- ብድሕሪኡ መምህር ብገለፃን ሰራሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ/ራ/። እዚ ምንቅስቓስ ኣእዳው ንጎኒ ብምዝርጋሕ፣ ኣእዳው ኣጣሚርካ ኣብ ኣፍ ልቢ /ደረት/ ብምዕራፍ፣ ኣእዳው ልዕሊ ርእሲ ብምዝርጋሕ ወዘተ ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ዕድመን ብቕዓትን ተምሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ዕረፍቲ እናወሰዱ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ዕድል ምሃብ፣ መምህር እናተዘዋወሩ ክትትል ብምግባር ሓገዝ /ሓገዝ/ ዘድልዮም ቆልዑት ይሓግዙ። እዚ ምንቅስቓስ ብመልክዕ ውድድር ክሰርሕዎ ምትብባዕ፣
- ቀፂሉ ዘሎ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ፣
- ብምቕፃል ተምሃሮ ብዕድመን ብፆታን በብክልተ፣ በብሰለስተ ወዘተ ብምዕማድ ነንባዕሎም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ክለማመዱ እኹል ግዜ ምሃብ፣



ስእሊ 28፦ ብመቐመጫ ኮፍ ኢልካ ሚዛን ሰብነት ምሕላው

**ኣገባብ ገምጋም፡-**

- እቲ ምንቅስቓስ በቲ ዝድለ ኣገባብ ምስርሖም ብምርኣይ ምርግጋፅ።
- ካብ እዋን ናብ እዋን እናመሓየሹ ምኻዶም ብተኸታታሊ ብምርኣይ ምርግጋፅ።
- ኣብቲ ምንቅስቓስ /ልምምድ/ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ምስታፎም ብምርኣይ ምርግጋፅ።
- ምሕላው ሚዛን ዘመልክቱ ምስልታት ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም  ምርግጋፅ።

## 4.2.7 ኩዕሶ ምንጣር

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

**ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-**

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ቅደም ሰዓብ ሜላ ምንጣር ኩዕሶ ይገልፁ፤
- ኣብ ሓደ ቦታ ደው ብምባል ቅልጣፈ እናቐያየሩ ኩዕሶ የንጥሩ፤
- ኩዕሶ እናንጠሩ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቐሱ፤
- ምንጣር ኩዕሶ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ኣብ ምንቅስቓስ ምንጣር ኩዕሶ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ይሳተፉ፤

**ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦**

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥናን ዝነጥራን ኩዕሶታት፣
- ዝተፈላለዩ ሜላታት ምንጣር ኩዕሶ ዘርእዩ ፖስተራት፣ ፎቶግራፉት ፣
- ካልኦት ምስ ምንጣር ኩዕሶ ዝተሓሓዙ ነገራት፣ ወዘተ።

**መነቓቕሒ፦**

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ በብጉጅለኦም ብምኳን ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር፣ /ካብ 2-3 ደቓይቕ/ ብምቕፃል ናይቲ ክፍለ ግዘ ትምህርቲ ምንጣር ኩዕሶ ምኳኑ ብምሕባር ብዘለዎም ተሞኩሮ ብውልቀ ኩዕሶ ክንጥሩ ዕድል ምሃብ።

**ሓበሬታ ንመምህር፦**


- ኩዕሶ ብኣፃብዕቲ ኢድ ናብ መሬት /ባይታ/ ብምድፋእ መሬት እናነኸአት ክትምለስ ምግባር ምንጣር ኩዕሶ ይበሃል። ምንጣር ኩዕሶ ኣብ ፀወታ ኩዕሶ ስኪዒት /basket ball/ ወሳናይን መሰረታውን ቴክኒክ እዩ።
- ኣብ ሓደ ቦታ ብምኳንን ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐስካን ኩዕሶ ምንጣር ይከኣል እዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዘለዉ ተምሃሮ ኣብ ሓደ ቦታ ብምኳንን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብምንቅስቓስን ምንጣር ኩዕሶ ክለማመዱ እኹል ግዘ ብምሃብ ብደረጅኦም ከጥርዩዎ ዝተደለየ ክእለት ክጭብጡ ይግበሩ/ራ/።

**ኣገባብ ኣመሃህራ፦**

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ በብጉጅለኦም ብምኳን ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር፡፡
- ብምቕፃል ብዘለዎም ተሞኩሮ ምንጣር ኩዕሶ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ። ተምሃሮ እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት የስተውዕሉ። ን5 ደቓይቕ ዝኣክል ምስ ተለማመዱ ብፊሽካ ብምዕዋፅ ብኽቢ ደው ክብሉ ምግባር። ብምቕፃል እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት በብተራ ናብ ማእኸል እናኣተዉ ትኽክለኛ ምንጣር ኩዕሶ ንደቂ ክፍሎም

ከርእዩ ምትብባዕ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም/ለን መሰረታዊ ደው ኣባህላ፣ ኩነታት ኣፃብዕትን ምንቅስቓስ ኢድን እግርን ወዘተ ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ምግባር።

ንኣብነት፦ ኣእጋር ጎኒ ንጎኒ ወይ ቅድሚትን ድሕሪትን ብምግባር ብመጠኑ ምኽፋት። ኣብራኽ ብመጠኑ ዕፅፍ ብምባል ልዕሊ መዕጥቆ ዘሎ ክፍሊ ኣካል ንቕድሚት ኣዘንብል ኣቢልካ ካብ ክሳድ ቅንዕ ኢልካ ደው ምባል። እዚ ጠጠው ኣበሃህላ ኣብ ምንጣር ኩዕሶ መሰረታዊ ደው ኣባህላ ይበሃል። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።



- ብምቕፃል ኩዕሶ ዘንጥር ኢድ ካብ ኩርናዕ ዕፅፍ ኣቢልካ ኣፃብዕቲ ብመጠኑ ዝርዝር ኣቢልካ ከብዲ ኢድ ዕሙቕ /ጉድጉድ/ ክብል ብምግባር ኩዕሶ ብኣፃብዕቲ ንታሕቲ ብምድፋእ ምስ መሬት /ባይታ/ እናተላተመት ክትምለስ ምግባር።
- ኣብ እዋን ምንጣር ኩዕሶ ሰውነት ምጭናኽ ማለት ምእሳር ኣግባብ ኣይኾነን። ሰብነት ፍትሕ ክብል ይግባእ። ኩዕሶ ብኸብዲ ኢድ ምድፋእ /ምጥፍጣፍ/ ግቡእ ኣይኾነን።
- ብድሕሪኡ ተምሃሮ ነፃ ብምስዳድ ብመሰረት ዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ፈለማ ብውልቀ ክለማመዱ ዕድል ምሃብ። መምህር ድማ እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ። ካብ 2-3 ደቓይቕ ምስተለማመዱ ብመንዕር ዕድመ በብክልተ ብምዕማድ ነንባዕሎም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ክለማመዱ ምግባር። ሕዚ'ውን መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ።
- ብምቕፃል ድማ ካብ 5-8 ቆልዑት ብሓደ ብምጕጃል ምንጣር ኩዕሶ ክለማመዱ እኹል ግዘ ምሃብ። ተምሃሮ በብጉጅለኦም እንትለማመዱ መምህር ናብ ሕድ ሕድ ጉጅለ እናተዘዋወሩ እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ።
- ንቐፃላይ ክፍለ ግዘ ምንጣር ኩዕሶ ብውልቀ ተለማሚዶም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር። ብድሕሪኡ ብክቢ ደው ክብሉ ብምግባር በብተራ ናብ ማእኸል ብምእታው በቲ ዝተለማመድዎ መሰረት ኩዕሶ ከንጥሩ ዕድል ምሃብ።
- ኣብ ሓደ ቦታ ብምዃን ምንጣር ኩዕሶ ምስ መለኹ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ምንጣር ኩዕሶ ክለማመዱ ምግባር። ንኣብነት ተምሃሮ በብጉጅለኦም ብመስርዕ ደው ይብሉ። ኩዕሶ ሒዞም ኣብ ቅድሚት ዘለዉ ቆልዑት ዝሓዝዎ ኩዕሶ እናንጠሩ ንቕድሚት ይንቀሳቐሱ ካብ 10-15 ሜትር ምስተጉዓዙ ኩዕሶ ኣብ መሬት ኣቐሚጦም ብዘለዎም ቅልጣፈ ጎይዮም ናብ ጉጅለኦም ተመሊሶም ቅድሚት ንዘሎ ቆልዓ ኢዱ ተንኪፎም ናብ ድሕሪት ከይዶም ይስርዑ። ኢዱ ዝተተንከፈ ቆልዓ ብዘለዎ ቅልጣፈ ንቕድሚት ብምጕያይ ኣብ መሬት ዝተቐመጠት ኩዕሶ ኣልዒሉ እናንጠረ ናብ ጉጅልኡ ብምምላስ ቀፂሉ ንዘሎ ቆልዓ ኣቐቢሉ ድሕሪት ከይዱ ይስራዕ። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ኣባላት ጉጅለ ይበፅሑም። ቀዲሙ ዝወድአ ጉጅለ ሰዓራይ ይኸውን። እዚ

ምንቅስቓስ እዙይ ብመልክዕ ውድድር ካብ 3-5 ግዜ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ዕድል ምሃብ።
- መምህር ነዞም ኣብ ላዕሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ኣገባባትን ካብ ተሞክሮኦምን ዝሓሸ ዝብልዎም ኣገባባት /ሜላታት/ ብምጥቃም ተምሃሮ ብደረጀኦም ምንጣር ኩዕሶ ክመልኩ ይግበሩ።
- ኣብ መወዳእታ ምንጣር ኩዕሶ ዘርኢ ምስሊ ክስእሉ ዕዩ ገዛ ምሃብ።

### ኣገባብ ኣመሃህራ፡-
- ቅደም ሰዓብ ምንጣር ኩዕሶ ክገልፁ ምሕታት።
- መሰረታዊ ደው ኣባህላ ተጠቒሞም ምንጣር ኩዕሶ ብተግባር ክርእዩ ምሕታት።
- ኢድ እናቀያየሩ ኣብ ሓደ ቦታ ብምዃንን እናተንቀሳቐሱን ኩዕሶ ክንጥሩ ብምግባር ብትኽክል ምንጣሮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ምንጣር ኩዕሶ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 4.3 ረምታዊ (ሪትሚካዊ) ምንቅስቓስ
ነዚ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 17

## 4.3.1 ብውቅዒት ሙዚቃ ምስጓም
ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 4

### ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-
ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-
- ውቕዒት ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ ተኸቲሎም ይስጉሙ፣
- ብውቅዒት ሙዚቃ እናተሰነኻ ምስጓም ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፣
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ይሳተፉ፣

### ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦
- ብውቅዒት ሙዚቃ ተሰኒኻ ምስጓም ዘርኢ ፖስተር ፎቶግራፍ፣
- ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ /በትሪ ሪምታ፣ ከበሮ፣ ታምቡር/ ወዘተ፣

### መነቓቕሒ፦
ተምሃሮ ደስ ዝበሎም መዝሙር መሪፆም እናዘመሩ ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ብስጉምቲ ክንቀሳቐሱ ዕድል ምሃብ።

### ሓበሬታ ንመምህር፦
ዝኾነ ሰብ ምስጓም በብዕለቱ ዝፍፀም ቀሊል ተግባር /ምንቅስቓስ/ ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ኮይኑ ግና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብፍላይ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ንዝተወሰኑ ደቓይቕ ደው ኢልና ምንቅስቓስ ተምሃሮ እንተስተውዒልና ዝተፈላለየ ሜላታት ኣሰጓጉማ ኢና እንርእይ። ንኣብነት ሓድሓደ ቆልዑት ኣእጋሮም ካብ መጠን ዝሓለፈ ብምኽፋት እንትስጉሙ ይረአዩ፣ ገሊኦም ድማ ርእሶም ንቕድሚት ደፊኦም ጎቢጦም ይስጉሙ እቶም ዝተረፉ'ዉን ናብ ፀጋም ወይ ናብ የማን ኣንፈት ኣዘንቢሎም እንትስጉሙ ይረኣዩ። እዚኣቶም ብእዋኑ እንተዘይተኣሪሞም /እንተዘይተስተኻኺሎም/ ኣብ ምውዳድ ኢድን እግርን ፀገም ኣለዎም። ስለዝኾነ ንሓዋሩ ኣብ ተኽለ ሰብነቶም ይኹን ኣብ ጥዕና እቶም ቆልዑት ዘሕድሮ ፅልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ሕብረተሰብና ኣሰጓጉምኡ ፅቡቕ ዘይኮነ ሰብ እንትርኢ ኣንታ ከመይ እዩ ዝስጉም ዘሎ ዋይ እንታይ ይመስል ወደይ ምባል ዝተለመደ እዩ። ኣሰጓጉምኡ ይኹን ተኽለ ሰውነቱ ምዕሩይ /ፅቡቕ/ ዘይኮነ ሰብ ዝኸደኖ ክዳን ይኹን ዝረግፆ ጫማ ኣየጥዕመሉን /ኣየምሕረሉን/።

ስለዚ ተምሃሮ ካብ ሕዚኡ ትክክለኛ ኣሰጓጉማ ክመሃሩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዝኾነ መምህር በዞም ተሓቢሮም ዘለዉ ኣገባባት መሰረት ብምስትምሃር ተምሃሮ ትኽክለኛ ኣሰጓጉማ ንክለማመዱ ይግበሩ/ራ።

ረምታዊ /ሪትሚካል/ ምንቅስቓሳት ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ውቅዒት ሙዚቃ ንኣብነት ከበሮ፣ ታምቡር፣ በትሪ ረምታ ወዘተ ብምጥቃም ዝስርሑ ምንቅስቓሳት እዮም። ኣብ 3ይ ክፍሊ ረምታዊ / ሪትሚካል/ ምንቅስቓሳት ኣብ ዝብል ርእሲ ውቅዒት ሙዚቃ ተኸቲልካ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት / ምስጓም፣ ምጉያይ፣ ገመድ ምዝላል ወዘተ ተማሂሮም እዮም። ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ ተደልዩ ዘሎ እዞም ኣብ 3ይ ክፍሊ ዝተምሃርዎም ምንቅስቓሳት ብዝበለፀ ብምጥንኻር ዝተፈላለዩ ነፃ ምንቅስቓሳት ምስ ውቅዒት ሙዚቃ ኣወሃሂዶም ንክሰርሑ እዩ። ስለዝኾነ ንምምሃር ምስትምሃር ዝድልዩ ናውቲ ትምህርቲ ኣቐዲሞም ብምድላው ኣገባብ ኣመሃህራ በቲ ዝድለ ኣገባብ ክሳለጥ ይግበሩ/ራ/።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ከምቲ ልሙድ በብጉጅለኦም ብምኳን ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር።
- ብምቕፃል ብውቅዒት ሙዚቃ እንታይ ዓይነት ምንቅስቓሳት ምስራሕ ከም ዝከኣል ክዛረቡ ምትብባዕ። ብድሕሪኡ ቅልጥፍ ብዝበለ ውቅዒት ሙዚቃን ርግዕ ብዝበለ ውቅዒት ሙዚቃን ክንቀሳቐሱ ብምግባር ኣብ ክልቲኡ ዘሎ ኣፈላላይ ክግንዘቡ ምግባር።
- ተምሃሮ ብመስርዕ ቀጥ ኢሎም ደው ክብሉ ምንጋር። ብምቕፃል ፀጋማይ እግሪ ምስ የማናይ ኢድ፣ የማናይ እግሪ ምስ ፀጋማይ ኢድ ብምውዳድ ብጣቕዒት እናተሰነዩ ኣብ ዘለውዎ ክስጉሙ ምግባር ብፀጋማይ እግሪ ብምጅማር ኣእጋር ቀጥ ኣቢልካ በብተራ ሓፍ እናበልካ ኣብ መሬት ምዕራፍ እዩ።



ስእሊ 29፦ ኣብ ዘለኻዮ ምስጓም

- ብውቅዒት ከበሮ /ታምቡር/ ተሰኒዮም ምስቲ ውቅዒት ብምውዳድ ክስጉሙ ምግባር። ውቅዒት እቲ ከበሮ /ታምቡር/ ብምቅይያር ምስቲ ዝቀያየር ድምፂ ከበሮ ብምውዳድ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ክስጉሙ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ።
- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብማዕረ ብምጉጃል ንቐፃላይ ክፍለ ግዘ ነናይ ባዕሎም ከበሮ / ታምቡር/፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/ ኣዳልዮም ሒዞም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር በብጉጅለኦም ተሰሪዖም ደው ክብሉ ምንጋር። ብድሕሪኡ ካብ ሕድ ሕድ ጉጅለ ክልተ ወይ ሰለስተ ቆልዑት ታምቡርን በትሪ ረምታን ሒዞም ናብ ቅድሚት ብምውፃእ ይወቕዑ፣ እቶም ዝተረፉ ኣባላት ጉጅለ ድማ ምስቲ ውቅዒት ታምቡር ብምውዳድ ኣብ ዘለውዎ ይስጉሙ። ውቅዒት እቲ ታምቡር ብምቅይያር ክለማመዱ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እናተቐያየሩ ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ኣብ ዘለኻዮ ምስጓም ምስ መለኹ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐስካ ምስጓም ማርሽ ባንድ ክለማመዱ ምግባር።
- ብምቕፃል መምህር ፊሽካ ብዝተፈላለየ ቅልጣፈ ብምንፋሕ ምስቲ ዝሰምዕዎ ድምፂ ፊሽካ ብምውዳድ ክስጉሙ ምግባር። ንኣብነት ድምፂ ፊሽካ ርግዕ ዝበለ እንተኾይኑ ተምሃሮ ቀስ ኢሎም ይስጉሙ፣ ድምፂ ፊሽካ ቅልጡፍ እንተኾይኑ ድማ ብቕልጣፈ ይስጉሙ።።
- ካብ 25-30ሜ ርሕቐት ዘለዎም ኣርባዕተ ጥውይዋይ መስመራት ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ

ምድላው። ብድሕሪኡ ተምሃሮ በብጉጅለኦም ተሰሪዖም ብፌሽካ ወይ ብታምቡር እናተሰነዩ ነቲ ዝተዳለወ ጥውይዋይ መስመር ተኸቲሎም ክስጉሙ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ደስ ዝበሎም ዝመረፅዎ መዝሙር እናዘመሩ ደጋጊሞም ክለማመድዎ ምግባር። ፊለማ ግና ቀዒሉ ዘሎ መዝሙር ብደንቢ ክፅንዕዎ ምግባር።

## መዝሙር፡- ደቂስካ ዲኻ/ ደቂስኪ ዲኺ?

በርሀ ሓወይ፣ በርሀ ሓወይ
ለታይ ሓፍተይ፣ ለታይ ሓፍተይ
ሃሪስካ ዲኻ ሃሪስካ ዲኻ?
ሃሪስኪ ዲኺ ሃሪስኪ ዲኺ?
ደወል ተደዊሉ ደወል ተደዊሉ
በል ተስእ፣ በል ተስእ
ደወል ተደዊሉ ደወል ተደዊሉ
ተስኢ፣ ተስኢ

- ብድሕሪኡ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ነንበይንቶም ብምጉጃል ብከበሮ /ታምቡር/ ወይ ብፌሽካ እናተሰነዩ ነቲ መዝሙር እናተቐባበሉ ብምዝማርን እናሰጎሙ ክንቀሳቀሱ ምግባር። ነዚ ምንቅስቓስ ደጋጊሞም ክለማመድዎ ምትብባዕ።
- ኣብ መወዳእታ ብውቅዒት መሳርሒ ሙዚቃ እናተሰነኻ ምስጓም ዘርኢ ምስሊ ብናይ ባዕልቶም መንገዲ /ኣተሓሳስባ/ ክሰርሑን ሕብሪ ክለኽዩን ምንጋር። ዝሰርሕዎ ምስሊ ድማ ንደቂ ክፍሎም ክርእዩን ክመያየጥሉን ምግባር።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ረብሓ ምንቅስቓስ ምስጓም ንክገልፁ ምሕታት፡፡
- ውቅዒት ሙዚቃ ተኸቲሎም ምስ ዝሰምዕዎ ውቅዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ኣንፈትን ቅልጣፈን እናቐያየሩ ምስጓሞም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ብውቅዒት ሙዚቃ ብታምቡርን ፌሽካን እናተሰነኻ ምስጓም ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

# 4.3.2 ጉያ ብውቅዒት ሙዚቃ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 4

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ውቅዒት ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ ተኸቲሎም ይጎዩ፤
- ምንቅስቓስ ጉያ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ይሰርሑ፤
- ረብሓ ጉያ ይገልፁ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ምንቅስቓስ ጉያ ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣
- በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- ፌሽካ፣ ከበሮ /ታምቡር/፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

ኣብ 4.3.1.ዝተመሃርዎ ብውቅዒት ሙዚቃ ምስጓም ናብ ጉያ ብምቕያር ብጣቕዒት፣ ብከበሮን ብፌሽካን እናተሰነዩ በርሀ ሓወይ ደቂስካ ዲኻ? ለታይ ሓፍተይ ደቂስኪ ዲኺ? ዝብል መዝሙር እናዘመሩ ክገዩ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ ካብ 2-3 ደቓይቕ ንክሰርሑዎ ምትብባዕ።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ጉያ ተፈጥራዊ ምንቅስቓስ እንትኾን ንኹሉ ዓይነት ብቕዓት ኣካል መሰረት እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዙይ ንዝርከቡ ቆልዑት ኣዝዩ ወሳናይ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ እዚ ዕድመ እዙይ ዝርከቡ ቆልዑትምጉያይ፣ ምዝላል፣ ምድያብ ምውራድ፣ መባረርን ተባራርን፣ ኣንጭዋን ድሙን ዝመሳሰሉ ምንቅስቓሳት ብጣዕሚ እዮም ዝፈትዉ። ስለዚ እቲ ምንቅስቃስ ዝበለፀ ስሓባይ ንምግባር ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ብምጥቃም ክሰርሕዎ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። እዙይ ተምሃሮ ብንጥፈትን ብታሕጓስን ክሳተፉ እዩ ዝገብር።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ብመንዕር ዕድመን ያታን በብክልተ ብምፅማድ ብድምፂ ፌሽካ ወይ ብውቅዒት ከበሮ ተሰኒዮም ርግፅ ብዝበለ ኣገባብ ብማእኸላይ ቅልጣፈ ብምጉያይ ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር። ድኻም እንትስመየም እቲ ውቅዒት ጉያ ናብ ውቅዒት ስጉምቲ ብምቕያር እናሰጎሙ ክንቀሳቐሱ ምግባር።
- ብምቕፃል ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምምቃል በብጉጅለኦም ብጋድም መስርዕ ደው ክብሉ ምግባር። ብድሕሪኡ ንጉያ ዝስማማዕ ውቅዒት ሙዚቃ ክሰምዑ ብምግባር እቲ ቀዳማይ መስርዕ ምንቅስቓስ ኣእጋሮምን ኣእዳዎምን ምስቲ ዝሰምዕዎ ዘለዉ ውቅዒት ሙዚቃ ኣወሃሂዶም ካብ 30-40 ሜትር ርሕቐት ብምጉያይ ተመሊሶም ድሕሪት ከይዶም ይስርዑ። ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ኩሎም ጉጅለታት ተረኦም ሓሊዮም ክገዩ ምግባር። ዕረፍቲ እናወሰዱ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምትብባዕ። ኣብዚ ምንቅስቓስ እዙይ ቀንዲ ዕላማ ምቅድዳም ዘይኮነስ ምንቅስቓስ ኢድን እግርን ምስቲ ውቅዒት ሙዚቃ ተዋዲዱ ምኻዱ እዩ። ስለዝኾነ መምህር እናተኸታተሉ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ።
- ካብ ኣርባዕቲኦም ጉጅለታት ዝሐሸ ዝሰርሐ ጉጅለ ናብ ቅድሚት ወፂኡ ነቶም ዝተረፉ ጉጅለታት ከርኢ ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ ነንባዕሎም እናተኣራረሙ በብጉጅለኦም ክለማመዱ ምግባር። ሕዚ'ዉን መምህር እናተኸታተሉ ኣብ ምንቅስቓስ ኢድን እግርን ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ። ፀጋማይ እግሪ ምስ የማናይ ኢድ፣ የማናይ እግሪ ምስ ፀጋማይ ኢድ ሓቢሩ ክንቀሳቐስ ይግባእ። ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ የስተውዕሉ።



ስእሊ 31፦ ምስ ውቅዒት ከበሮ ብምውዳድ ምጉያይ /ብውቅዒት ከበሮ ምጉያይ/

- ሕድ ሕድ ጉጅለ ኣብ ክልተ ብምምቃል እቲ ሓደ ክፋል ጉጅለ ብመሳርሒ ውቅዒት ሙዚቃ ብከበሮ፣ ታምቡር፣ ብበትሪ ረምታ፣ ብፀናፅል፣ ብፌሽካ፣ ውቅዒት ጉያ የስምዕ፤ እቲ ካልኣይ

ክፋል ጉጅለ ድማ ምስቲ ውቅዒት ብምውዳድ ኣብ ዙሪያ ክቢ ይነዩ። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ እናተቐያየሩ ክሰርሕዎ ምትብባዕ።

- ኣብ 4.3. ረምታዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝብል ርእሲ በርሀ ሓወይ ደቂስካ ዲኻ? ለታይ ሓፍተይ ደቂስኪ ዲኺ? ዝብል መዝሙር እናተቐባበሉ ብምዝማር ብውቅዒት ሙዚቃ እናተሰነዩ ምንቅስቓስ ስጉምቲ ምስርሖም ዝዝከር እዩ። ሕዚ እውን እቲ መዝሙር እናተቐባበሉ ብምዝማር ብውቅዒት ጉያ ተሰኒዮም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ማለት ብክቢ፣ ብርቡዕ ኩርናዕን ስሉስ ኩርናዕን ክጎዩ ምግባር።
- ብድሕሪኡ ምስ ጉያ ዝተሓሓዙ ዝተፈላለዩ ፀወታታት ባዕልቶም እናመሃዙ ክፃወቱ ዕድል ይሃብዎም። ንኣብነት ኣንጭዋን ድሙን፣ ፖሊስ ሌባን፣ ፀወታ ሕብሕብኢተይ፣ ጭርዶ፣ ወዘተ፡፡
- ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምምቃል ምንቅስቃስ ጉያ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ሰሪሖም ክመፁ ስራሕቲ ፕሮጀክት ምሃብ። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ስራሕቲ ፕሮጀክት ሰሪሖም ምስ መፁ መራሕቲ ጉጅለ ዝሰርሕዎ ምስሊ እናሓዙ በብተራ ብምውፃእ ጉጅለኦም ዝሰርሖ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ከመይ ከም ዝሰርሕዎ መብርሂ ክህቡን ምግባር። ንኣብነት እቲ ምስሊ ንምስራሕ እንታይ ናውቲ ከም ዝተጠቐሙ፣ እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከም ዝመረፁ ወዘተ ክገልፁ ምግባር። ኣብቶም ዝተሰርሑ ምስልታት ክመያየጡን ርኢቶ ክህቡን ምትብባዕ። ፅቡቓት ዝበልዎም ምስልታት ክመርፁ ዕድል ምሃብ። ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ፅቡቓት ዝበልዎም ምስልታት ብምምራፅ ፅቡቓት ኢሎም ዝመረፅሉ መዐቀኒ /ረቛሒ/ ንተምሃሮ ይግለፁሎም።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ብውቅዒት ሙዚቃ ተሰኒዮም ምስ ዝሰምዕዎ ውቅዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ምጉያዮም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ሕጉሳት ኮይኖም ብንጥፈት ምስርሖም ብተኸታታሊ ትዕዝብቲ ምርግጋፅ።
- ምንቅስቓስ ጉያ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.3.3 ዝላ ገመድ ብሙዚቃ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ፦ 4

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ምስ ውቅዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ገመድ ይዘሉ፤
- ረብሓ ምዝላል ገመድ ይገልፁ፤
- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥኑ ገመዳት፣
- ዝተፈላለዩ ሙዚቃታት ዝተቐድሐ ካሴትን ቴፕን፣
- ከበሮ /ታምቡር/፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣዛልላ ገመድ ዘርኢ ስእሊ፣ ፖስተር፣ ወዘተ፡፡

## መነቓቕሒ፦

- ተምሃሮ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ካብ 2-3 ደቓይቕ ሰብነቶም ከወዓዕዩ ምግባር። ብምቕፃል ገመድ ምዝላል ትኽእሉ ዶ? ክንደይ ዓይነት ኣዛልላ ገመድ ትኽእሉ? ዝብሉ ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ ክነቓቕሑ ምግባር።

- ብድሕሪኡ ብዘለዎም ተሞኩሮ ነፃ ኮይኖም ገመድ ክዘሉ ዕድል ምሃብ።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ መላእ ኣካል /ሰውነት/ ዘንቀሳቕስ ብርተዐ ልብን ስርዓት ምትንፋስን ዘማዕብል ጠቓሚ ምንቅስቓስ እዩ። ዝላ ገመድ ሰፊሕ ቦታ ዘይሓትት ኣብ መረባ፣ ኣብ በረንዳ፣ ኣብ ገፊሕ ሳሎን፣ ከምኡ'ዉን ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ብቐሊሉ ክስራሕ ዝኽእል ምንቅስቓስ እዩ። ስለዝኾነ እዚ ጠቓሚ ምንቅስቓስ እዙይ ኩላትና ኣዘውቲርና ክንሰርሖ ይግባእ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ተምሃሮ ነናይ ባዕሎም መዝለሊ ገመድ ሒዞም ክመፁ ኣቐዲሞም ይንገርዎም። መምህር'ውን ብወገኖም ዘድሊ ቅድመ ምድላው ይግበሩ/ራ። ንኣብነት ከበሮ፣ በትሪ ረምታ፣ ፊሽካ፣ ሲዲ፣ ፍሌሽ፣ ካሴትን ቴፕን፣ ወዘተ።
- ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ማለት ነናይ ባዕሎም መዝለሊ ገመድ ኣዳልዮም ሒዞም ምስ መፁ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ፈለማ ብዘለዎም ተሞኩሮ ኣብቲ ሜዳ ተበታቲኖም ብውልቀ ገመድ ክዘሉ ዕድል ይሃብዎም/ኦም። ኣብዚ እዋን እዙይ መምህር እናተዘዋወሩ ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት የስተውዕሉ።
- ን5 ደቓይቕ ዝኣክል ምስ ተለማመዱ ብፊሽካ ፀዊዖም ብክቢ ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሓሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት በብተራ ናብ ማእኸል ክኣትዉ ብምግባር ትኽክለኛ ኣዛልላ ገመድ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምግባር።
- ብድሕሪኡ መምህር ባዕሎም ብገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ብዝበለፀ ክግንዘቡ ይግበሩ/ራ/። ብምቕፃል ብዝተገበረሎም ገለፃን ሰሪሕኻ ምርኣይን ነዚ'ውን ብውልቀ ገመድ ክዘሉ ዕድል ምሃብ። መምህር እናተዘዋወሩ ብምዕዛብ እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ። ካብ 2-3 ደቓይቕ ዝኸውን ምስ ተለማመዱ ብመንፅር ዕድመን ዖታን በብክልተ ብምፅማድ ነንባዕሎም እናተሓጋገዙን እናተኣራረሙን ክለማመዱ ዕድል ምሃብ። ሕዚ'ውን መምህር ክትትል ብምግባር እናተባብዑ ዝረኣዩ ጉድለታት ክእርሙ ይግበሩ።
- ብምቕፃል ተምሃሮ በብሰለስተ፣ በብኣርባዕተ ብምጉጃል እናተኣራረሙን እናተሓጋገዙን ክዘሉ ዕድል ምሃብ፣ ንኣብነት ዝተወሰኑ የጣቕዑ እቶም ዝተረፉ ድማ ምስቲ ጣቕዒት ብምውዳድ ገመድ ይዘሉ። ቅልጣፈ እቲ ጣቕዒት ብምቅይያር ፈለማ ርግዕ ብዝበለ ኣገባብ ምጥቓዕ ቀፂልካ ቅልጣፈ እቲ ጣቕዒት ብምውሳኽ ክለማመዱ ምግባር። እዚ ምንቅስቓስ እናተቐያየሩ ክሰርሕዎ ዕድል ምሃብ። ብከበሮ /ታምቡር/፣ ብፊሽካ፣ ብፀናፅል ወዘተ እናተሰነዩ /እናተዓጀቡ/ ክሰርሕዎ ምግባር። ነቲ ምንቅስቓስ ብዝሓሸ ኣገባብ ዝሰርሑ ወፂኦም ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ'ዉን ንዓታቶም እናረኣዩ ክዘሉ ምንጋር።
- ምስቲ ጣቕዒትን ውቅዒት ከበሮን /ታምቡር/ ዝኸይድ መዝሙር ወይ ደርፊ እናዘመሩን እናደረፉን ደጋጊሞም ብምዝላል እቲ ምንቅስቓስ ክመልኩዎ እኹል ግዘ ምሃብ።
- ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ብምምቃል በብጉጅለኦም ብመስርዕ ደው ክብሉ ምግባር። ተምሃሮ ብመስርዕ ደው ካብ ዝበልሉ 30ሜትር ርሕቐት ኣብ ቅድሚ ሕድ ሕድ መስርዕ ብሓሞኹሽቲ ብምሕንፃፅ ኣርባዕተ ክብታት ምድላው። ኣብ ሞንጎ ሕድ ሕድ ክብን መስርዕን ካብ 2-3 ሜ ርሕቐት ክህሉ ይግባእ።
- መምህር ብጣቕዒት ወይ ድማ ብፊሽካ "ጀምሩ" ዝብል ትእዛዝ ምስ ሃቡ ገመድ ሒዞም ኣብ ቅድሚት መስርዕ ዘለዉ ቆልዑት ዝሓዝዎ ገመድ እናዘለሉ ብዘለዎም ቅልጣፈ ናብቲ ኣብ ቅድሚቶም ዘሎ ክቢ ብምኻድ ገመድ ኣብ ውሽጢ እቲ ክቢ ኣቐሚጦም ብዘለዎም ቅልጣፈ ብምጉያይ ናብ ጉጅለኦም ብምምላስ ኣብ ቅድሚት ንዘሎ ኣባል ጉጅለኦም ኢዱ ተንኪፎም / ነኺኦም/ ድሕሪት ከይዶም ይስርዑ። ኢዱም ዝተነኽኡ ድማ ብዘለዎም ቅልጣፈ ናብቲ ኣብ

ቅድሚቶም ዘሎ ክቢ ብምጉያይ ነቲ ገመድ ኣልዒሎም እናዘለሉ ናብ ጉጅለኦም ብምምላስ ገመድ ቀፂሉ ንዘሎ/ላ ብምሃብ ድሕሪት ከይዶም ይሰርዑ ብኸምዙይ ዓይነት ኣገባብ ንኹሎም ኣባላት ጉጅለ ይበፅሖም። ቀዲሙ ዝወድአ ጉጅለ 7 ነጥቢ ይወሃቦ፣ ካልኣይ ዝወፀ 5 ነጥቢ ይወሃቦ፣ ሳልሳይ ዝወፀ 3 ነጥቢ ይወሃቦ፣ ራብዓይ ዝወፀ ድማ 1 ነጥቢ ይወሃቦ። እዚ ምንቅስቓስ እዙይ ብመልክዕ ውድድር ሰለስተ ግዘ ደጋጊሞም ክሰርሕዎ ምግባር። ኣብ መወዳእታ ጉጅለታት ዝረኸብዎ ነጥቢ ተደሚሩ ልዑል ነጥቢ ዘለዎ ጉጅለ ሰዓራይ ይኸውን መተባብዒ ድማ ብጣቕዒት ይወሃቦ። ኣብ ዝሓለፈ ማለት 4.2.3 ንኡስ ርእሲ ዝተምሃርዎ /jump the rope/ ዝብል መዘሙር እናዘመሩ ገመድ ካብ ድሕሪት ናብ ቅድሚት ከምኡ'ዉን ካብ ቅድሚት ናብ ድሕሪት እናዞሩ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክዘሉ ምትብባዕ። እምበኣርከስ መምህር እዞም ተሓቢሮም ዘለዉ ኣገባባትን ካብ ተሞክሮኦም ዘጥረይዎ ክእለትን ፍልጠትን ብምጥቃም ዓቕምን ክእለትን ተምሃሮ ኣብ ግምት ብምእታው ገመድ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክዘሉ ብምትብባዕ ብደረጃኦም ክመልኩዎ ዝተደለየ ክእለትን ከጥርዩዎ ዝተደለየ ብቕዓት ኣካልን ክጭብጡ ይግበሩ/ራ።

- ኣብ መወዳእታ ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ሰሪሖም ንክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ።

## ኣገባብ ገምጋም፡-

- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ብዝተፈላለዩ መሳርሕታት ውቅዒት ሙዚቃ ተሰኒዮም ምዝላል ምኽኣሎም ብምልከታ ምርግጋፅ።
- ረብሓ  ምዝላል ገመድ ክገልፁ ምሕታት፣
- ምንቅስቓስ ዝላ ገመድ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ።

## 4.3.4 ብውቅዒት ሙዚቃ ነፃ ምንቅስቓስ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፦ 5

## ትፅቢት ዝግበረሉ ደረጃ ብቕዓት፡-

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃሩ ተምሃሮ፡-

- ብውቅዒት ሙዚቃ /ረምታ/ ዝተፈላለዩ ነፃ ምንቅስቓሳት ይሰርሑ፤
- ብውቅዒት ሙዚቃ ባህላዊ ፀወታታት ብሂር ብሂረሰባት ይፃወቱ፤
- ኣብ ከባቢኦም ብዝፍለጡ ባህላዊ መሳርሕታት ሙዚቃ ተሰኒዮም ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳት ይሰርሑ፤
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ብታሕጓስን ንጥፈትን ይሳተፉ፤
- ነፃ ምንቅስቓስ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ይሰርሑ፤

## ዘድልዩ ናውቲ ትምህርትን መምሃሪ ሓገዛትን፦

- ከበሮ፣ በትሪ ረምታ /ሪትምስቲክ/፣
- ዝተፈላለዩ ባህላውን ዘመናውን ደርፍታት ብሂር ብሂረሰባት ዝተቐድሐ ካሴትን ቴፕን /ደርፍታት ውሩያት ደረፍቲ/፣
- ኤሮቢክስ ምንቅስቓስ ንምስራሕ ዝተዳለወ፣ ፍሌሽ፣ ካሴት፣ ወዘተ።

## መነቓቕሒ፦

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ከተማታት ብውልቀ ሰባት ይኹን ብመንግስቲ ዝተኸፈታ ጅምናዝየማት ኣለዋ እየን። እዘን ጅምናዝየማት እዚኣተን ምንቅስቓሳት ኤሮቢክስ /ነፃ ምንቅስቓሳት/ ንምስራሕ ዘገልግሉ ዝተፈላለየ ውቅዒት ረምታ /ሪትም/ ዘለዎም ብካሴትን ሲዲን ዝተቐድሑ ሙዚቃታት ኣለዎም። ስለዚ

መምህር ካብዞም ጅምናዝየማት ካሴትን ሲዲን ብምልቃሕ ወይ ብምቕዳሕ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ነፃ ምንቅስቓሳት ክሰርሑ ይግበሩ/ራ።

## ሓበሬታ ንመምህር፦

ኣብ 3ይ ክፍሊ ኣብ ንኡስ ርእሲ 4.3.1 ብዛዕባ ረምታዊ /ሪትሚካል/ ምንቅስቓሳት ብመጠኑ ግንዛበ ረኺቦም እዮም። ብመሰረት ዝረኸብዎ ግንዛበ ብዝተፈላለዩ ውቅዒታት ሙዚቃ እናተሰነዩ /እናተዓጀቡ/ ነፃ ምንቅስቓሳት ሰሪሖም እዮም። ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ካብ 3ይ ክፍሊ ዕሙቕን ስፍሕን ብዝበለ ኣገባብ ክሰርሑ እዩ። ውቅዒት እቶም መሳርሕታት ብምቅይያር /ትሑት፣ ማእኸላይ፣ ቅልጡፍ/ ብምግባር ምስቲ ዝሰምዑዎ ምቅይያር ድምፂ ሙዚቃ ብምውዳድ ዝተፈላለዩ ነፃ ምንቅስቓሳት ክሰርሑ እዩ ተደልዩ ዘሎ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፦

- ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተሓቢሩ ዘሎ ኣብዚ ደረጃ ክፍሊ እዙይ ዘለዉ ተምሃሮ ኣብ 3ይ ክፍሊ ብዛዕባ ነፃ ምንቅስቓሳት ብመጠኑ ተማሂሮም እዮም። ስለዝኾነ ፈለማ ብዘለዎም ተሞኩሮ ብውቅዒት ሙዚቃ እናተሰነዩ ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑ ዕድል ይሃብዎም።
- ተምሃሮ ብዘለዎም ተሞኩሮ ነፃ ምንቅስቓስ እንትሰርሑ መምህር እናተዘዋወሩ ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት የስተውዕሉ። ካብ 2-3 ደቓይቕ ምስ ተለማመዱ ብፌሽካ ብምዕዋዕ ክቢ ሰሪሖም ደው ክብሉ ብምግባር እቶም ዝሐሸ ተሞኩሮ ዘለዎም ቆልዑት ናብ ማእኸል ክኣትው ብምግባር ሙዚቃ ከዳምፁ ቴፕ ብምኽፋት ምስቲ ዝሰምዕዎ ሙዚቃ ብምውዳድ ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑ ምትብባዕ። እቶም ዝተረፉ እውን ንዓኣቶም እናረኣዩ ክሰርሑ ምትብባዕ።
- ኣብ ከባቢ ጅምናዝየም እንተሊኡ ንምንቅስቓስ ብቕዓት ኣካል ዝጥቀምሉ ሙዚቃ ብምልቃሕ ወይ ብካሴት ብምቕዳሕ ተምሃሮ ናብ ሜዳ ብምውፃእ ነቲ ብካሴት ዝተቐድሐ ሙዚቃ እናዳመፁ ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑ ምግባር። ብድሕሪኡ ተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ብምጉጃል እቶም ዝሐሸ ምንቅስቓስ ዘርእዩ ቆልዑት ናብ ሕድ ሕድ ጉጅለ እናተዘዋወሩ ብምትብባዕ ዝረኣዩ ጉድለታት ይኣርሙ።
- ኣብ ከባቢኦምን ክልሎምን ፍቱዋትን ልሙዳትን ዝኾኑ ባህላዊ ፀወታታት፣ ንምዕዋት ዘድልዩ መሳርሕታት ሙዚቃ ኣብ ደፍተሮም ፅሒፎም ክመፁ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ተምሃሮ ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ብጉጅለታት ብምምቃል ገሊኦም ተፃወቲ መሳርሒ ሙዚቃ፣ ገሊኦም መጣቐዕቲ ዝተረፉ ተልሃይትን ሳዕሳዕትን ብምዃን ክፃወቱ ዕድል ምሃብ። እናተቐያየሩ ክፃወቱ ድማ ምትብባዕ። ተምሃሮ በብጉጅልኦም እንትለማመዱ መምህር እናተዘዋወሩ የተባብዕዎም።
- ብካሴት ዝተቐድሑ ባህላዊ ደርፍታት ብሂር ብሂረሰባት ከዳምፁ ብምግባር ምስቲ ዘዳምፅዎ ሙዚቃ ብምውዳድ በብጉጅለኦም ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑን ክጉይሉን /ክስዕስዑ/ ምትብባዕ።
- ደርፌ ዉሩያት ደረፍቲ ከባቢኦም ይኹን ክልሎም ኣምሲሎም ብምድራፍ ብጣቕዒትን ብዝተፈላለዩ መሳርሕታት ሙዚቃ /ከበሮ፣ ክራር፣ ሸንበቆ/ ወዘተ እናተሰነዩ ክለሃዩን ክስዕስዑን ምስቲ ሙዚቃ ብምውዳድ ነፃ ምንቅስቓስ ክሰርሑን ምትብባዕ። ኩሎም ተምሃሮ ብንቕሓትን ብንጥፈትን ምስታፎም ምክትታል።
- ኣብ ከባቢኦም ኣብ መርዓ፣ ዓመት ብዓል፣ ኣሸንዳ፣ ቅዱስ ዮሃንስ፣ መስቀል፣ ዒድ ኣልፈጥ፣ ኣብ ህዝባዊ በዓላት፣ እዋን ስራሕ /ኣብ ዓፂድ፣ ማሕረስ፣ መኸየዳ /ዓውዲ/ ዝድረፉ ደርፍታት ንወለዶም ሓቲቶም ኣብ ደፍተሮም ፅሒፎም ክመፁ ዕዮ ገዛ ምሃብ። ዝተውሃቦም ዕዮ ገዛ ሰሪሖም ምስ መፁ ናብ ሜዳ ክወፁ ብምግባር ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ምምቃል። ብምቕፃል ቀዳማይ ጉጅለ ኣብ መርዓ ዝድረፉ ደርፍታት፣ ካልኣይ ጉጅለ ኣብ ዓመት ብዓል ዝድረፉ ደርፍታት፣ ሳልሳይ ጉጅለ ኣብ እዋን ስራሕ ዝድረፉ ደርፍታት፣ ራብዓይ ጉጅለ ኣብ ህዝባዊ በዓላት ዝድረፉ

ደርፍታት ክደርፉ ምትብባዕ። ኩሎም ተምሃሮ ብንቕሓትን ንጥፈትን ምስታፎም ምክትታል። ኣብ መወዳእታ ብውቅዒት ሙዚቃ ነፃ ምንቅስቓስ ዘርኢ ምስሊ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ክሰርሑ ምትብባዕ። ተምሃሮ ዝሰርሕዎ ምስሊ ንደቂ ክፍሎም ከርእዩ ብምግባር ኣብቶም ዝቐረቡ ምስልታት ክመያየጡን ርኢቶ ክህቡን ምትብባዕ። ዝሐሸ ዝበልዎም ምስልታት ክመርፁ ዕድል ምሃብ። ኣብ መወዳእታ መምህር ዝሐሸ ዝበልዎም ምስልታት ብምምራፅ ዝሓሸ ዝበለሉ ምኽንያት ብምግላፅ መጠቓለሊ ሓሳብ ይሃቡ።

## ኣገባብ ኣመሃህራ፡-

- ምስ ውቅዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ዝተፈላለዩ ነፃ ምንቅስቃስ ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ፣
- ረብሓ ነፃ ምንቅስቓስ ክገልፁ ምሕታት፣
- ምስሊ ነፃ ምንቅስቓስ ብንድፍን ልኸያ ሕብርን ምስርሖም ብምልከታ ምርግጋፅ፣
- ኣብቲ ምንቅስቓስ ሕጉሳት ኮይኖም ኩሎም ብንጥፈትን ንቕሓትን ምስታፎም ብተኸታታሊ ምልከታ ምርግጋፅ።

## መጠቓለሊ እዚ ምዕራፍ፡-

- ሓደ ምሉእ ኣካል ካብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ኣካላት ዝተሃነፀ /ዝተነደቐ/ እዩ። ሕድ ሕድ ክፍሊ ኣካል ነናይባዕሎም ተግባር ዝፍፅሙ ዋላኳ እንተኾኑ ናይ ኩሎም ጥሙርን ዝተዋደደን ምንቅስቓስ ክፍሊ ኣካላት ሓደ ሰብ ብህይወት ንክቕፅል ወሳናይ ግደ ኣለዎም። ንኣብነት ዝተዋደደ ምንቅስቓስ ኢድን እግርን፣ ኢድን ዓይንን፣ እግርን ዓይንን፣ ወዘተ።
- ተግባራት ኢድን እግርን ኣብ ትምህርቲ ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ዘለዎም ግደ ዝለዓለ እዩ። ኢድን እግርን መሰረታዊ ድልየታት ወድሰብ ንምርዋይ /ንምዕጋብ/ ልዑል ግደ ኣለዎም። ኣብ ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን ድማ መሰረታዊ ክእለታት ኣብ ምምዕባል ዘለዎም ረብሓ ኣዝዩ ዝዓዘዘ እዩ። ንኣብነት ኣእዳው ንምፅሓፍ፣ ግጥሚ ንምግጣም፣ ስእሊ ንምስኣል፣ ንድፍን ልኸያ ሕብርን ንምስራሕ፣ ኮላዥ፣ ሞዛይክ ወዘተ ንምስራሕ። ኩዕሶ መርበብ፣ ኩዕሶ ስኪዒት ንምፅዋት፣ ገመድ ንምዝላል፣ ኣለሎ፣ ሹናት፣ ዲስክስ ወዘተ ንምድርባይ /ንምውርዋር/። ኣእጋር ድማ ኩዕሶ እግሪ ንምፅዋትን መሰረታዊ ክእለታት ፀወታ ኩዕሶ እግርን ንምምዕባል፣ ሓጺር ይኹን ነዊሕ ጉያ ንምጉያይ፣ ዝላ ብራኸን ዝላ ርሕቐትን ንምዝላል የኽእለና። ስለዝኾነ ኢድን እግርን ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳት ወዲ ሰብ ዘለዎም ግደ ኣዝዩ ልዑል እዩ።
- ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን ሰሓባይን ኣሳታፊ ይን ንምግባር ንምምሃር ምስትምሃር ዘድልዩ ናውትን ምችው መምሃሪ ቦታን ኣቐዲምካ ምድላው ይግባእ። ምኽንያቱ ትምህርቲ ስነ-ፅባቐን ጥንካረ ኣካልን መብዛሕቲኡ እዋን ኣብ ተግባራዊ ንጥፈታት ዘድሃቡ ስለዝኾነ እዩ። ስነ-ጥበብን ጥንካረ ኣካልን ብክልሳ ሓሳብ ጥራሕ ምስትምሃር ውፅኢቱ ዘዕግብ ስለዘይኮነ።

## መጠቓለሊ ሕቶታት እዚ ምዕራፍ፡-

### ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ንዝኾኑ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾኑ ድማ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ።

1. ኣእዳው ንንድፍን ልኸያ ሕብርን፣ ኩዕሶ ንምንጣር ምንም ዓይነት ግደ የብሎምን።
2. ኩዕሶ እግሪ ምድርባይን ምቑላብን ምውዳድ ኩሎም ክፍሊ ኣካላት ይሓትት።
3. ተግባር ኢድ መዝሙር ምስ ምንቅስቓስ ብምውዳድ ምግላፅ ይከኣል እዩ።
4. ብውቅዒት ሙዚቃ ምግላብ ፈረስ ምግላፅ ይከኣል እዩ።
5. ኣብ ዝላ ገመድ ብውልቀ እምበር ብጉጅለ ምዝላል ኣይከኣልን።
6. ሞዛይክን ኮላዥን ብሜላ ኣሰራርሕኦም ተመሳሳልነት ኣለዎም።

7. ምስሊ ድሙ ብንድፍን ልኽያ ሕብርን እምበር ብሞዛይክ ምግላፅ ኣይከኣልን።
8. ማእኸላዊነት ሓሊኻ ኣብ ማእኸላይ ቦታ ምህላው ምሕላው ሚዛን ይበሃል።
9. ኩዕሶ ዝንጠር ብኽቢ ኢድ እዩ።
10. ዝተፈላለዩ ንውቅዒት ዘገልግሉ መሳርሕታትን ረምታታት ሙዚቃን ተጠቒምካ ዝሰርሑ ምንቅስቓሳት ረምታዊ /ሪትሚካል/ ምንቅስቓሳት ይበሃሉ።

## ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።

1. ብኢድ ዝፍፀሙ /ዝሰርሑ/ ተግባራት ዘርዝሩ?
2. ጉያ ተፈጥሯዊ ስፖርት /ምንቅስቓስ/ እዩ ዝተብሃለሉ ምኽንያት ኣብርሁ?
3. ተመሳሳልነትን ኣፈላላይን ኮላዥን ሞዛይክን ግለፁ?
4. ምስ ውቅዒት ሙዚቃ ብምውዳድ ዝስራሕን ሰፊሕ ቦታ ዘይሓትትን ምሉእ ሰብነት ዘንቀሳቕስን ምንቅስቓስ እንታይ ይብሃል?
5. ንውቅዒት ሙዚቃ ዘገልግል ካብ ሓምሓም /ሸክና/ ዝስራሕ መሳርሒ ሙዚቃ እንታይ ይበሃል?

## መልሲ ሕቶታት፦

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ሀ. | 1. ጌጋ | 2. ሓቂ | 3. ሓቂ | 4. ሓቂ |
| | 5. ጌጋ | 6. ሓቂ | 7. ጌጋ | 8. ሓቂ |
| | 9. ጌጋ | 10. ሓቂ | | |

ለ.1. ምስጓም፣ ጉያ፣ ዝላ ገመድ፣ ነፃ ምንቅስቓስ ወዘተ።

2. ንድፍን ልኽያ ሕብርን፣ ኩዕሶ ምድርባይን ምቑላብን፣ ኩዕሶ ምንጣር፣ ስራሕቲ ሞዛይክን ኮላዥን ወዘተ
3. ኮላዥ ካብ ሕብራዊ ወረቓቕቲ፣ ካብ ቆፅሊ፣ ቁርፅራፅ ጨርቂ ወዘተ ዝስራሕ እንትኾን ሞዛይክ ግና ኣብ ጥንኩር ሰሌዳ ፀፀራት፣ ስብርባር ጠርሙዝ ወዘተ ብኮላ ብምጥባቕ ዝስራሕ እዩ።
4. ዝላ ገመድ
5. ማራካሽ

# ውኩሳት ድርሳናት፦


- Charles D. Gaitskell 1975, Harcourt. **Childeren and their Art**. *Methods for the elementary school*. 3rd edition.
- Dauer, Victor P. and Pangrazi, Robert P (1989). **Dynamic Physical Education for Elementary Schhool Children**. New York. Macmillan
- Mayesky, Mary ary L. (2002). **Creative Activities for Young Children**. New York: Delmar
- Runkle, Aleta and Erikson, M LBoston: Allyn and Bacon. (1966). **Music for Today's Boys and Girls**.
- ኣዶናይ ገብሩ ረዳኢ (2006 ዓ.ም) "ፓሌት" *መሰረታዊ ፍልጠት ክልሰ-ሓሳብን ተግባራዊ ንጥፈታትን ስነ-ጥበብ። መቐለ-ትግራይ።*
- ኣዶናይ ገብሩ ረዳኢ (2010 ዓ.ም) "ስነ-ጥበብ" *መሰረታዊ ፍልጠት ክልሰ-ሓሳብን ተግባራዊ ንጥፈታትን ስነ-ጥበብ። መቐለ-ትግራይ።*
- ሰይፈ ገ/ሂወት ገ/ኪዳን (2006 ዓ.ም) "ሓጋዚ መፅሓፍ ኤስቴቲክስን ሙዚቃን" ካብ 1ይ-8ይ ክፍሊ፡፡
- ቢሮ ትምህርቲ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ (1988 ዓ.ም) መፅሓፍ ኤስቴቲክስን ኣካል ጥንካረን መምርሒ ንመምህር ሳልሳይ ክፍሊ፣ ኣዲስ ኣበባ-ኢትዮጵያ።
- መኮንን ኣምዴ (1991 ዓ.ም) የስእል ኣቀባብ ዘዴ፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ቤት ሕትመት ዳሸን።